# ብደሆ ኣንጻር ኣተሓሳስባና

ንመሰልና ባዕልና!

ብኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን

ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ.

ፕሪቶሪያ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ

ሓምለ 2006

# ብድሆ ኣንጻር ኣተሓሳስባና

*ንመሰልና ባዕልና!*

**ብኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን**

**ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ.**

**ፕሪቶሪያ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ**

***ሓምለ** 2006*

*Eritrean Movement for Democracy and Human Rights*
*P. O. Box 30583*
*Sunnyside (0132)*
*Pretoria, South Africa*
*Email: managment@emdhr.org*

*171 Esselen Street*
*Suunyfare Office Blocks, Room 304*
*Sunnyside, Pretoria, South Africa*
*Tel: +27 12 440 4749*
*PC Fax: +27 880 12 440 4749*

“*ዝዘራእኻዮ ትዓጽድ* ከምዝብሃል ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ኣብዚ ርትዓዊ ኣተሓሳስባን ርድኢትን በሰፊሑ ይምርኮስ። እዚ ብኤ.ም.ዲ.ሰ.መ. ዝተዳለወ ኣብ መትከላት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ዝተመርኮሰ **“ብድሆ ኣንጻር ኣተሓሳስባና”** ዘርእስቱ መጽሓፍ፡ ኣብ ግዜ ጸበባናን ጽንኩር እዋናትን ዝዝራእ ዘሎ ምሩጽ ዘርኢ ኮይኑ፡ ናይ መጻኢት ዲሞክራሲያዊት ኤርትራ ንምውሓስ እዩ።”

በርሃን ሓጎስ

“ብቐዳምነት ንመትከላት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ኣብ ህዝቢ ንምስራጽ እትገብርዎ ዘለኹም ጽንዓትን ጻዕርን የመጉስ። ዘይጎነጻዊን ኣሳታፍን ቃልሲ ስልጣንን ሓላፍነትን ህዝቢ የዕዝዝ፡ ኣብ ልዕልና-ሕጊ ዝተሰረተ ውሑስን ቀጻልነት ዘለዎን ዲሞክራሲ የምርሕን መሰረታዊ መሰል ህዝብና ድማ የውሕስ። ደጊመ እንቓዓ ሓጎሰኩም እንዳበልኩ፡ ዝሓበረን ዝነቐሐን ሕብረተሰብ ኣብ ኤርትራ ንምሕናጽ ተወፋይነትኩም ንኽቕጽል ይምሕጸን።”

ጳውሎስ ተሰፋጊዮርጊስ ባዓታይ

ብዓቢኡ ኣርእስቲ ናይዚ መጽሓፍ **“ብድሆ ኣንጻር ኣተሓሳስባና”** ነቲ ክበሃል ዝግብኦ ቁም ነገር ረኺብዎ ኣሎ። ህዝቢ ኤርትራ ንዓሰርተታት ዓመታት ብኽንደይ መከራን ሕሰምን ሓሊፉ ከብቅዕ፡ ዛጊት ኣብ ቅዋምን ልዕልና-ሕግን ዝተሰረተ ስርዓት-መንግስቲ ንምቛም ከቢድ ብድሆ ገጢምዎ ይርከብ። ከምቲ ኣብ “ብድሆ ኣንጻር ኣተሓሳስባና” ብንጹር ተጠቒሶም ብዝርዝር ዝተገልጹ ክልተ ኣርእስቲ ሓሳባት፡ ማለት ኣብ ደምና ዝሰረጸ ባህሊ ‘ፍርሕን ምእዙዝነትን’ ነዚ ብድሆ ብቀሊሉ ንኽይንሰግሮ ዝዓግቱና ቀንዲ ረቛሒታት ኮይኖም ጸኒሖም። እቲ ቀንዲ ፍታሕ ናይዚ ኹኣ ክብረት ሰብኣዊ መሰላትን ምቛም ስርዓተ ሕግን ምዃኖም ይሕበሩ። ነዚ ንምትግባር ድማ፡ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ዝምረጽ እዩ ንዝብል ኣተሓሳስባ ክድገፍ ይግብኦ። እዚ መጽሓፍ እምበኣር ኩሎም ንዝሓሸ ኩነታት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝግደሱ ከንብብዎን ከጽንዑዎን ኣገዳሲ እዩ ዝብል እምነት ኣሎኒ። ብዓቢኡ ኸኣ እቶም ጊዚኦምን ድኻሞምን ከይጸብጸቡ ነዚ መጽሓፍ ዘቕረቡልና ኣባላት ኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዓቢ ምስጋና ይብጻሓዮም።

ኤልሳ ጭሩም

**“ብድሆ ኣንጻር ኣተሓሳስባና”** ናይ ኣዳለውቱ ቅዱስ ሕልናን፡ ዘይጸዓድ ኒሕን፡ ልዑል ሃረርታ ሓርነትን ኣጉሊሑ ዘነጽር፣ ሰብኣዊ መሰል ዜጋታታ ዝተረጋገጸላ፡ ፍትሕን ሰላምን ዝሰፈና ምዕብልቲ ኤርትራ ንምህናጽ ንዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ጻዕሪ ዘደንፍዕ፣ ኣብ 1991 ዕሸላት ዝነበሩ መንእሰያት፡ ምምሕዳር ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዝርከቡሉ መድረኽ ከም ዝኣኽለ ብዓውታ ዝእውጅ፣ ኣብዚ እዋን ጽልግልግ፡ ከም ህዝባዊ መርሓ ኮይኑ ከገልግል ዝኽእል፡ ብውሕልነት ዝተዳለወ፡ እዋናውን፡ ሓባርን፡ መሃርን መጽሓፍ ኢዩ። በዚ መጽሓፍ ዝምስከር ተበግሶን ብስለትን ኣባላት ኤምዲሰመ፡ ከምቲ የማነ ባርያ ዝበሎ፡ ማይ ንዝጸምኡ፡ ማይን ጸባን ኣስትዩ፣ ብሩህ መጻኢ ህዝቢ ኤርትራ ዘበስር ነጋሪት ኢዩ።

ተስፋልደት ኣለም መሓረና

# መቕድም

ቀንዲ ዕላማ ናይዚ ጽሑፍ'ዚ ነቶም ንነዊሕ ግዜ ንዓና ንኤርትራውያን ንዘበናት ብቐጻሊ ክጋጥሙና ዝጸንሑ ብድሆታት፡ ከምእኒ ምግሃስ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልን ናጽነትን ስዒቦም ዝኸስቱ ግጭታትን፡ ነባሪ ፍታሕ ንምርካብ ዝሕግዝ ኮይኑ፡ ብመጽናዕትን ጻዕርን ናይ ብዙሓት ኤርትራውያን ዜጋታት ዝተዳለወ'ውን እዩ። እዚ መጽናዕቲ'ዚ ብኤርትራዊ ምንቅስቓስ ንዲሞክራስን ሰብኣዊ መሰላትን (ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ.) ተማእኪሉ ዝተዳለወ እዩ። ኣብ ምድላው ናይዚ ጽሑፍ ዝተራእየ ናይ ሓሳባት ምልውዋጥን ምትሕግጋዝን መንፈስ ኣዙዩ ዝነኣድ እዩ። እዚ መንፈስ'ዚ ኣብ መንጎና እንተ ዘይዓዝዝ እዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ፈጺሙ ኣይምበጽሐን።

ብሓፈሻ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍርቃ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ሃገርና ኤርትራ፡ ምግሃስ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልን ናጽነትን ጎነጻዊ ኣተኣላልያ ግጭታትን ኣዝዮም ጎሊሖም ክርኣዩ ጸኒሖም እዮም። ዋላ'ኳ እዚ ብድሆ'ዚ ከቢድ፡ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ተስፋ ዘቑርጽ ኮይኑ ዝስምዓና እንተኾነ፡ ገና ዘይመዝመዝናዮ ዝሓሸን ብሩህ መጻኢን ከምዘሎና ሰብ ምሉእ እምነት ኢና። ኣብ ሓደ ረፍዲ ክንቅይሮ ዘይንኽእል'ኳ እንተኾንና፡ ነፍስ-ወከፍና ኣገደስትን ተብዓት ዝሓቱን ስጉምትታት ብምውሳድ ግን ነቲ ኩነታት ሓቢርና ክንልውጦ ከምንኽእል ዘጣራጥር ኣይኮነን።

እዚ መጽሓፍ ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቓልሲ ክሳብ ክንደይ ሓያልን ኣብ ህዝቢ ዝተሰረተን ምዃኑ ኣብ ትሕዝታኡ ብሰፊሑ ኣስፊርዎ ኣሎ። እዚ ኣገባብ'ዚ ምስ እንኽተል መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልና፣ ክብርናን ናጽነትናን ክንዕቅብ የኽእለና። ኣብ ሕብረተሰብና ድማ ጎነጽ ናይ ምጥቃም ተኽእሎ ብሰፊሑ ከም ዝግታእ ክንገብር ንኽእል ኢና ዝብል ጽኑዕ እምነት ኣለና። እዚ ጽሑፍ'ዚ ነዞም ብድሆታት ፍታሕ ኣብ ምርካብን፡ ከቢርና ወነንቲ መጻኢ ህይወትናን ምዕባሌናን ንኽንከውን ሓጋዚ ተራ ዘለዎ እንተኾይኑ፡ ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቓልሲ ውሕስነት መጻኢ ወለዶ ኣብ ምርግጋጽ ዓቢ ተራ ኣለዎ ማለት'ዩ።

ነቶም ነዚ ጽሑፍ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ንኽበጽሕ ዘይሕለል ጻዕሪ ዝገበሩ ኤርትራውያን ምሁራት፣ ሲቪካውያን ማሕበራት ፖለቲካውያን ሰልፍታትን፡ ነቶም ኣገደስቲ ሓበሬታን መጽናዕታዊ ጽሑፋትን ብምቕራብ ዝተሓባበሩና ምሁራት ውልቀ-ሰባትን ትካላትን፡ 'The Albert Einstein Institution'; 'International Center for Nonviolent Conflict (ICNC)'; CIVICUS: World Alliance for Citizen Participation; Center for Applied Nonviolent Action and Strategies (CANVAS)፡ ነቶም ገንዘባዊ ሓገዝ ዝገበሩልና ዘይመንግስታውያን ማሕበራትን፡ 'The National Endowment for Democracy' 'Grassroots International' ዕዙዝን ሓድነታዊ ምስጋናና ከነቕርብ ንፈቱ። ብዓቢኡ ኸኣ ምንጪ ናይ'ዚ ኹሉ ኣብዚ ጽሑፍ ሰፊሩ ዝርከብ ሓበሬታ ብምዃን፡ እቲ ዝለዓለ ደገፉ ብምውፋይን፡ ነዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብዚ ደረጃ ንኽበጽሕ ዝገበረ መላእ ህዝቢ ኤርትራ እቲ ዝለዓለ ምስጋናና ከነቕርብ ከለና ዓቢ ሓበን ይስምዓና።

ኣብ መደምደምታ ነቶም ንሓድ-ሕድና ሓበሬታታት ንኸንለዋወጥ ኣብ  መንጎና ከም ድልድል ኮይኖም ከገልግሉና ዝጸንሑ ኤርትራውያን መርበባት ሓበሬታን መራኸቢ ብዙሃንን ዕዙዝ ምስጋናና ነቕርብ። ንብድሕር ሕጂ'ውን ካብዚ ከበርክትዎ ዝጸንሑ ብዘይፍለ ከገልግሉና እናተኣማመንና፡ ኣቐዲምና ክነሞግሶም ንደሊ። ኩሉ ኣንባቢ ድማ ነዚ ኣብዚ መጽሓፍ'ዚ ሰፊሩ ዘሎ ሓሳባት ከም መበገሲ ወሲዱ ኣብ ዘካይዶም ንጥፈታት ከሀብትሞን ኣበርክትኡ ከዕዝዝን ንትስፎ።



ሓደ ካብቶም ነዚ መጽሑፍ ኣብ ምድላው ኣብ ከተማታት ደቡብ ኣፍሪቃ ዝተኻየዱ ዓውደ-መጽናዕትታት።
ስእሊ:- ብዕለት 5 ለካቲት 2006 ብኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ከተማ ደርባን ዝተኻየደ ዓውደ-መጽናዕቲ።

# ዝርዝር ትሕዝቶ


| | ገጽ |
|---|---|
| መእተዊ | 1 |
| 1. ተመክሮ ሕብረተሰብ ኤርትራ | 6 |
| 2. ምንጪ ሓይሊ፣ ስልጣንን ምዕባለን ህዝቢ እዩ | 21 |
| 3. ምእዙዝነት | 26 |
| 4. ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ | 41 |
| 5. መስርሕ ለውጢ | 53 |
| 6. ዘይጎነጻዊ ማሕበር ከወግዶም ዘለዎ ረቛሒታት | 57 |
| ዛዛሚ ሓሳባት | 64 |
| ጥብቆ 1 | 65 |

# መእተዊ

ኣብ መስርሕ ምዕባለ ደቂ ሰባት በብዕለቱ ብዙሓት ምግሃስ መሰረታዊያን ሰብኣዊ መሰላት ክኽሰቱ ጸኒሖም እዮም። እዚ ከኣ ኩሉ ግዜ ካብቶም ቀንድን ኣገደስትን ጠንቅታት ናይ ማሕበራዊ፡ ቁጠባውን ፖለቲካውን ቅልውላዋት ናይ ሓንቲ ሃገር እዮም። ኣብ ሓንቲ ሃገር ምግሃስ ሰብኣዊ መሰልን ጎነጻዊ ግጭትን ክሳብ ዝሃለወ፡ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ናጽነት ናይ ዜጋታት ፍጹም ክረጋገጽ ኣይክእልን። ከም ሳዕቤኑ ኣብታ ሃገር ሰላም፡ ፍትሕን ምዕባለን ክረጋገጽ ይኽእል እዩ ኢልካ ምሕሳብ ሕልሚ ጥራይ ይኸውን። እዚ ሓቒ'ዚ ኸኣ ንታሪኽናን ታሪኽ ሕብረተሰብ ዓለምን እንተ ገምጊምናዮ ኣዚዩ ጎሊሑ ክረኣየና ይኽእል።

መብዛሕትኡ ግዜ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላት ዝኸሰት እንተ ደኣ እቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ንጉስ፡ ስርዓት ወይ መንግስቲ ንድሌትን ዊንታን ህዝቢ ኣብ ግምት ከየእተወ ዘይፍትሓውያን ሕግታትን ፓሊስታትን ኣብ ልዕሊ ኣብ ትሕቲኡ ዘሎ ህዝቢ ዘተግብር ኮይኑ እዩ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ስርዓት ዝነብር ህዝቢ፡ ነቶም በቲ ስርዓት ዝጸደቑ ሕግታትን ፖሊስታትን፡ እንትርፎ ኣሜን ኢሉ ክቕበልን ከተግብርን፡ ርእይቶ ክህብ ፍጹም ኣይፍቀደሉን። እቲ ህዝቢ ከኣ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ናይ ህይወቱ፡ ውልቃዊ ህይወቱ'ውን ከይተረፈ፡ ንፖለቲካዊ ስልጣን ናይቲ ስርዓት ወይ መንግስቲ ግዙእ ይኸውን ማለት እዩ። እዚ ከኣ ኣንጻር ተፈጥሮኣዊ ምዕባለ ደቂ-ሰባት እዩ። ስለዚ ከምዚ ዝዓይነቱ መግዛእቲ ብሓደ ወይ ብውሑዳት ኣብ ልዕሊ ብዙሓት ዘይቅቡል ይኸውን። ብባህርያቱ'ውን ንነዊሕ ግዜ ክጸንሕ ኣይግባኦን።

ሓደ ሕብረተሰብ ንዘይፍትሓውያን ሕግታትን ፖሊስታትን ናይ መራሕቱ እንተ ተቓሊዑን፡ መሰረታውያን ሰብኣዊ መሰላቱ ከኣ ኣብ ሓደጋ እንተ ወዲቖምን፡ ካብዚ ሓደጋን ዘይፍትሓዊ ኩነታትን ሓራ ንኽወጽእ ብዝተፈላለየ መንገዲ ቃልሲ ምክያዱ ባህርያውን ዘይተርፍ ተርእዮን ይኸውን። እዚ ማለት ከኣ ዋላ'ኳ ምስ ጊዜን ቦታን ብዓቢኡ ድማ ባህሪ፡ ኣተሓሳስባን እምነትን ናይ ክልቲኦም ወገናት ዝፈላለይ እንተኾነ፡ እቶም መሰሎምን ናጽነቶምን ኣብ ሓደጋ ወዲቖ ክብሪን ፍትሕን ዝሰኣኑ ደቂ ሰባት ወይ ህዝቢ መሰሎምን ናጽነቶምን ንምክልኻል ዝተፈላለዩ ኣገባባት ቃልሲ ይጥቀሙ።

*ሓደ ሕብረተሰብ ንዘይፍትሓውያን ሕግታትን ፖሊስታትን ናይ መራሕቱ እንተ ተቓሊዑን፡ መሰረታውያን ሰብኣዊ መሰላቱ ከኣ ኣብ ሓደጋ እንተ ወዲቖምን፡ ካብዚ ሓደጋን ዘይፍትሓዊ ኩነታትን ሓራ ንኽወጽእ ብዝተፈላለየ መንገዲ ቃልሲ ምክያዱ ባህርያውን ዘይተርፍ ተርእዮን ይኸውን።*

ንኣብነት መሰረታዊ ሰብኣዊ ናጽነት ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ኣብ ሓደጋ ምስዝወድቕን፡ ኣብ መንነት ህዝብን መራሕቱን ከኣ ግጭት ምስዘኸትል፡ ከምቲ ኣብ ባህልን ልምድን ዝጸንሐ፡ እቲ ቀዳማይ ደረጃ ኣገባብ ኣፈታትሓ፡

ብምዕቡል ኣገባብ ኢሂን ምሂን ኢልካ ብምዝርራብ እዩ። ኣብቲ ዝግበር ምርድዳእ ሓደ ወገን ጌግኡ ተኣሚኑ ይእረም ወይ ይኽሕስ፡ ወይ'ውን እቲ ጉዳይ ብእንካን ሃባን ክፍታሕ ንቡር እዩ። እቶም መራሕቲ ናይ ህዝቢ ሕቶታት ከማልኡ ፖለቲካዊ ድሌት ዘይብሎም ኣካየድቲ ናይ ሓደ መላኺ ወይ ዘይፍትሓዊ ስርዓት እንተ ኾይኖም፡ እቲ ኣብ መንጎ ህዝብን መራሕቱን ዝኽሰት ግጭት ብእንካን ሃባን ክፍታሕ ኢልካ ምሕሳብ ሕልሚ ጥራይ እዩ ዝኸውን። ስለዚ እቲ ክብሩን ናጽነቱን ኣብ ሓደጋ ዝወደቐ ህዝቢ ካልእ ኣማራጺ ከማዕድው ናይ ግድን ይኸውን።

ዝበዝሐ ኣብ ምልኪ ዝነብር ክፋል ህዝቢ፡ መሰል፣ ናጽነትን ህዝባዊ ስልጣንን ብሓይሊ ወይ ብሻምብቖ ብረት ጥራይ'ዩ ክረጋገጽ ዝኽእል ኢሉ ክኣምን ይኽእል። ስለዚ እቲ ህዝቢ መሰሉን ናጽነቱን ክዕቅብን ክከላኸልን እንተ ወሲኑ ናብ ብረታዊ ቃልሲ፣ ምቕንጻልን ግብረ-ሽበራን ዝኣመሰሉ ጎነጻውያን ኣገባባት ቃልሲ ንኽካይድ ይግደድ። እዚ ጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ግን ነቲ ክብሩን ናጽነቱን ዝተጋህሰ ህዝቢ እቲ ዝድለ ውጽኢት ኣየምጽኣሉን እዩ። ሕሉፍ ታሪኽ ምስ እንውከስ፡ እዚ ዓይነት ቃልሲ መብዛሕትኡ ግዜ ኣንጻር ገዚፍ ወትሃደራዊ ዓቕሚን ዝተራቐቐ መርበብ ስለያን ናይ ሓደ መላኺ ስርዓት እዩ ዝካየድ። ብባህርያቱ ድማ ዕላምኡ ኽወቕዕ እንተኾይኑ ኣዝዩ ነዊሕ ግዜ ይወስደሉ። ክብ ዝበለ ናይ ህይወትን ንብረትን ክሳራ'ውን ይጠልብ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ክፍለ-ዘመን ኣብ ዝተኻየዱ ሰውራታት፡ ብረታዊ ቃልሲ ከም ቅዲ ወይ ሜላ ከገልግል እዩ ጸኒሑ። ዳርጋ መብዛሕትኦም ከኣ ዓሰርተታት ዓመታት እዮም ኣቚጺሮም። ንኣብነት ናይ ቻይና ዴሳውያን መራሕቲ ቅድሚ ኣብ 1949 ኣብ ስልጣን ምምጽኦም ንልዕሊ 20 ዓመታት ኣብ ብረታዊ ግጥማት ተሰሊፎም። ቬትናማውያን ድማ ቅድሚ ሃገራዊ ሓርነት ምርግጋጾም፡ ኣንጻር ፈረንሳይ፡ ጃፓናውን ኣሜሪካውን ርእሰ-ማልነት ንልዕሊ 30 ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ ኣካይዶም። ብተመሳሳሊ ብዙሓት ግብረ-ሽበራዊ ዘመተታት ከምእኒ ናይ ስፐይን ምንቅስቓስ ኤታ፣ ናይ ሰሜን ኣየርላንድ ሪፖብሊካዊ ሰራዊትን ናይ ሰሪላንካ ተቓለስቲ ሓርነት ታሚል ታይገርስ (ኣናብር ታሚል) ንዓሰርተታት ዓመታት ክቃለሱ ጸኒሖምን፡ ክሳብ እዛ ዕለት እዚኣ ከኣ ዓላምኦም ከይወቑዑ ይርከቡን። ናይ ኤርትራ ብረታዊ ቃልሲ ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ እውን እንተኾነ ን30 ዓመታት እዩ ቀጺሉ።



ን30 ዓመታት ዝቐጸለ ኣንጻር መግዛእቲ
ኢትዮጵያ ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ።
ስእሊ፦ erey.50megs.com

ብተወሳኺ ጎነጻዊ ቃልሲ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ኣካባብያውን ምምዝባልን፤ ኣብቲ ዝበዝሐ ክፉል ናይ ሕብረተሰብ ድማ ገዚፍ ስቓይን መከራን የኸትል። ኣብ መወዳእታ እንተ ተዓወተ'ውን እቲ ሓድሽ ስርዓት ወይ መንግስቲ ካብቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ኣዝዩ መላኸን ዘይፍትሓውን ናይ ሙኻን ዝለዓለ ዕድል ክህልዎ ይኽእል። ንኣብነት ኣንጻር ናይ ኮንጎ ዲክታቶሪያዊ ስርዓት ሞቡቱ ዝተኻየደ ጎነጻዊ ቃልሲ፡ ዋላ'ኳ ንስርዓት ሞቡቱ ኣብ ግንቦት 1997 ካብ ስልጣን ክኣልዮ እንተኸኣለ፡ ክሳብ እዛ ዕለት እዚኣ ኮንጎ ኣብ ከቢድ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ቅልውላው፡ ምልክን ኩናት ሓድሕድን ተሸሚማ ትርከብ። ተሞኩሮ ናይ ካልኦት ብጎነጻዊ ኣገባብ ዝሓለፉ ሃገራት ምስ እንዕዘብ ከኣ እቲ ሓቂ ካብዚ ናይ ኮንጎ ኩነታት ብዙሕ ዝፍለ ኣይኮነን።

እቲ ቀንዲ ምኽንያት ከኣ ጎነጻዊ ቃልሲ ንመሰረታውያን በዳህትን ቆራጽነት ዝሓቱን ሽግራት ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ኣይፈትሕን እዩ። የግዳስ ጎነጻዊ ቃልሲ ንወለዶታት ዝኸይድ ብቐሊሉ ክፍወስ ዘይክእል በሰላታት፡ ማሕበራዊ ጥርጠራታትን ዘይምትእምማንን፡ ካልኦት ኣሉታዊ ኣተሓሳስባታትን ኣብ ሕብረተሰብ ይገድፍ። ሓደ ካብዞም ኣሉታዊ ኣተሓሳስባታት ከኣ ኣብቲ ሕብረተሰብ ኣብ ወትሃደራዊ ሓይልን ንጥፈታትን ጥራይ ናይ ምምርኳስ ዝንባለ ይነግስ። ኣብ መንጎ እቲ ሕብረተሰብ ክኽሰቱ ዝኽእሉ ግጭታት ድማ ብጎነጽ ጥራይ ናይ ምፍታሕ ርድኢት ኣብቲ ሕብረተሰብ ይምዕብል። እዚ ሕጂ ኣብተን ኣብ ምልክን ዘይፍትሓዊ ሃዋሁን ዝርከባ ሃገራት ገጢሙወን ዝርከብ ጸገም ንባዕሉ ሳዕቤን ናይቲ ንዓመታት ዝተወራረሰ ኣሉታዊ ተርእዮታት ናይ ጎነጻዊ ኣፈታትሓ ግጭታት እዩ።

*ጎነጻዊ ቃልሲ ንወለዶታት ዝኸይድ ብቐሊሉ ክፍወስ ዘይክእል በሰላታት፡ ማሕበራዊ ጥርጠራታትን ዘይምትእምማንን፡ ካልኦት ኣሉታዊ ኣተሓሳስባታትን ኣብ ሕብረተሰብ ይገድፍ።*

እምበኣርከስ ጎነጻዊ ቃልሲ ንመሰሉን ናጽነቱን ኣብ ሓደጋ ዝወደቐ ሕብረተሰብ እቲ ዝድለን ነባርን ፍታሕ ከምጻሉ ኣይክእልን። ስለዚ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ሒደት ዓመታት ብዙሓት ሃገራት ካብ ምልክን ዘይፍትሓውን ሃዋሁ ናብ ውሑስ ሰላም፣ ፍትሕን ዲሞክራሲን ዝተሰጋገራሉ ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ምድህሳስ የድሊ። ንኣብነት ኣብ መጋቢት 2005፡ ህዝቢ ኪርጊስታን ህዝባዊ ሰላማዊ ሰልፊ ብምክያድ ነቲ መሰል ህዝቢ ዘየኽብር ስርዓተ-መንግስቲ ብህዝባዊ ዲሞክራሲያዊ መንግስቲ ተኪኦሞ። ልክዕ ዕለት 14 መጋቢት ኣብታ ዓመት እቲኣ ከኣ፡ ኣስታት ሓደ ሚልዮን ሊባኖሳውያን ኣብ ጎደናታት ብምውጻእ፡ ኣዝዩ ዘደንቕ ዘይጎነጻዊ ዲሲፕሊን ዘለዎ ህዝባዊ ሰላማዊ ሰልፊ ኣካይዶም፡ ኣብታ ሃገር ንኹሉ ህዝቢ ብማዕረ ዝውክል ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ከምዝትከልን፡ ናይ ሶርያ ወትሃደራዊ ህላወ ኣብታ ሃገር ከምዘኽትምን ጌሮም። ኣብ መወዳእታ 2004፡ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ዩክረይናውያን፡ *ብሰውራ ብርቱኳን* (Orange Revolution) ዝፍለጥ ህዝባዊ ሰላማዊ ሰልፊ ብምክያድ ኣብታ ሃገር ናጻን ርትዓውን ሃገራዊ ምርጫ ከምዝካየድ ጌሮም።

ቅድሚ ናይ ዩክረይን ሰውራ ብርቱኳን'ውን እንተኾነ፡ ሓይሊ ሰላማዊ ህዝቢ ካብ ማዕበል ባሕሪ ዝሕይል ምዃኑ ኣብ ብዙሓት ሃገራት ኣመስኪሩ እዩ። ንኣብነት ኣብ ፍሊፒንስ ብ1986፡ ኣብ ቺለን ፖላንድን ኣብ 1988፡ ኣብ ሃንጋሪ፡ ምብራቕ ጀርመንን ቸኮዝላቫኪያን ኣብ 1989፡ ኣብ ሃገራት ባልካን ኣብ 1991፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ 1994፡ ኣብ ሰርብያን ፔሩን ኣብ 2000፡ ኣብ ጆርጂያ ከኣ ኣብ 2003፡ ካብ ኣብነታት ገለ ክፉል እዮም። እዘን ብሓድነትን ዘይጎነጻውን ሓይሊ ህዝቢ ካብ ሓደ ዘይፍትሓዊ ኩነታት ሃገር ናብ ህዝባዊ ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ዝተሰጋገራ ሃገራት ሓደ ፉሉይ መለለዪ ኣለወን። እሱ ከኣ ብዘይ ብዙሕ ሽግር ብቐጥታ ኣብ ጎደና ውሑስን ቀጻልነት ዘለዎን ሰላም፣ ፍትሕን ዲሞክራስን ክምርሻ ምኽኣለን እዩ። ህዝበን ዝተጠቀመሉ ኣገባብ ቃልሲ ከኣ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ህዝቢ (nonviolent action) ተባሂሉ ይፍለጥ።



ኣብ 1989 ዓሰርተታት ኣሽሓት ቸኮዝላቫኪያውያን
ኣብ ከተማ ፕራጕ ሰላማዊ ሰልፊ ብምክያድ ኣብ
ሃገሮም ዲሞክራስያዊ መንግስቲ ክመዝትከል ጌሮም።
ሰኣሊ፦ ዴቪድ ተርንለይ።

ኣገባብ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ኣብዚ ዝስዕብ መሰረታዊ ኣምር ይምርኮስ። *ኣብ ሓደ ሕብረተሰብ ውሑስን ቀጻልነት ዘለዎን ሰላም፣ ፍትሒ፣ ዲሞክራስን ምዕባለን ዝረጋገጽ እቲ ኣብ ምልኪ ክነብር ዝጸንሐ ሰፊሕ ህዝቢ፥ ህይወቱን መጻኢ መደባቱን ንኽምሓድር እኹል ስልጣንን ዓቕምን ንኽህልዎ እቲ ህዝቢ ባዕሉ ምስዘረጋግጽ እዩ።* እዚ ኣምር'ዚ ከኣ ንዘይጎነጻዊ ቃልሲ ውድዓዊ ይገብሮ። ህዝብን ትካላቱን ንኩነታት ሃገር ክጸልው እኹል ዓቕሚ ምስዝህልዎም እቲ ሕብረተሰብ ኣብ ኣዝዩ ሓጺር ግዜ ካብ ምልክን ዘይፍትሓዊ ኩነታት ሃገርን ናጻ ክኸውን ይኽእል። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ምልዋጥ መራሕቲ ወይ ስርዓታት ጥራይ በይኑ ነቲ ሕብረተሰብ እቲ ዝድለ መሰል፣ ናጽነት፣ ክብርን ፍትሕን ንኽጭብጥ ኣይሕግዞን እዩ። ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ድማ ህዝቢ ብዛዕባ ህይወቱን መጻኢ መደባቱን ክውስንን ከመሓድርን እኹል ዓቕሚ ንክህልዎ ይሕግዝ። ከምዚ ብምግባር ከኣ ኣብቲ ሕብረተሰብ ንህዝቢ ዝፈርሕን ዘማእከልን ብሕግን ስርዓትን ዝምእዘዝን ስርዓተ-መንግስቲ በቲ ህዝቢ ከምዝህነጽ ይገብር።

> *ምልዋጥ መራሕቲ ወይ ስርዓታት ጥራይ በይኑ ንሓደ ሕብረተሰብ እቲ ዝድለ መሰል፣ ናጽነት፣ ክብርን ፍትሕን ንኽጭብጥ ኣይሕግዞን እዩ።*

ዋላ'ኳ ኣብ ዝቕጽል ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ብሰፊሑ ክንርእዮ እንተኾንና፡ ሓደ ሓቂ ብዛዕባ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ኣሎ። እዚ ቓልሲ'ዚ ብቓላት ጥራይ ዝተሰነየ ሰላማዊ ቃልሲ ምኽያድ ዘይኮነስ *ብረቂቕ ኣገባብ ዝተጸንዑ* ስነ-ኣእምሮኣዊ፡ ማሕበራዊ፡ ቁጠባውን ፖለቲካውን ጸቕጥታት ኣብ ልዕሊ በዓል ነገርካ እንዳተግበርካ ዝግበር ቃልሲ እዩ። እዚ መጽሓፍ'ዚ ከኣ ብዛዕባ ዘይጎነጻዊ ቓልሲን ኣድላይነቱ ኣብ ኤርትራን ብሰፊሑ ክድህስስ እዩ። ቅድሚ ናብኡ ምስጋርና ግን ኣብዚ ዝቕጽል ምዕራፍ ብዛዕባ ተመኩሮ ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣሕጽር ኣቢልና ክንርኢ ክንፍትን ኢና።

# 1. ተመክሮ ሕብረተሰብ ኤርትራ

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ታሪኹ ንብዙሕ ዘመናት ዝወሰደ ምግሃስ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ኣሕሊፉ እዩ። ከምቲ ኣቐድም ኣቢልና ዝጠቐስናዮ፡ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልን ናጽነትን ኣብ ሓደጋ ኣብ ዝወድቀሉ ግዜ፡ ሰብ ብባህርያቱ ናይ ምጽማም ክእለቱ ድሩት ስለዝኾነ ንመሰሉን ናጽነቱን ክከላኸልን ክዕቅብን ክብገስ ናይ ግድን እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ከኣ መሪር ቃልሲ ኣንጻር መግዛእቲ፡ ምልክን ምግሃስ መሰረታውያን ሰብኣዊ መሰላትን ናጽነታትን ኣሕሊፉ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ዝሓለፎም ተመክሮታት ከኣ ዋላ'ኳ ብዓይነቶም ዝፋላለዩ እንተኾኑ ኣብ ሕብረተሰብና ብዙሕ ሃስያ ገዲፎም ሓሊፎም እዮም። ኣተሓሳልፍኦም ግን ይፈላለ እዩ። ብቐደም-ተኸተል ከኣ ሕጽር ብዝበለ በብሓደ ክንርእዮም ክንፍትን ኢና።

ቀዳሞት ባዕዳውያን ገዛእቲ ህዝቢ ኤርትራ ቱርካውያን እዮም ነይሮም። ኣገዛዝኣ ቱርካውያን ኣዝዩ ጨካን ምንባሩ እቲ ብኣፈ-ታሪኽ ዝንገር "ግዝኣት ቱርኪ!" ዝብል ናይ ምስክሕካሕ መግለጺ የረድኣና። እዚ ኣብ መፋርቕ 16 ክፍለ ዘመን ዝኣተወ ባዕዳዊ ሓይሊ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ከቢድ ዕንወት ኣኸቲሉ እዩ። ኣብ መወዳእታ ግን መሳፍንቲ ምድሪ-ባሕሪ (ናይ ሎሚ ኤርትራ) ብጎነጽ ኣዳኺሞም ንኽወጽእ ቀሲቦሞ። ኣብቶም ዝተኻየዱ ውግኣት ድማ ብዙሕ ህይወት ከምዝሃለቐ ይንገር። ምስዚ ብዝተኣሳሰር ድማ፡ ሕብረተሰብና ካብ ውሽጡ ብዝማዕበሉ መሳፍንትን ብባዕዳውያን ብዝተሸሙ ደቂ ዓዱን ብዙሕ ጭቆና ኣሕሊፉ። እቶም ኣብዛ ናይ ሕጂ ኤርትራ ዝገዝኡ ዝነበሩ ናይቲ ግዜ መሳፍንቲ ኣብ ነሓድሕዶም ብዘካይድዎ ዝነበሩ ውግኣትን ዝምታን ብዙሕ ህዝቢ ይበሳበስ ምንባሩ ታሪኽ ሕብረተሰብና ሰኒዱዎ ዘሎ ሓቂ እዩ። ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ህዝቢ ሰላማዊ ኣብያታትን ሕንገዳታትን ብምኽያድ ብሓይሉ ፍትሒ ይረክብ ምንባሩ'ውን ይዝንቶ እዩ። ብኣንጻሩ ድማ ህዝቢ ምእዙዝ ኣብ ዝኾነሉ ግዳይ ምእዝዙነቱ ኮይኑ ንወለዶታት ዝቐጸለ ጭቆና ኣሕሊፉ እዩ። ቆልዑ ከይተረፉ ንሽምኦም ቆልዑ ደቂ መሳፍንቲ ስለዝኾኑ ጥራይ ክእዘዝዎም ብወለዶም ይንገሮም ነይሩ። በዚ ምኽንያት ድማ እቶም ቆልዑ ፈራሓትን ምእዙዛትን ኮይኖም ይዓብዩ ከም ዝነበሩ ታሪኽ ይነግረና።

ድሕሪ ቱረካውያን፡ ኣብ መፋርቕ 19 ክፍለ ዘመን ግብጻውያን ግዝኣቶም ናብ ኤርትራ ገጾም ከስፋሕፍሑ ጀመሩ። ብተመሳሳሊ፡ እዞም ገዛእቲ እዚኦም'ውን ብሓይሊ ደቀባት እቲ ዞባ ተሳዒሮም ወጺኦም። ከምቲ ኣብቲ ቐዳማይ ሕጂ'ውን እቲ ኩናት ብዙሕ ናይ ህይወትን ንብረትን ክሳራ ኣውሪዱ። ከም መቐጸልታ ናይዚ ሓደ ድሕሪ ሓደ ዝሰዓቡ መግዛእትታት ኣብ መወዳእታ ናይዚ ክፍለ ዘመን ኢጣልያውያን ገዛእቲ ንኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሮም ኣእትዮማ፡ ንኣስታት 50 ዓመታት ድማ ንህዝቢ ኤርትራ ገዚኦሞ። እዚ ፍርቂ ክፍለ ዘመን ዝወሰደ መግዛእቲ ናይ ኢጣልያ ብዙሕ ተቓውሞን ጎነጸን ዝሓለፈ ምዃኑ'ውን ክርሳዕ ዘይብሉ ሓቂ እዩ። ኢጣልያውያን ገዛእቲ፡ ከምቶም ዝሓለፉ ገዛእቲ ካብ ኤርትራ ክወጹ እንከለዉ ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ተሳዒሮም፡ ግዝኣቶም ከኣ ኣኽቲሙ። እዚ ኣብ

2ይ ኵናት ዓለም ኣንጻር ኢጣልያ ዝተኻየደ ውግኣት ኣብ ኤርትራ ብእንግሊዛውያን እዩ ተመሪሑ። ኣብቶም ዝተኻየዱ ውግኣት ድማ ብዙሕ ደም ኤርትራውያን ፈሲሱ።




*ወትሃደራት ኢጣልያን ኤርትራውያን ዓስክርን - ኣስመራ* 1890
*ስእሊ፣* erey.50megs.com

ድሕሪ መግዛእቲ ኢጣልያ ድማ መጕዚትነት እንግሊዝ ን10 ዓመታት ቀጺሉ። ኣብዘን ዓሰርተ ዓመታት ግን እቲ ዝሓሸ ፖለቲካዊ ምዕባለ ኣብ ኤርትራ ተመዝጊቡ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ዋላ'ኳ እቶም ማሕለኻታት ኣብ ቦታኦም እንተነበሩ ተጻዋርነት ዝነበሮ ተዛማዲ ሰላማዊ ቃልሲ ይካየድ ነይሩ። ሓያሎ ፖለቲካውያንን ሲቪላውያንን ማሕበራት ተመስሪተን ህዝቢ ክንሳቱሳ ጀሚረን ነይረን። እዚ ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ኣብ ኣፍሪቃ ዓቢ ሚዛን ዝዋሃቦ ናይ መጀመርታ ፖለተካዊ ምዕበለ ነይሩ። ኤርትራውያን ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለዩ ተጻረርቲ ስነ-ሓሳብ ተጠርኒፎም ሰላማዊ ቃልሲ ከካይዱ ምኽኣሎም ብዝኾነ መዐቀኒ ታሪኽ ዝገደፈልና ጸጋ ጌርና ክንወስዶ ይግባእ። እቲ ቃልሲ ብሓፈሻ ብዛዕባ መጻኢ ህዝቢ ኤርትራ እዩ ነይሩ። እቶም ሓሳባት ድማ ገሊኦም ምሉእ ናጽነት ኤርትራ ክጠልቡ እንከለው፣ ገሊኦም'ውን ሓድነት ምስ ኢትዮጵያ ይጠልቡ ኔሮም፣ ገለ'ውን ምቕጻል መግዛእቲ ኢጣልያ ዝጠልቡ ኔሮም።




ካብቶም ኣብ 70'ን 80'ታትን ኣብ ወጻኢ ሃገራት ንናጽነት ኤርትራ
ዝተኻየዱ ሰላማዊ ሰልፍታት ኤርትራውያን
ስእሊ፦ erey.50megs.com

እቲ ኣዝዩ ዘሐጉስካ ከኣ ኤርትራውያን ኣብ ክልተ ወይ ሰለስተ ጫፋት ናይ ሓሳብ ፍልልይ እናሃለው፡ ጎነጽ ኣወጊዶም ብቐጻሊ ኣብ ሰላማዊ ክትዕን ዝርርብን ይኣትው ምንባሮም እዩ። እዚ ድማ መርኣያ ብስለት ሓደ ሕብረተሰብ እዩ። እቲ ሓደ ነቲ ሓደ "ስለምንታይ ከምዚ ይሓስብ ወይ ዘይሓስብ" ዝብል ኣረኣእያ ኣይነበሮምን። ምኽንያቱ ሰብ ናይ ምሕሳብን ምዝራብን ምምራጽን ናጽነቱ ተፈጥሮኣዊ ስለዝኾነ። ከነእምኖ ጥራይ ኢና እንኽእል እምበር፡ ስለምንታይ ከምናትና ሓሳብ ዘይብሉ ኢልና ክንከሶን ብሓይሊ ቀሲብና ከምዝኣምን ክንገብሮን ፍጹም ኣይግባእን ዝብል እምነት ኔርዎም። እቶም ናይቲ ዘመን ሃገራውያን መራሕቲ ንሰረገላ ግዜ ብዝቐደመ ኣተሓሳስባ እቶም ዝካየዱ ዝነበሩ ክትዓት ናይ ሓሳብ ደኣ'ምበር ምስቶም ውልቀሰባት ከምዘይተኣሳሰሩ ኣጸቢቖም ይርድእዎ ነይሮም። ኣብቲ ግዜ'ቲ እምበኣር ማሕበረ-ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ ብሩህን ተስፋ ዝህብን ኣንፈት ሂቡ ነይሩ እዩ።

ኣብ 1952 ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ንኤርትራ ከም ኩለን ናይ ኣፍሪቃ ሃገራት ናጽነታ ኣብ ክንዲ ምሃብ ምስ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ንኽትቁረን ወሲኑ። ኤርትራውያን ከኣ ነቲ ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ኤርትራ ዝተበየነሎም ፌደረሽን፡ "ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዘውዲ ኢትዮጵያ ክትጸንሕ" ዝብል ብይን፡ ተቐቢሎም ክኽጽሉ ተገዲዶም። ድሒሩ ግን ንግስነት ሃይለስላሴ ጎነጻዊ ምትእትታው ኣብ ውሽጢ ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ ብምግባርን፡ ጸኒሑ ከኣ ንፌደረሽን ብምፍራስን ንኤርትራ ናብ ሓንቲ "ክፍለ-ሃገር" ብምውራድ ነቲ ምዕቡል ማሕበረ-ፖለቲካዊ ኩነታት ኤርትራ ኣንፈቱ ከም ዝስሕት ጌርዎ። ፍትሒ እንተ ቐኒኑ ኩሉ ግዜ ተቓውሞ ክህሉ ናይ ግድን ስለዝኾነ ኤርትራውያን ሰላማዊ ተቓውሞታት ኣካይዶም። ጠለቦም ስርዓተ ሕግን መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልን ናጽነትን ክኽበር እዩ ዝነበረ። እዚ ከኣ ንቓላት ሓርበኛ ሸኽ ዓብደልቃድር ከቢረ እንተርኢና ጠለብ ህዝቢ ኤርትራ ብሰፊሑ ክብርሃልና ይኽእል።



ኣብ ኣርብዓታት ኣቦና ሽኽ ዓብደልቃድር ከቢረ ከምዚ ዝስዕብ ኢሎም ኔሮም ... *ዕላምኡ ክብሪ እዩ። ዋጋ ክብሪ ድማ ህይወት እዩ። ዋጋስ ክኽፈሎ እዩ...እዚ ድማ ኣብ ምዕራፋት ናይቲ ንፍትሒ ዝካየድ ኣህጉራዊ ቃልሲ ሓንቲ ገጽ ንምጽሓፍ እዩ ክኽፈል። እቲ ዕላማ ፍትሒ ምጭባጥ ወይ እናፈተንካ ምሟት እዩ።...* ኩሉ ሰላማዊ ጻዊዒታቶም ግን ብጎነጽ ተመሊሱ። ኣብ ከተማታት ዝተገብረ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ናይ ዜጋታት ብሓይሊ ብረት ስለዝተዳኸመ፡ ኤርትራውያን ኣብ ደገ ኮይኖም ክጠራነፉ ጀሚሮም። ኣብቲ እዋን ነዚ ቓልሲ'ዚ ንምዕዋት ኣገዳሲ ክስተት ኣብ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተቐልቂሉ ነይሩ እዩ።

**ዘይጎነጻዊ ቃልሲን ተመክሮ ህዝቢ ኤርትራን**

ፍትሒ ምስ ጠፈአ፡ ገለ ግዱሳት ኤርትራውያን ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብሪ ናጽነትን ርእሰ-ውሳኔን ክቃለሱ ወሲኖም። ኣብ ቅድሚኦም ዝተገተሩ ኣገባባት ቃልሲ ግን ክልተ ጥራይ እዮም ነይሮም፡ ጎነጻዊ ወይ ዘይጎነጻዊ። ጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ዘስዕቦ ሰብኣዊን ንዋታውን ክሳራታት ስለዝተረድኦ ኣይመርጽዎን። ስለዚ ኣብ ሕዳር 1958 *ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ* ትብል ውድብ ብምምስራት ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ክጥቀሙ ወሲኖም። ነዚ መወሰኒኦም ክሳራ ጥራይ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣይነበረን። ብባህሪኡ ንጡፍ ዝኾነ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ እቲ ዝሓየለ፡ ቅልጡፍን፡ ነባሪ ፍታሕ ከምጽእ ከምዝኽእል ስለዝተኣምነሉ እዩ። ንዝኾነ ሃይማኖታዊ፡ ኣከባብያዊ፡ ጾታዊን ዓሌታውን ፍልልያት ጠሚሩ ሸትኡ ክወቅዕ ዝኽል ኣገባብ ቃልሲ እውን ስለዝኾነ።

እዚ ኣካል ታሪኽና ዝኾነ ምንቅስቓስ'ዚ ሓንሳብ ኣብ ሱዳን ምስ ጀመረ፡ ንኹሎም እቶም መሰረታውያን ፍልልያት ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሓቚፉ ንሓደ ዕላማ ከምዝቕንዑ ገይሩ እዩ። ቀንዲ ዕላማ ናይቲ ምንቅስቓስ ድማ ስነ-ኣእምሮኣዊ፣ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካውን ማሕበራውን ኣብያታትን ሕንጋደታትን ኣብ ልዕሊ መግዛእቲ እንዳገበርካ ንስልጣንን ሓይልን ስርዓት ሃይለ ስላሴ ብምድኻም ኣብ መጠረሽታ ከኣ ሰላማዊ ህዝባዊ ተቓውሞታት ኣለዓዒልካ መሰል፣ ናጽነትን ርእሰ-ውሳኔን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሓጺር ግዜ ምርግጋጽ እዩ ነይሩ። ነዚ ንምግባር ድማ ቀጻሊ ጎስጓስ የካይዱ ኔሮም። ነቲ ኩሉ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝነበረ ህዝቢ ብታሕቲ ታሕቲ እናጎስጎሱ ኸኣ ኣብ ምስጢራዊ መሳርያም ኣእትዮሞ። እዚ ኣብ መታሕት ዝጀመረ ዘይጎነጻዊ ምንቅስቓስ ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግዜ ዳርጋ ኣብ ብምልኡ ኤርትራ ሊሒሙ። እዚ ቅልጡፍን ጽፉፍን ማዕበላዊ ናህሪ ድማ ልዕሊ ትጽቢትን ድልውነትን መሪሕነት እቲ ምንቅስቓስ ኮነ።

ኣብ ሓጺር ግዜ ዳርጋ ኣብ ኩለን ዓድታትን ከተማታትን ኤርትራ ውዳበ ህዝቢ እናሓየለ መጺኡ። ኣብ ከበሳታት ኤርትራ እቲ ምንቅስቓስ ብስም *ማሕበር ሸውዓተ* ይፍለጥ ነይሩ። እዚ ስም እዚ ብዘይ ምኽንያት ኣይወጸን። እቲ ስም ነቲ ስልቲ ኣወዳድባ ንኣሽቱ ጉጅለታት ዝገልጽ ስለዝኾነ እዩ። ኣብቲ ግዜ፡ ሓደ ካድር ወይ ነቲ ዕላማ ኣሚንሉ ክቃለስ ዝወሰነ ዜጋ ንኸምኡ ዝኣመሰሉ ሸውዓተ ሰባት

ይውድብ። ሸውዓቲኦም ከኣ ነንሕድሕዶም ኣይፋለጡን ኔሮም። ነፍሲ ወከፎም ግን ሸሸውዓተ ኣባላት ክምልምሉ ምሕጽንታ ይዋሃቦም ኔሩ። ኣብዚ ነፍሲ ወከፍ ወዳቢ ነቶም ዝወደቦም ሸውዓተ ጥራይ እዩ ዝፈልጥ። እዚ ኣወዳድባ'ዚ ኣባላት ጸጥታ ናይቲ ግዝኢ መንግስቲ ከይፈልጥዎ ተባሂሉ ዝተማህዘ እዩ። በዚ ኣገባብ እዚ ድማ ዝበዝሖ ህዝቢ ኣካል ናይቲ ምንቅስቓስ ኮይኑ ንኻልኣይ ደረጃ መደብ ዕዮ ድልው ኮነ። ካብኡ ሓሊፉ'ውን እቲ ምንቅስቓስ ኣብ ውሽጢ ናይ መንግስቲ ጸጥታ ትካል ሊሒሙ ብዙሓት ኣባላት ፖሊስ ኤርትራ ኣካል ናይ'ቲ ምንቅስቓስ ኮይኖም ነይሮም። ምስቲ ኩሉ ጽፉፍ ኣዋዳድባን ቅልጡፍ ኣካይዳኡን ግን እቲ ምንቕስቃስ ኣይተዓወተን። ስለምንታይ ግን ዘይተዓወተ?

ኣብ ታሪኽ ዓለም ይኹን ኣብ ታሪኽ ኤርትራ ከምዝተራእየ፡ ህዝባዊ ሰላማዊ ተቓውሞታት ኩሉ ግዜ ንጹራት መትከላትን ሓያል መሪሕነትን እንተዘይረኺቦም ዕላማኦም ብግቡእ ክሃርሙ ኣይክእሉን እዮም። በዚ መንጽር'ዚ ክንሪኦ እንከሎና፡ መትከላት እቲ ውድብ ነቲ ሰፊሕ ህዝቢ ይኹን ነቶም ኣብ ውሽጡ ዝነበሩ ካድረታት ንጹር ነይሩ ክበሃል ኣይከኣልን። እቶም ንጡፋት ዝበሃሉ ካድረታት ካብ ምጉስጓስን ምውዳብን ሓሊፎም እንታይ ዓይነት ስጉምቲ ከምዝወስዱ ዝፈልጥዎ ነገር ዝነበሮም ኣይመስልን። ስለዚ ዋላ'ኳ እቲ ሓሳባት በሲሉ ንስራሕ ድሉው እንተነበረ ናብቲ ዝቐጽል ደረጅኡ ኣብ እዋኑ ክሰጋገር ኣይከኣለን። እምበኣር እቲ ሕቶ ስለምንታይ እቲ ህዝባዊ ጎስጓሳት ብግቡእ በሲሉ ክነሱ ናብ ዝቕጽል መደባት ስርሑ ክሰጋገር ኣይከለን ዝብል'ዩ?

እቲ መልሲ ከምዚ ይመስል። ኩሉግዜ ሓደ ንናጽነት፡ መሰልን ክብርን ዝቃለስ ምንቅስቓስ፡ ቅርጡው፡ ሓያል፡ ንጹር ስትራትጅን ተኻታተልቲ መደብ ዕዮን ዘለዎ መሪሕነት ክህልዎ ይግባእ። ከምዚ እንተዘይኮይኑ ግን እቲ ምንቅስቓስ ኣንፈቱ ክፈልጥ ኣብ ዘይክእለሉ ኩነታት ክወድቕ ይኽእል። እዚ ማለት ምንቅስቓስ  ዕላማኡ ብጉቡእ ክወቅዕ እንተኾይኑ መሪሕነት እቲ ውድብ ንጹር ስትራተጂ ክህልዎ ይግባእ። እንተዘይኮይኑ ምንቅስቓስ መስሪትካ ራኢኻን ተልእኮኻን ኣዊጅካ ምጉስጓስ ጥራይ ኣኻሊ ኣይኮነን። ብሰብኣዊ መሰላትን ዲሞክራሲያዊ መትከላትን ዝግዛእ መሪሕነት ሃልዩ፡ ነቶም ራኢታትን ተልእኾን ምንቅስቓስ ዘተግብር ግብራዊ ስትራተጂ ክሕንጽጽ ሓላፍነቱ እዩ። ምንቅስቓስ ማሕበር ሸውዓተ ከምዚ ዓይነት ስትራተጂ ዝነበሮ ኣይመስልን። ከም ሳዕቤን ናይዚ፡ ህዝቢ ተጎስጕሱ ናበይ ከምዝብልን እንታይ ከምዝገብርን ጠፊእዎ ኣብ ቀራና መንገዲ እንከሎ ትካላት ጸጥታ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነቓዓት ረኺቦም ክሃድንዎ ጀሚሮም። በዚ ከኣ እቲ ቅኑዕ ኣገባብ ቃልሲ ተኸቲሉ ኣብ ሓጺር እዋን ዓበይቲ ዓወታት ዘመዝገበ ምንቅስቓስ ብሰንኪ ቀዳምነታት ሂብካ፡ መትከላትካ ኣነጺርካ፡ ሓያል መሪሕነት ሃኒጽካን ስትራተጂ ሓንጺጽካን ዘይተገብረ ምድላዋት፡ ኣንፈቱ ክስሕት ተደሪኹ። ኣብ 1961 መሪሕነት እቲ ውድብ ኣብ ክንዲ ደቂቕ ገምጋም ገይሩ ንጉድለታቱ ዝፍውስ፡ ዘይተጸንዐ ኣገባብ ቃልሲ ክኽተል መሪጹስ፡ ጠበንጃ'ውን ኣልዒሉ። ነዊሕ ከይከደ ግን ግዳይ ናይቶም ቅድሚኡ ጠበንጃ ዘልዓሉ ኮይኑ ብጎነጽ ተሃሪሙ ኣደዳ ሞትን መቑሰልትን ኮይኑ ተበታቲኑ፡ ህላውነቱ ከኣ ሓንሳብን ንሓዋሩን ኣኽቲሙ። ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንሰብኣዊ መሰል፣ ናጽነትን ርእሰ-ውሳኔን ድማ ኣብ ዲቕ ዝበለ ጎነጽ ኣትዩ።

**ጎነጻዊ ቃልስን ተመክሮ ህዝቢ ኤርትራን**

ኣብ 1961 እቲ ኣንጻር መግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝጀመረ ሰላማዊ ቃልሲ ብወግዒ ናብ ብረታዊ ቃልሲ ተቐይሩ። እዚ ጎነጻዊ ቃልሲ'ዚ ንሳላሳ ዓመታት ቀጺሉ። ኣብ መስርሕ እዚ ደማዊ ግጭት ብዙሕ ወታሃደራዊ ዝናታትን ሓርበኝነትን ከምዝተፈጸመ እቲ ታሪኽን እቶም ኣብኡ ዝወዓሉ ኤርትራውያንን የዘንትዉ። ሎሚ ኣብ ኤርትራ "ብረታዊ ተጋድሎና" ክንብል ከሎና ብሓበን ጥራይ ኢና ንዝክሮ። እቲ ኣብቲ መስርሕ ዝሓለፈ ዘስካሕክሕ ክፋል እቲ ታሪኽ ግን ክንዛረበሉ ኣይንደልን። ኮነ ኢልና ክንርስዖ ንፍትን ንኸውን እምበር እቲ ኣንጻር ገዛእትና ዝዓጠቕናዮ ብረት ንኣሽሓት ኣሕዋትናን ኣሓትናን'ውን መልዒስናሉ ኢና። ሓሓሊፉ'ውን እቲ ኣብ ንሓድሕድና ዝተኻየደ፡ ኣብ ታሪኽና ጸሊም ነጥቢ ዝገደፈ፡ ኩናትን ምቅትታልን ከም ዝና ክውሰድ ክትሪኢ ከሎኻ ኣዝዩ የሕዝንካ። ንኣብነት ኣብ 2004 ሜጀር ጀነራል ገረዝግሄር ዓንደማሪያም ኣብ ቃለ-መጠይቑ ምስ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ንፕረዚደንት መንግስቲ ኤርትራ ኣቶ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ዝፈጸሞ ወታሃደራዊ ቅያ ክገልጽ ከሎ፡ *ኣብ ውግእ ሓድሕድ ኣብ ገረግር ካባይ ብረት ወሲዱ ብጅግንነት ተዋጊኡ* ይብል። ገለ ነዚ ዝሰምዐን ዘንበበን ኤርትራዊ ዜጋ መቸም ብቕጽበት *ንመን ተጋዳላይ ወይ ተጋዳሊት ኮን ቀቲሉ ይኸውን?* ኢሉ ሓቲቱ ይኸውን። ናይ ክልተ ኣሕዋት ውግእ ሓድሕድ ደኣ ከሕዝነናን ክንናዘዘሉን'ዶ ኣይኮነን ዝግባእ? እዚ ድኣ ዘሐብን ታሪኽ ድዩ?

ልክዕ'ዩ እዚ ተመክሮ ብረታዊ ቃልሲ'ዚ ዕላምኡ ምውቕዑ ዘሓጉሰ'ኳ እንተኾነ፡ ዘስካሕክሕ ምንባሩ'ውን ክዝንጋዕ የብሉን። ኣብቶም ዝካየዱ ዝነበሩ ዓውደ-ውግኣት ኣብ ሓዊ ዝጥበሱ ዝነበሩ ከማና ሰባት እዮም። ምናልባት ገሌና "ተጋድልቲ"፡ "ሓርበኛታት" "ጀጋኑ" ዝብሉ ኣስማት ክንሰምዕ ከሎና ፍሉያት ፍጥረት ንኸምኡ ኢሎም ዝተፈጥሩ ኮይኖም ክስምዑና ይኽእሉ ይኾኑ። እነተኹነ ግን ከማና ህይወት ከስተማቕሩ፡ ከፍቅሩ ክፍቀሩ፡ ከም ሰባት ድማ ናይ ውልቆም ተውህቦታት ኣማዕቢሎም ራኢታቶምን ሕልምታቶምን ክፍጽሙ ሃረር ዝብሉ ዝነበሩ ፍጡራት እዮም። ኣብ'ዚ ብረታዊ ቃልሲ ንመሰል፣ ናጽነትን ርእሰ-ውሳኔን ዝሓለፈ ህይወት መዘና የብሉን። "ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ" ዝመዝገቦም ጥራይ ልዕሊ 65 ሽሕ ይኾኑ፡ እቶም ካልኦት ውድባት ዘለዎም ቁጽሪ ስውኣት ኣሕዋትናን ኣሓትናን እንተተወሲኹሉ እቲ ኣሃዝ ዓቢ ከምዝኸውን ኣየጣራጥርን። ካልኦት ኣማኢት ኣሽሓት'ውን ሰንኪሎም እዮም። ሰላማዊ ህዝቢ'ውን ኣብ መንጎ ክልተ ሓዊ ሰፊሩ ብዘስካሕክሕ ኩነታት ተለብሊቡ ኣደዳ ሞትን መቑሰልትን ኮይኑ። ኣስታት ሓደ ሚልዮን ድማ ርስቱን ዓድታቱን ከተማታቱን ገዲፉ ናብ ስደት ኣምሪሑ ኣብ ዘይምድሩ ክብረቱ ተቐንጢጡ ክነብር ተፈሪድዎ። ከም ሳዕቤኑ ኣማኢት ኣሽሓት ህጻናት ዘኽቲሞም፡ ስድራ ቤታት'ውን ተበታቲነን። እስከ ነዚ መሪር ሓቂ ደጊምና ነኾምስዓዮን ነስተንትኖን! ንጥይትን ቦምባን ሓውን ተባሂሉ ዝተመደበ ሰብ ኣሎ ድዩ? ንሕልናና ነበራብሮ እሞ ርዲኢትና ከመይ ከምዝኾነ ነረጋግጽ።



ኣብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ኤርትራ
ኣደዳ መቑሰለቲ ዝኾኑ ኤርትራውያን ቖልዑ።
ስእሊ፦ erey.50megs.com

ኣብዚ ሓደ ነገር ክንግንዘቦ ዝግባእ *ንምንታይ ብረታዊ ቃልሲ ተኸቲልና ኢልና ክንምልሽ ክንፍትን ዘይኮነስ፡ እቲ ዝተኸተልናዮ ጎነጻዊ ቃልሲ ብቀሊሉ ዘይሓዊ በሰላ ከምዝገደፈልና ክንርዳእ ከምዘለና እዩ።* እዚ ማዳታት'ዚ ኣብ ኤርትራ ብቐሊሉ ኣብ ኩሉ ስድራቤታትን ቦታታትን ትሪኦ። ካብ ሓደ ዓዲ ናብ ሓደ ዓዲ ኣብ መስመር ጽርግያ ክትጎዓዝ ከሎኻ ኣብ የማን ጸጋም ጽርግያ ዝርኣዩ ሓወልትታት ስውኣት፡ ከምኡ'ውን ብዝሒን መነባብሮን ስንኩላን ሆናት ኣሕዋትናን ኣሓትናን እንተ ተዓዚብና ናይቲ በሰላ ህያው መሰኻኽር እዮም። ብርግጽ ኣብ ትሕቲ እዞም ሓወልታትን መቓብራትን እቶም ፍትዋትን ሪኢና ዘይጸገብናዮምን ክፋል ኣካልና ዝኾኑ የሕዋትናን ኣሓትናን ኣለዉ። ንሳቶም ንህይወት ቢሂጎማ ግናኸ ኣይረኸብዋን።

ብተወሳኺ እዚ ንነዊሕ ዝቐጸለ ብረታዊ ቃልስና ኣብ ኣተሓሳስባና'ውን ገዚፍ ስንብራት ገዲፉልና እዩ። እዚ ንዝኾነ ዓይነት ግጭት ብጎነጽ ናይ ምፍታሕ ርድኢት ከም ነማዕብል ጌሩና እንተበልና ምግናን ኣይኮነን። ንኣብነት ድሕሪ ናጽነት (independence) ኤርትራ ጥራይ ብዙሓት ግጭታት ተራእዮም እዮም። ገለ ካብዚኦም ብቕደም-ተኸተል እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም። ኣብ 1993 ዝተኻየደ ኣድማ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር፤ ኣብ 1994 ዝተኻየደ ኣድማ ስንኩላን ተጋደልቲ፤ ኣብ 1994 ዘጋጠመ ግጭት ኣብ መንጎ ኤርትራን ሱዳንን ኣብቲ ግዜ ዝተሰወሩ ብዙሓት ዜጋታት መማህራን ዝርከብዎም ኣመንቲ ምስልምና፤ ኣብ 1995 ዝተኻየደ ግጭት ኣብ መንጎ ኤርትራን የመንን

> *ንምንታይ ብረታዊ ቃልሲ ተኸቲልና ኢልና ክንምልሽ ክንፍትን ዘይኮነስ፡ እቲ ዝተኸተልናዮ ጎነጻዊ ቃልሲ ብቀሊሉ ዘይሓዊ በሰላ ከምዝገደፈልና ክንርዳእ ኽንክል ኣለና።*

ብጉዳይ ደሴታት ሓንሽ፤ ኣብ 1998 ዝተኻየደ ዶባዊ ግጭት ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን፤ ኣብ 2001 ዘጋጠመ ግጭት ኣብ መንጎ ኣባላት ሃገራዊ ባይቶ ብጉዳይ ምትካል ቅዋምን ዲሞክራሲያዊ ስርዓትን። ነዞም ኩሎም ግጭታት ብኅነጽ ክንገጥሞም ኢና መሪጽና። እዚ ከኣ ፈቲና ዘይኮና ኣማዕቢልናዮስ፡ ካብ ታሪኽ ብረታዊ ቃልስና እናተወራረሰ ዝመጸ ኣተሓሳስባ ስለዝኾነ እዩ።

ፍትሕን ሓቅን ብኅነጽ ጥራይ እዮም ክረጋገጹ ዝኽእሉ ኢልና እንተኣሚንና፡ ወይ ኅነጻዊ ቃልሲ ኣንጻር በዓል ነገርና ይሰርሕ እዩ ኢልና እንተኣሚንና እሞ ፍታሕ ንምርካብ ክንሰርሓሉ እንተጀሚርና ከይተፈለጠና ምስኡ እነማዕብሎ ኣተሓሳስባን ርዲኢትን ኣሎ። ንሱ ኸኣ ኅነጽ ንዝኾነ ብድሆ ክንገጥመሉ እንኽእል ኣገባብን መፍትሕን ምዃኑ ክንኣምን ንጅምር። በዚ ድማ ነቶም ባህሪያዊ ኮይኑ ኣብ መንጎና ክፍጠሩ ዝኽእሉ ግጭታት፡ ዘይምርድዳኣትን ናይ ሓሳብ ምፍልላያትን ብኅነጽ ክንፈትሖም ንድረኽ።

እዚ ሓቂ እዚ ከኣ ሩሑቕ ከይከድና ንኣተሓሕዛ ነቲ ብ1998 ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተወልዐ ናይ ዶብ ኵናት ብዕምቆትን ብብስለትን ምስንዕዛብ ኣዝዩ ኅሊሑ ክርኣየና ይኽእል። ዋላ'ኳ ቅድሚ ምውላዕ እቲ ኵናት ምትንኻፋት ናይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ይርአዩ እንተነበሩ፡ ልኡላውነትና ንኽንከላኸል ኣብ ክንዲ ኩሎም ዓይነታት ስነ-ኣእምሮኣዊ፡ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማሲያውን ሰላማውን መገድታት ተጠቂምና ንመንግሰቲ ኢትዮጵያ ኣብ ኩርናዕ ከነቐምጦ ንፍትን፡ ተቐዳዲምና ኅነጻዊ ስጉምቲ ክንወስድ ኢና መሪጽና። ከም ሳዕቤኑ ድማ ኮምሽን ካሕሳ ኤርትራን ኢትዮጵያን *“jus ad bellum”* (ካብ ክልቲኦም ወገናት መጀመርታ ኅነጽ ዝተጠቐመ መን ሙዃኑ ዝገዝእ ሕጊ) ምርኩስ ብምግባር ብታሕሳስ 19 2005 እዚ ዝስዕብ ብይን ኣሕሊፉ። *መንግስቲ ኤርትራ ንዓንቀጽ 2 ሕጡበ-ጽሑፍ 4 ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሃገራት ብምጥሓስ ዕጡቓት ወትሃደራት ተጠቂሙ ኣብ ግንቦት 12 1998 ንኣብ ሲቪላዊ ምምሕዳር ኢትዮጵያ ዝነበራ ከተማ ባድመን ወረዳታት ላዕላይን ታሕታይን ኣድያቦ ብሓይሊ ከምዝሓዘ በይኑ። ነዚ ብዝምልከት ካሕሳ ኣብ ካልኣይ ገጽ ናይቲ መስርሕ ክብይን ምዃኑ ኣብሪሁ።* ክልቲኦም ወገናት ከኣ ነዚ ብኮምሽን ካሕሳ ዝተዋህበ ብይን ብወግዒ ተቐቢሎሞ። በዚ ኸኣ ኤርትራ ኣብ ማሕበረሰብ ዓለም ከም ወራሪት ክትቁጸር በቒዓ። ንሕና ከኣ ካልእ ሽግርና ከይኣኽለናስ፡ ካሕሳ ክንከፍል ንሕተት ኣለና ማለት እዩ።

ብዝኾነ እዚ ልኣለውነትና ንምኽባር ኢልና ዘካየድናዮ ኅነጻዊ ግጥም ኣንጻር መንግስቲ ኢትዮጵያ እቲ ዝግባእ ዕላምኡ ወቒዑ ኢልና ክንኣምን ንኽእል ኢና። እቲ ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ግን ኣዝዩ ኣስካሕካሒ ከም ዝነበረ ክንዛረበሉ ኣይነፍቅድን። ኣብዚ ግጭት እዚ ብዙሓት ዕሸላት ተመልዒሶምን ሰንኪሎምን እዮም። ብተወሳኺ ብስም ምክልኻል ሃገር ኢልና ዝዓጠቕናዮ ጠበንጃ ንብዙሓት ኮብሊልኩም፡ ትእዛዝ ምኽባር ኣቢኹም ብዝብልን ካልኦት ደቀቕቲ ጉዳያትን እንዳልዓልናን ኣብ ሸዊት ዕድሚኦም ቀዚፍናዮም ኢና። ብዙሓት ዜጋታት፡ ኣመንቲ ክርስትና ዝርከብዎም፡ ስረ ዝፈትሑ፡ መሳርሒ ናይ ወያኔን ምዕራባውያን እንዳበልና ከምዝስወሩን ዝእሰሩን ጌርናዮም ኢና። ዓድታትን ስድራቤታትን ተበታቲነን። ቁጠባዊ ሃብቲ ናይ ሃገርን ንብረት ህዝብን በሪሱ። ህዝቢ ኣብ ሓደጋ ከም ዝወድቕ

ኮይኑ። ምኽንያቱ ኣብ ብሾናትን ወረ ሾነትን ዝፍለጥ ከባቢ ቁጠባውን ማሕበረ-ፖለቲካውን ምዕባለ ፍጽም ክረጋገጽ ኣይክእልን።

እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን ኣብ ክንዲ ነቲ በሰላታት ናይቲ ንነዊሕ ዝቐጸለ ብረታዊ ቃልስና ገምጊምና፡ ነቲ ኣዎንታዊ ዓቂብና ነቲ ኣሉታውን ሃሳይን ተመኩሮና ኣለሊና ክንቃለሶን ከነሕውዮን ንፍትን ነቲ ዳሕራይ ሓቢእና ነቲ ቀዳማይ ድማ ኣወቂብና ክንጓዓዝ ምምራጽና እዩ። በዚ ከኣ እዚ ዘሎ ወለዶ ኩለንተናዊ ጎንታት ናይ ታሪኽና ከይገለጽናሉ ከም እንደገና ካልኣይ ወለዶ ኣብ ሓዊ ኣትዩ ኣደዳ ሞትን ካልእ ኩሉ ዓይነት ጉድኣትን ንክኸውን በቒዑ። ብሓጺሩ እቲ ጎነጻዊ ርዲኢትና ነዚ ሓድሽ ወለዶ ኣመሓላሊፍናሉ። ንሞት ከም “መርዓ” ንስንክልና ከም “ስልማት”፡ ንኸርተት ከም “ተመክሮ”፡ ንድኽነት ከም “ርእሰ ምርኮሳ”፡ ንምእዙዝነት ከም “ሃገራውነት” ጌርና ንኹሉ ገምጢልና ንርድኦን ንሰባት ድማ ብኽምኡ ክንጸልዎም ንፍትንን።



ዋርሳይ፡ ውትህድርና ከም ዘሓብን ውርሻ
ስእሊ፦ erey.50megs.com

> ኣብ ዓለም እቲ ዝፈርሐ ሰብ እቲ ካብ ሓቂ ዝፈርሕ ሰብ እዩ።

ወረ እናሓንሳብሲ፡ ብሉጻት ኣቦታትና፡ ኣዴታትና፡ ኣሓትናን ኣሕዋትናን ግዳያት ጎነጽ ኮይኖም ኣብ ዕሸሎም ብጠያይቲ ተመልዒሶምሲ ኣዴታቶም “ዕል..ልል” ኢለን ተቐቢለንኦ ክብሃል ብማዕከናት ዜና ክትሰምዕ ከለኻ ዘደንጹ እዩ። ብሉጻት ኣቦታትናን፡ ኣዴታትናን፡ ደቅናን፡ ኣሕዋትናን ኣጥፊእናስ “ዕል..ልል”! እዚስ ኣይግድን! ውሽጣዊ ስሚዒትና'ኳ ከምዚ ኢሉ ክዓውር ኣይክእልን። ከመይሲ ሰብና ኣጥፍኢና ድኣ እንታይ ዕልልታ ክህሉ። ብኣንጻሩ እኳ'ድኣ ከም ሰብ ርህራሀ፡ ፍቕርን ሓልዮትን ስለዘለና ሕርር ኩምትር ንብል። ብዝኾነ ምኽንያታት ክንዛረበሉ ኣይንደልን ንኸውን እንበር፡ እዚ እዩ እቲ ሓቀኛ ውሽጣዊ ስምዒትና።

ከም ደቂ ሰባት ርህራሀ፡ ፍቕርን ሓልዮትን ኣለና። እዚ ባህሊ'ዚ እዩ ከኣ ንመጻኢ ወለዶ ከይፈራሕና ዓው ኢልና ክንነግሮምን ከነውርሶምን ዝግባእ። ኣብዚ ሓደ ነገር ደጋጊምና ክንዝክር ይግባኣና። ኣብ ዓለም እቲ ዝፈርሐ ሰብ እቲ ካብ ሓቂ ዝፈርሕ ሰብ እዩ።

**ናይ ሎሚ ኤርትራ**

ደቂ ሰባት ከቢሮምን ወነንቲ መጻኢ ህይወቶምን ምዕባልኦምን ኮይኖም ክነብሩ እንተደኣ ኮይኖም መሰረታዊ ናጽነት የድልዮም። እንተወሓደ ናይ ሓሳብካ ምግላጽን ምምራጽን ናጽነታት። እቲ ንዘመናት ህዝቢ ኤርትራ ዘካየዶ መሪሪ ቃልሲ ከኣ ነዚም ናጽነታት ንምጭባጥ እዩ። እዚ ብሉጻት ደቂ ህዝቢ ብጅግንነት ዝሓለፉሉ፡ ዝሰንከልሉን ዕድመ ንእስነቶም ወፍዮም ንዓመታት ኣብ በረኻታት ከርተት ዝበልሉን ቅዱስ ዕላማ ግን ህያው ኮይኑ'ዶ እናበልካ እናሻዕ ምሕታት ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ክገብሮ ዝግብኦ ሞራላውን ሃገራውን ሓላፍነቱ እዩ። ገለ ካባና እንተስ ኣዕሙቕና ክንሓስብ ግዜ ብምስኣን ድዩስ ዋላ ብኻልእ ምኽንያታት ተደሪኽና፡ *እንቛዕ ጥራሕ ናጽነት መሬት ተረኽበ እምበር ካልእ ብዙሕ ጸገም ኣይኮነን* ኢልና ዕሽሽ ንብሎ ንኸውን። እቶም ንናጽነት ኤርትራ ኣሃዱ ኢሎም ቃልሶም ዝጀመሩ፡ ኣብ ግጥማት ብትብዓት ዝወደቑን ዕድመ ንእስነቶም ወፍዮም ንዓመታት ኣብ በረኻታት ከርተት ዝበሉን ግን ናጽነት መሬት ጥራይ ኣይኮነን ኔሩ ዕላማኦምን ትምኒቶምን።

ንኣብነት ኣቦና ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም ኣብ 40'ታት ኣርሒቑ ዝጠመተ ልቦና ብዝመልኦ ኣዘራርባ ከምዚ ዝስዕብ ኢሎም ኔሮም። *…ናጽነት ማለት ናጽነት ሃገርን ህዝብን እንበር ናጽነት መሬት ጥራይ ኣይኮነን። ሓደ ካብ ክልቲኡ እንተዘየለ ናጽነት ክበሃል ኣይከኣልን።…* ስለዚ በይኑ ልኡላውነት ወይ ናጽነት መሬት ጥራይ መዓቀኒ ክብርን መሰልን ደቂ ሰባት ክኸውን ኣይክእልን። እቶም ኣብ 1993 ዝተኻየደ *ሪፈረንደም እወ ንናጽነት ኤርትራ* ኢልና ዘድመጽና፡ ንልኡላውነት ሃገር ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኪንዮ ልኡላውነት ዝኸይድ ንመሰል፣ ኽብሪ፣ ናጽነትን ፍትሕን ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ዘጠቓልል እዩ። ካብዚኦም ሓደ ምስዘይከበር ከኣ ዊንታን ድሌትን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ተጎሰዩ ማለት እዩ። ንሕና ከኣ እቲ ድምጽና ዝሃብናሉ ወይ ከምቲ ዝተቓለስናሉን ዝተጸበናዮን እቶም ከቢርና ንኽንነብር ዘድልዩና ናጽነታት ተዋሒሶም'ዶ ኢልና እናሻዕ ክንሓትት ከም ዜጋታት ሃገራውን ሞራላውን ሓላፍነትና እዩ። እዞም ናጽነታት ከምተዋሕሱ'ከ በየነይ መዓቀንታት ነረጋግጽ?




ኣቦና ኣቶ ወልድኣብ ወልደማሪየም
ስእሊ፦ erey.50megs.com

ሓንቲ ልዑላዊት ሃገር ኣብ መንጎ ህዝብን ወኪል መንግስትን ብዝእቶ ህዝባዊ ውዕል ወይ ሃገራዊ ቅዋም ትመሓደር። ህዝባዊ ውዕል መሰላትን ሓላፍነትን ናይ መንግስትን ህዝብን ይሓቑፍ። ኲሉ ህዝቢ እታ ሃገር ጸታ፡ ሃይማኖትን ዓሌትን ብዘይፈሊ መገዲ ነቶም ኣብ ህዝባዊ ውዕል ዝርከቡ ሓረጋት ክፈልጦምን ብወለንታኡ ድማ ክኣምነሉን ክሰማማዕን ይግባእ። እቶም ኣብቲ ውዕል ሰፊሮም ዝርከቡ ሓረጋት ድማ ፍጹም ብዝኾነ ኣካል ወይ ውልቀ-ሰብ ክጠሓሱ ኣይግባእን። ውግእ፣ ወራር፣ ድርቅን ካልኦት ተፈጥሮኣዊን ሰብ-ሰርሓን ሽግራት ተኸሲቶም ብምባል ንህዝባዊ ውዕል ወይ ሃገራዊ ቅዋም ምስራዝ ወይ ምድስካል ብሞራል ወይ’ውን ብሕጊ ፍጹም ቅቡል ኣይኮነን። ምኽንያቱ ህዝባዊ ውዕል ወይ ሃገራዊ ቅዋም ርእሱ ዝኸኣለ፡ ብ “እዋን ህጹጽ ኩነታት” ዝፍለጥ፡ ንኣተሓሕዛን ምምሕዳርን እዞም ብሃገራዊ ሓደጋታት ዝፍለጡ ሽግራት ዘገልግል ዓንቀጽ ወይ ሓረግ ስለዘካትት እዩ።

ብመሰረቱ እቲ ዝበለጸ ኣገባብ ነፍሲ-ወከፍና ረብሓና ወኪልና ክንቀርብ ከለና እዩ። ነፍስ-ወከፍና ግን ኣብ መዓልታዊ ጉዳይ ሃገር ክንሳተፍ ክውንነታዊ ኣይኮነን። ስለዚ ዊንታናን መሰላትናን ብጥርኑፍ ንሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ንኣምኖም ሰባት ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ሃገራት ክብርናን ረብሓታትናን ክከላኸሉልና ናይ ውክልና ስልጣን ንህቦም። እዞም ናይ ውክልና ስልጣን ዝሃብናዮም ሰባት ድማ ኣባላት ባይቶ ወይ ወኪል መንግስቲ ኮይኖም በቲ ሃገራዊ ቅዋም ዝውስኖ መሰረት ንዝተወሰነ ዓመታት የገልግሉ። ኣብ ዝኾነ ግዜ ድማ ድሌታትናን ቋንቋታትናን ክዛረቡን ከድምጹን ይግባእ።

ኣብ ሓንቲ ልኡላዊት ሃገር ኩሎም ሕግታትን ውጥናትን ንመሰረታዊ መትከላት ናይ ህዝባዊ ውዕል ወይ ሃገራዊ ቅዋም ብዘይጻረር መገዲ በቲ ብህዝቢ ዝተመርጸ ወኪል መንግስቲ ይጸድቁ። እቶም ሕግታትን ፖሊሲታትን ድማ ንድሌት፣ ክብርን ረብሓን ህዝቢ ከንጸባርቑ ይግባእ። እዚ ምስ ዘይከውን ግን ነቶም ናይ ውክልና ስልጣን ዝሃብናዮም ሰባት ኣሕዲግና ንካልኦት ክንህቦም ንግደድ። እዚ ንኽንገብር ከኣ በቲ ሃገራዊ ቅዋም ዝውስኖ መሰረት ወቕታዊ *ሃገራዊ ምርጫ* ክነካይድ ይግበኣና። እዚ ምርጫ ንኸነካይድ ከኣ ካብ ብዙሓት ሰባት ኣማራጽታት ክህልውና ይግባእ። ክብርናን ረብሓታትናን

ዝሕልውልና ሰባት ኣለዉና ንኽንመርጽ ከኣ ብዙሓት ሕጹያት ክህልዉና ይግባእ። እዚ ንኽንገብር ከኣ ሲቪካዊ ትምህርቲ ንቐስመሉ ባይታ የድልየና። እዚ ባይታ እዚ ድማ ካብ ፖለቲካዊ ውድባት ናጻ ዝኾኑ ሲቪካውያንን ሃይማኖታውያንን ማሕበራትን ናጻ ማዕከናት ዜናን ካልኦት ትካላትን የጠቓልል። በዞም ናይ ህዝቢ ትካላት እዚኣቶም ጌርና ድማ ናይ ሓሳብካ ምግላጽን ምምራጽን ናጽነታትና ክንዕቅብ ንኽእል ማለት እዩ። ሓደ ህዝቢ ብኸምዚ ኣገባብ ዝመሓደር እንተ ኾይኑ፡ እቲ ህዝቢ ወናኒ ክብሩ፣ መጻኢ ህይወቱን ምዕባሌኡን ይኸውን ማለት እዩ።

*ኣብ ሓንቲ ልኡላዊት ሃገር ኩሎም ሕግታትን ውጥናትን ንመሰረታዊ መትከላት ናይ ህዝባዊ ውዕል ወይ ሃገራዊ ቅዋም ብዘይጻረር መገዲ በቲ ብህዝቢ ዝተመርጸ ወኪል መንግስቲ ይጸድቁ። እቶም ሕግታትን ፖሊሲታትን ድማ ንድሌት፡ ክብርን ረብሓን ህዝቢ ክንጸባርቑ ይግባእ።*

ኣብ ኤርትራ ዘሎ ዝምድና ህዝብን መንግስትን ክንግምግም እንተ ኮይንና ግን እቲ ኣቃውማ መንግስቲ ካብቲ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስናዮ ርትዓዊ ኣገባብ ምምሕዳር መንግስቲ ኣዝዩ ዝተፈልየ ይኸውን። ንዝምድናና ምስ መዓልታዊ ጉዳያት ናይ ሃገር ዘካይዱ ዘለው ሰባት ዝገልጽን ዘመሓድርን ትግቡር ህዝባዊ ውዕል ወይ ሃገራዊ ቅዋም የብልናን። ረብሓታትናን ቋንቋታትናን ዝዛረብ ወኪል መንግስቲ ወይ ሃገራዊ ባይቶ'ውን የብልናን። ሕጊ ኣብ ግብሪ ዘውዕልን ንመሰረታዊ መሰላትና ዝከላኸልን ሓያል ፍርዳዊ ኣካል'ውን የብልናን። ኣብ መንግስቲ ንዓና ዝውክሉና ሰባት ንኽገልግሉና መሪጽና ነምጽኣሉን፡ ንዝሃብናዮም ሓደራ ብቑዓት ኮይኖም ምስ ዘይርከቡ ወይ እምነት ምስ ዘጉድሉ ካብ ስራሕ ከነሰናብተሉ ዘኽእለና ወቕታዊ ሃገራዊ ምርጫ'ውን የብልናን። ንስምዒታትና፣ ክብርና፣ ረብሓና፣ ርእይቶታትናን ጉዳያትናን ናጻ ኮይንና ከይፈራሕና እንገልጸሉ ባይታ'ውን የብልናን። ብዝተፈላለያ ናጻ ዝኾና ሲቪካውያን ወይ ዘይመንግስታውያን ማሕበራትን ትካላትን ተጠቒምና ንመንግስቲ ተጽዕኖ ክንገብረሉ ንኽእለሉ ባይታ'ውን የለን።

ዝኾነ ሕጊ፡ ኣዋጅ ወይ ፖሊሲ ከም ዝጸደቐ ብሃንደበት ይንገረና፡ በቶም ሕግታትን ኣዋጃትን ክንቅየድ ከኣ ንሕተት። እዞም ሕግታትን ኣዋጃትን ንምንታይ ዕላማ ከገልግሉ ከምዝጸደቑ፡ ነየናይ ረቛሒ ኣብ ግምት ዘእተው ምዃኖም፡ ብኸመይ መገዲ ተሓንጺጾም፡ ኣየናይ ኣካል ሓንጺጽዎምን ኣጽዲቕዎምን፡ ብንጹር እንታይ ምዃኖምን ንኽንድይ ግዜ ከምዝጸንሑን ወላሓደ ካባና ዝፈልጥ የለን። ክፈልጥ ዝፈተነ ከኣ እቲ መልሲ ፖሊሲ እዩ፡ መን ፍሊጥ ኢሉካ/ኪ እሰኻ ወይ ንስኺ ወይ 'ውን ማእሰርቲን መግረፍትን ይኸውን። ስለዚ ኣበይደኣ'ሎ እቲ ናይ ሓሳብካ ምግላጽን ምምራጽን ናጽነታት?

ደጋጊምና ከም ዝጠቐስናዮ ህዝቢ ክቢሩ ወናኒ ምዕባሌኡ ክኸውን እንተ ኮይኑ መሰረታውያን ናጽነታት የድልይዎ። እዞም ናጽነታት እንተዘየለው ከኣ ኣብታ ሃገር ሰላም፣ ፍትሕን ምዕባለን ክህሉ ኢልካ ምሕሳብ ሕልሚ ጥራይ ምዃኑ ታሪኽናን ታሪኽ ህዝብታት ዓለምን ይነግረና። እዚ ሓቂ'ዚ ከኣ ንህሉው

ኩነታት ኤርትራ እንተ ገምጊምናዮ ኣዝዩ ጎሊሑ ክረኣየና ይኽእል። ብዘይምግናን ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ'ውን እንተኾነ ርእይዎ ዘይፈልጥ ማሕበራዊ፣ ኤኮኖሚያውን ፖለቲካውን ቅልውላዋት ኣትዩ ይርከብ ኣሎ። ሃገር ኣብ ክንዲ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ሆስፒታላት፣ ሕርሻዊ ኢንዱስትሪታትን ፋብሪካታትን ትሃንጽ፡ ወትሃደራዊ መዓስከራትን ንመሐየሪ ዜጋታት ዝኾኑ ጎዳጉድን ኮንተይነራትን መሊኣ ትርከብ። ዜጋታት ገሊኦም ኣብ ኣብያተ-ማእሰርታታት ይበልዩ፡ ገሊኦም ንስደት ኣምሪሖም፡ ገሊኦም ድማ ከም ገላዩ ኣብ ትሕቲ መወዳእታ ዘይብሎም፡ ዕላምኦም ዘይንጹር፡ እንትርፎ ብህጹጽ ኣዋጃትን ትእዛዛትን ብህዝቢ ዝፈልጦም ሕግን ስነ-ስርዓትን ዘይግዝኡ፡ ብሽም ሃገራውያን ወፍርታት ዝፍለጡ ወትሃደራዊ ኣገልግሎታት ንዓመታት ህይወቶም የሕልፉ ኣለው። እዚ ኹሉ ዜጋታት ንዓመታት ዝኣክል ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ናጽነቶም ተሓሪሞም ንኽነብሩ ኣገዲድዎም ይርከብ። ከም ሳዕቤኑ እቶም ማሕበረ-ቁጠባዊ ምዕባለ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ንኽድንፍዕ ኣገደስቲ ዝኾኑ ባእታታት፡ ከም እኒ ህርኩትነትን ተበላሓትነትን ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ጠፊኦምሲ፡ ሃገር ኣብ ከቢድ ድኽነት ንኽትሽመም ተደሪኻ ትርከብ።

ጠንቂ ናይዚ ኹሉ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ሽግራት ከኣ እቶም ደቂ ሰባት ከቢሮም ንኽነብሩ ዘድልይዎም መሰረታውያን ናጽነታት ኣብ ኤርትራ ዘይክበሩ ብምዃኖም እዩ። እዞም መሰረታውያን ናጽነታት ተሓሪምና ኣብ ድኽነት፣ ፍርሒን ስደትን ክንነብር ከኣ ምስ ተፈጥሮኣዊ ሕጊ ምዕባለ ደቂ ሰባትን፡ ብዓቢኡ ከኣ ምስ ዕላማታትን ትምኒታትን ናይቶም ንኽብርን ናጽነትን ኢሎም ህይወቶም ዘሕለፉ፡ ዝሰንከሉን ዕድመ ንእስነቶም ወፍዮም ንዓመታት ኣብ በረኻታት ዝኸርተቱን ጀጋኑ ኣቦታትና፡ ኣዴታትና፡ ኣሓትናን ኣሕዋትናን ፍጹም ዘይሳነ ይኸውን። እዚ ሓቂ'ዚ እዩ እምበኣር ብቐጻሊ ሕቶታት ህዝቢ ዘልዕል ዘሎ። እዚ ሓቂ እዚ እዩ ከኣ ምኽንያት ሰላማዊ ተቓውሞ ብዙሓት ውልቀ-ሰባትን፡ ምምስራት ሓያሎ ናይ ኤርትራውያን ሲቪካውያን ማሕበራትን ፖለቲካውያን ውድባትን ኣብ ወጻኢ። እዚ ሓቂ'ዚ እዩ ከኣ እቲ ቀንዲ መበገሲ ናይ'ዚ ጽሑፍ እዚ።

**እንታይ ክግበር ይከኣል?**

እቲ ሓቂ ብዛዕባ ኤርትራ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ክኸውን ከሎ፡ እቲ ቀንዲ ሕቶ ግን እዚ ዝስዕብ ኮይኑ ይርከብ። እንታይ እንተ ተገብረ እዩ ኣብ ኤርትራ እዞም መሰረታውያን ናጽነታት ክትከሉን ክዕቀቡን ዝኽእሉን፡ ህዝቢ ድማ ከቢሩን ፍትሒ ረኺቡን ክነብር ዝኽእል?

ልክዕ'ዩ እቲ መሰል፣ ክብሪ፣ ናጽነትን ፍትሕን ንምጭባጥ ኢልና ንዓመታት ዘካየድናዮ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ ኣተሓሳስባና ዝኾነ ስንብራት ገዲፉልና ክኸውን ይኽእል። ዝኾነ ግጭት ብጎነጽ ጥራይ ክፍታሕ ዝኽእል ኮይኑ ንኽስመዓና ይድርኸና'ውን ይኸውን። ጎነጽ ግን ኣብ ቀጻሊ ሓሸውየ ወይ ዓንኬል ናይ ጎነጽ ከእትወና እንተዘይኮይኑ፡ ንኽብሩን ናጽነቱን ኣብ ሓደጋ ዝወደቐ ህዝቢ እቲ ዝድለ ለውጢ ከምጽኣሉ ኣይክእልን። ምኽንያቱ ፍትሕን ሓቅን ብጎነጽ ጥራይ እዮም ክረጋገጹ ዝኽእሉ ኢልና እንተኣሚንና፡ ክንሰርሓሉ'ውን እንተጀሚርና ከይተፈለጠና ምስኡ እነማዕብሎ ኣሉታዊ ኣተሓሳስባን

ርዲኢትን ኣሎ። ንዝኾኑ ኣብ መስርሕ እቲ ቓልሲ ዘጋጥሙ ብድሆታትን ናይ ሓሳብ ምፍልላያትን ብኣነጽ ክንፈትሖም ንህቅን። እዚ ከኣ ፈጺሙ ፍትሓዊ ክኸውን ኣይክእልን። ምኽንያቱ ከም ደቂ ሰባት ዝተፈላለዩ ኣተሓሳስባታትን ርድኢታትን ክህልውና ናይ ግድን እዩ። ሰላም፣ ክብሪ፣ ናጽነትን ፍትሕን ክረጋገጹ እንተኾይኖም፡ እዞም ናይ ሓሳባት ፍልልያት ብናጻ ኣብ መንጎና ክውሕዙ ይግባእ። ኢሂን-ምሂን ተበሃሂልና፡ ሃገራዊ ዋዕላ ጌርና፡ ኣብ መጋባእያ ቤት ፍርዲ ብምኻድን ካልኦት ዘይጎነጻውያን ኣገባባት ጌርናን ነዞም ናይ ሓሳብ ፍልልያት ከነጽብቦም ይግባእ። ካብዚ ሓሊፉ ግን ብጎነጽ ዝመጽእ ነባሪ ሰላም፣ ፍትሕን ክብርን የለን። ከምቲ *ዝዘራእካዮ ኢኻ ትዓጽድ ዝብሃል፡* ውሕስን ቀጻልነት ዘለዎን ፍትሒ ብፍትሓዊ ኣገባብ ቃልሲ ጥራይ እዩ ክረጋገጽ ዝኽእል።

> *ከምቲ "ዝዘራእካዮ ኢኻ ትዓጽድ" ዝብሃል፡ ውሕስን ቀጻልነት ዘለዎን ፍትሒ ብፍትሓዊ ኣገባብ ቃልሲ ጥራይ እዩ ክረጋገጽ ዝኽእል።*

ኣብ'ዚ ሓደ ኣዝዩ ሓያልን ፍትሓውን ዝኾነ ኣገባብ ቃልሲ ከምዘሎ ኩላትና ከነስተውዕሎ ዘሎና ሓቂ እዩ። ኣብቲ ቀዳማይ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ከም ዝዳህሰስናዮ፡ እዚ ቃልሲ'ዚ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ተባሂሉ ይፍለጥ። እዚ እቲ ዝወሓደ ክሳራ ዘለዎ ጥራይ ዘይኮነስ፡ እቲ ዝሓየለን ኣብ ሓጺር እዋን ድማ ኣብ ጎደና ውሑስ ሰላም፣ ፍትሕን ምዕባለን ንኽንጉዓዝ ይሕግዘና። ኣብ ብዙሓት ሃገራትን ሕብረተሰባትን እውን ሰሪሑን ነባሪ ለውጢ'ውን ኣምጺኡ ይርከብ። በዚ ኸኣ እቲ ዝሓየለ ንናጽነት፣ ፍትሕን ክብርን ዝግበር ኣገባብ ቃልሲ ኮይኑ ይርከብ። ብተወሳኺ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ነቲ ዝኣረገን ሓደገኛን ተተመሊሱ ዝደግሰና ጎነጻዊ ኣተሓሳስባ ክንብድሆን ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ሕብረተሰብና ንኽእለን ይሕግዝ። እቶም ዘይጎነጻዊ ቃልሲ እንኽተል ከኣ እዚ ኣገባብ ቃልሲ ንክብሪ፣ ናጽነት፣ ሓሳባትን ኣረኣእያታትን ናይ ካልኦት ዜጋታት፡ ኣካላትን ውድባትን እነኽብርን እንጻወርን ንኽንከውን ይሕግዘና።

> *መስርሕ ምውናን መሰል፡ ናጽነትን ክብርን ዘገም እናበለ ብቐጻሊ ጻዕሪ ናይ ኩልና ዝረጋገጽ እዩ። እዚ መስርሕ እዚ ከኣ ኣብ ዝኾነ ሓደ ታሪኻዊ ሁሞት ተረጋጊጹ ኢልካ ዘቋርጽ ኣይኮነን።*

ንኣምራት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ብደቂቖ ቅድሚ ምርኣይና ግን ሓደ ሓቂ ክንግንዘብ የድልየና። ፈጣሪ መሰረታዊ ናጽነታትና ተዓቂቦም፡ ከቢርናን ፍትሒ ረኺብናን ክንነብር ኢሉ እዩ ፈጢሩና። ናጽነትን ክብርን ብሓደ ውልቀ ሰብ ወይ ብዝኾነ ስልጣን ክጭብጥ ዝኻኣለ ጉጅለ ወይ'ውን መንግስቲ ዝዕደል ወይ ዝወሃብ ኣይኮነን። ክብርናን ናጽነትናን ኣብ ውሽጢ ነፍስ-ወከፍና እዮም ዘለው። ካልእ ሰብ ክህበና ወይ ከወፍየልና ክንጽበ የብልናን። መስርሕ ምውናን መሰል፡ ናጽነትን ክብርን ዘገም እናበለ ብቐጻሊ ጻዕሪ ናይ ኩልና ዝረጋገጽ እዩ። እዚ መስርሕ እዚ ከኣ ኣብ ዝኾነ ሓደ ታሪኻዊ ሁሞት ተረጋጊጹ ኢልካ ዘቋርጽ ኣይኮነን። የግዳስ መሰልናን ክብርናን ንኽንዕቅብን ንኽንከላኸልን ደጋጊምና ክንለማመዶ፣ ክንሰርሓሉን ዕለታዊ ቃልስና ከነናጥፍን ይግበኣና። ነዚ ሓቂ'ዚ እንተተረዲእናዮ፡ ደጊም ንዘይፍትሓውን ክብርና ኣብ ሓደጋ ዘውድቕን ኣጋጣምታት

ክንምእዘዝን ክንብርከኽን ዘይንኽእል ሓያል ህዝቢ ንኸውን ማለት እዩ። ዘይጎነጻዊ ቓልሲ ከኣ ነዚ ሓቂ'ዚ ምርኩስ ብምግባር ይሰርሕ። ኣብዚ መስርሕ'ዚ ግን ብምስትውዓል ከነድህበሎም ዘሎና ኣገደስቲ ነገራት ኣለው። እቶም ቀንዲ ከኣ ኣገባባትን ኣብ መንጎ ከጋጥሙና ዝኽእሉ ብድሆታትን እዮም። ኣብ ዝቕጽል ትሕዝቶ እዚ መጽሓፍ ድማ ነዚኦምን ካልኦት ኣገደስቲ ባእታታት ዘይጎነጻዊ ቃልሲን ክንሪኢ ክንፍትን ኢና።

# 2. ምንጪ ሓይሊ፣ ስልጣንን ምዕባለን ህዝቢ እዩ

ህዝቢ ማለት እንታይ ማለት እዩ? መን'ዩ'ሽ ህዝቢ? መብዛሕትና "ህዝቢ" ኢልና ክንዛረብ እንከሎና፡ ንውልቅና ዝሕውስ ኮይኑ ኣይስማዓናን። ስለዚ ድማ ኢና፡ "ህዝቢ ከምዚ ጌሩ"፡ "ህዝቢ ከምዚ እተዝገብር ወይ እንተዝብል"፡ "ህዝቢ'ዩ በዲሉ ወይ ተበዲሉ" ኢልና ንዛረብ። ህዝቢ ግን መን እዩ? ኣበይ ኣሎ? ህዝቢ ማለት ንስኻን ንስኽን እዩ። እኩብ ናይ ኩላትና ድማ ህዝቢ ይበሃል። ስለዚ ህዝቢ ንሕና ስለዝኾና ብውልቅና እንገብሮን እንብሎን ኩሉ ተደማሚሩ ንህዝቢ ይውክል ማለት እዩ። ስለዚ ንሕና ብውልቂ ከይተዛረብና ወይ ከይተግበርና ንህዝቢ ዝውክል ርእይቶታትን ንጥፈታትን ክህሉ ኣይክእልን። እቲ ዝሓሸን ሓቀኛን ኣገላልጻ እምበኣር ኣብ ክንዲ ብህዝቢ ንጅምር "ኣነ ከምዚ ጌረ"፡ "ኣነ ከምዚ እንተዝገብር ወይ እንተዝብል"፡ "ኣነ'የ በዲለ ወይ ተበዲለ" ኢልና ክንዛረብ ርትዓዊ ይኸውን። ብሓፈሻኡ ንሕና ህዝቢ ወይ ህዝብታት እምበኣር ወነንቲ ኩሉ ምዕባለታት ኢና ክንብል ንኽእል።

እዚ ኩሉ ዝሓለፈን ዘሎን ዝቕጽልን ምዕባለታትን ስልጣኔታትን ናይ ብዙሓት ህዝብታት ዓለም ንምንታይ ዕላማ እዩ ኢልና ሓሲብናዶ ንፈልጥ? ስለምንታይ ኢና ዝተሓላለኹ ትካላትን ማሕበራትን እናመስረትና ሰላም፡ መሰል፡ ናጽነት፡ ፍትሕን ብልጽግናን ንምርካብ ላዕልን ታሕትን ንብል? *እቲ እንኮን ናይ መወዳእታን ዕላማ እምባኣር ደቂ-ሰባት ኣብዛ ሓጻር ዕድመና ከቢርናን ወነንቲ መጻኢ ህይወትናን ምዕባለናን ኮይና፡ ቅሳነት ዝዓሰሎ ሕጉስ ሂወት ንምሕላፍ ጥራይ እዩ።* ሓደ ካብዞም ብዙሓት ኣብ ህይወት ደቂ ሰባት ኣገደስቲ ምዕባለታት ድማ ፖለቲካዊ ምዕባለ እዩ። ፖለቲካዊ ምዕባለ ክበሃል ከሎ ግን እንታይ ማለት እዩ?

> *ፖለቲካዊ ምዕባለ ሓደ ካብቶም ኣብ ህይወት ደቂ-ሰባት ኣገደስቲ ምዕባለታት እዩ።*

ካብ ታሪኽ ንዘመናት ዝኣክል ብዙሓት ኣብነታት ናይ ኣዕናውን ትርጉም ዘይህብን ኣጠቓቕማ ፖለቲካዊ ስልጣን ሪኢና ኢና። እዚ ዘጋጥም ከኣ ካብ ዓቐን ንላዕሊ ፖለቲካዊ ስልጣን ኣብ ውሑዳት ውልቀ ሰባት ወይ ጉጅለ ምስ ዝድረት ይኸውን። እዚ ፖለቲካዊ ኩነት ንፖለቲካዊ ክትዓት፡ ህዝባዊ ነቐፌታን ካልኦት ሃነጽቲ ወይ ኣረምቲ ኣገባባትን ቦታ ዘይህብ እዩ። ከም ሳዕቤን ናይዚ ከኣ ኣብ ሓደ ሃገር ምልኪን ጭቆናን የኸትልን፡ ንፖለቲካዊን ማሕበረ-ቁጠባውን ምዕባለታት ናይ ሓንቲ ሃገር ድማ ሓሊኹ ይሕዝ። ህዝብታት ዓለም እዚ ፖለቲካዊ ኩነት ንሓደ ሕብረተሰብ ዘየርብሕ ምዃኑ ምስ ተዓዘቡ ፍታሕ ንምርካብ ዝተፈልየ ኣገባብ ከማዕብሉ ተገዲዶም። ኮይኑ ድማ ፖለቲካዊ ስልጣን ብምምቕራሕ፡ ሓደ ውልቀ ሰብ ወይ

> *ህዝቢ እንተዘየለ መንግስቲ ዝበሃል ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ብኣንጻሩ መንግስቲ እንተዘየለ፡ እቲ ህዝቢ ሓደ ባዕሉ ዝተቐበሎ ስርዓተ-ምሕደራ ወይ መንግስቲ ክወልድ ባህሪያዊ'ዩ።*

ጉጅለ ክህልዎ ዝኽእል ፖለቲካዊ ስልጣን ገደብ ብምግባርን፡ ንናጽነትን መሰልን ነፍስ-ወከፍ ዜጋ ዝዕቅብ ህዝባዊ ውዕል፣ ሕግታትን ቻርተራትን ብምጽዳቕን ኣብ ግብሪ ብምውዓልን ነቲ ፖለቲካዊ ኩነት ፍታሕ ክረኽብሉ ክኢሎም። እዚ ፖለቲካዊ ስርዓተ-ምሕደራ ከኣ ዲሞክራሲያዊ ተባሂሉ ይፍለጥ። ኣብዚ ሎሚ እዋን ድማ ዝበዝሓ ሃገራት ዓለም በዚ ዓይነት ፖለቲካዊ ምምሕዳር ተኸቲለን ይጎዓዛ ኣለዋ።

ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓቂ ከኣ እዚ ሎሚ ብዙሓት ሃገራት ዓለም ክጥቀማሉ በቒዐን ዘለዋ ንህዝቢ ዘማእክል ፖለቲካዊ ምዕባለ ክብጻሕ ዝተኻእለ ብናይ ህዝብታት ዓለም ጻዕሪ ምዃኑ ክንርዳእ ንኽእል። ስለዚ ህላወ ሓደ ፖለቲካዊ ስርዓተ-ምሕደራ ወይ መንግስቲ፡ ባህሪኡ፣ ሕጋውነቱን ፍትሓውነቱን ብዘየገድስ፡ ኣብ ተቐባልነት ናይ ህዝቢ ዝምርኮስ እዩ። እዚ ማለት ከምቲ ሓደ ህድሞ ወይ ኣጉዶ ብዘይ ኣዕኑድን መጻውርን መንደቕን ክቐውም ዘይክእል፡ ከምኡ'ውን ሓደ ስርዓት ወይ መንግስቲ ብዘይ ህዝብን ትካላቱን ደው ክብል ከቶ ኣይከኣልን እዩ። ስለዚ ህዝቢ እንተዘየለ መንግስቲ ዝበሃል ክህሉ ኣይክእልን እዩ። ብኣንጻሩ መንግስቲ እንተዘየለ፡ እቲ ህዝቢ ኩሉ ግዜ ሓደ ባዕሉ ዝተቐበሎ ስርዓተ-ምሕደራ ወይ መንግስቲ ክወልድ ባህሪያዊ'ዩ።

ኮይኑ ግን፡ መብዛሕትኡ ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ስርዓት ዝነብር ህዝቢ፡ መንግስቲ ሓደ ሓያል፣ ዘይጽግዕተኛ፡ ኩሉ ዝክኣሎን ነባሪ ኣካል ናይ ሓደ ሕብረተሰብን ኢዩ ኢሉ ክኣምን ይኽእል። ገለ ክፋል ናይቲ ሕብረተሰብ'ውን እቶም ኣብ መሪሕነት ዘለው ውሑዳት ውልቀሰባት ጥራይ እዮም ኣብ ሃገራውን ኣህጉራውን ጉዳያት ተሳቲፎም ኣድማዒ ውጽኢት ከምጽኡ ዝኽእሉ ኢሉ ክኣምን ይኽእል። ገለ'ውን እቶም ውሑዳት መራሕቲ ጥራይ ረብሓታት ህዝቢ፣ ውሕስነት መግብን ሃገርን ከረጋግጹ ዝኽእሉ ኢሉ ክኣምን ይኽእል። ገለ ክፋል'ውን መራሒ ሃገር ወይ እቶም ውሑዳት መራሕቲ ነቲ ህዝቢ ከገልግሉ ካብ ፈጣሪ ዝተላእኩ ውልቀ-ሰባት ወይ ነብያት ኮይኖም ክስምዖም ይኽእል። እዚ ኣተሓሳስባታት ናይ ህዝቢ ተደማሚሩ ከኣ እቲ ዝበዝሕ ክፋል ናይቲ ሕብረተሰብ ህላዊኡን ህላወ ሃገሩን ኣብ ህላወ እዞም ውሑዳት መራሕቲ ከም ዝምርኮስ ጌሩ ንኽወስዶ ይግደድ። ንኣብነት ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኣተሓሳስባ እንተ ገምጊምናዮ ገለ ካባና ፕረሲደንት ኢሳያስ እንተዘየሎ ሃገር ከምዘይትህሉ ዝመስለና ውሑዳት ኣይኮናን።

ህዝቢ ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣተሓሳስባ ንኽማዕብል ከኣ ናይ ሓደ መላኺ መንግስቲ ጻዕቂ ፕሮፖጋንዳ እቲ ዝለዓለ እጃም ኣለዎ። ብፍላይ እቲ ህዝቢ ርእይቶኡ ዝህበሉ ወይ ሓበሬታ ዝረኽበሉ፡ ካብ መንግስቲ ናጻ ዝኾነ ባይታ ወይ ማዕከናት ዜና ኣብታ ሃገር ምስዘይህልው፡ እዞም ኣተሓሳስባታት ኣዝዮም ጎሊሖም ይረኣዩኻ። ከም ሳዕቤን ናይዚ ኸኣ ህዝቢ ንዝኾነ በቶም ውሑዳት መራሕቲ ዝጸድቕ ሕግታትን ፖሊስታትን ብዘይ ቅድመ ኩነት ንኽኽብሮን ከተግብሮን ይጽዕት። እዞም ሕግታትን ፖሊስታትን ንህዝቢ ዘማእከሉ ወይ ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ናይ ዜጋታት ኣብ ግምት ዘእተው ድዮም ኣይኮኑን ኢሉ ክሓትት ዝኾነ ኣይብገስን። በዚ መሰረት ድማ እቶም ውሑዳት

መራሕቲ ወይ እቲ ስርዓት ምእዙዝነትን ምትሕብባርን ናይ ህዝቢ ክሳብ ዝረኸበ፡ እቲ ስርዓት ካብቲ ሕብረተሰብ ዝሓየለ ኣካል ኮይኑ ነቲ ዝበዝሕ ክፉል ህዝቢ ክርኣዮ ይጅምር።

ከም ኣብነት ናይ ኤርትራ ኩነታት ክንድህስስ ንኽእል። ኣብ ኤርትራ እቶም ዜጋታት ከቢሮምን ወነንቲ ምዕባልኦምን ኮይኖም ንኽነብሩ ዘድልይዎም መሰረታውያን ሰብኣዊ ናጽነታት ከምዘይተዋሕሱ ኣብ ዝሓለፈ ምዕራፍ ናይዚ ጽሑፍ ሰፊሩ ይርከብ። ኮይኑ ከብቅዕ ግን ኣብ ኤርትራ ብዙሓት ዘይፍትሓውያን ፖሊስታት ብዘይ ጸገም ኣብ ግብሪ ክውዕሉን ክስርሓሎምን ንዕዘብ። ዳርጋ ብምሉኦም እቶም ፖሊስታት ከኣ ኣየነይ ኣካል ናይ መንግሰቲ፡ ንምንታይ ዕላማታት ክወቕዑ፡ ብኸመይ ኣገባብ፡ ወዘተ… ከምዝጸደቑ ዝፈልጥ የለን። ሃንደበት ጸዲቖም ይቐርቡልና'ሞ፡ እቶም ኣብ ግብሪ ነውዕል ግን ባዕልና ኢና።

ባዕልና ተዋጋእቲ ወታሃደራት፡ ኣማኸርቲ፡ ሰራሕተኛታት፡ ካድራት፡ መሃንድሳት፡ መምሃራን፡ ፖሊስ፡ ዲፕሎማሰኛታት፡ ከፈልቲ ግብሪ፡ ኣባላት ስለያ፡ ጸሓፍቲ፡ ጋዜጠኛታት፡ ነጋዶ፡ ሓካይም፡ ኣማሓደርቲ፡ ተክኒሻናት፡ ደረፍቲ፡ ገጠምቲ፡ ተዋሳእቲ፡ ወዘተ… ኰንና ነቶም ዘይፍትሓውያን ፖሊሲታት ምሉእ ብምሉእ ከምዝዕወቱ ንገብሮም። እዚ ንገብር ከኣ ብዋጋ መሰረታዊ መሰልና፣ ክብርናን ናጽነትናን እዩ። ብብዝሒ ፕሮፓጋንዳ ሰኺርና ድማ ንዓመታት ወሰንቲ መጻኢ ህይወትናን ምዕባለናን ከይኮና፡ ኣብዛ ሓጻር ዕድሜና ከይቀሰንናን ኣብ ድኽነት፣ ከርተትን ስደትን ነሕልፎ። ነዚ ሓቂ'ዚ ተገንዚብና ብትብዓትን ሓቢርናን፡ ኪኢላዊ ዓቕምና ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልና፣ ናጽነትናን ክብርናን ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ፖሊስታት ንምዕወት ኣይነውዕሎን ኢልና፡ እምቢታና እንተ ኣስማዕና፡ እቲ ኣዕናዊ ፖሊሲ ወይ ውጥን ዝዕወት ኮይኑ'ዶ ይስምዓና? እስከ ነዚ ሓደ ኤቲን ዲ. ላ. ቦቴ ዝበሃል ፈረንሳዊ ፈላስፋ ብዛዕባ ሓደ ውልቀመላኺ ዝበሎ ሓሳብ ንርአ፡

> *እሱ፡ እቲ ኣብ ልዕሌኻ ኾይኑ ዝቆጻጸረካ ክልተ ዓይኒ ጥራይ እዩ ዘለዎ፤ ክልተ ኢድ ጥራይ እዩ ዘለዎ፤ ሓደ ነብሲ ጥራይ እዩ ዘለዎ፤ ካብዚ ዝበዝሕ ዘለዎ ወላሓደ ሰብ እኳ የለን። ብርግጽ ንሱ ንኸዕንወካ ካብቲ ባዕልኻ ትቕርበሉ ንላዕሊ ወላሓደ ፍሉይ ነገር የብሉን። ንስኻ ባዕልኻ እንተዘይ ትቕርበሉ ከመይ ጌሩ እዚ ኹሉ የዒንቲ ንዓኻ ንኸስልየካ ረኺብዎ? ከመይ ጌሩ እዩ 'ሞ ንዓኻ ንኽወቅዕ እዚ ኹሉ ኢድ ረኺብዎ፡ ንስኻ ባዕልኻ እንተ ዘይተለቅሖ? ናትካ እንተ ዘይኮኑ ኔሮም እቶም ንዓኻ ዝረግጹኻ የእጋር ካበይ ምረኸቦም?*

ካብዚ እንርድኦ ነገር እንተሎ ዝኾነ ሕጊ፣ ውጥን ወይ ፖሊሲ፡ ብዘየገድስ በየናይ ኣካል ወይ ውልቀ-ሰብ ወይ ኣበየናይ ቦታ ይጸድቕ፡ ይትግበርን ኣይትግበርን ንኹልና ዝምልከት ጉዳይ ይኸውን ማለት እዩ። እቲ ሕጊ ወይ ውጥን ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልና፣ ክብርናን ናጽነትናን ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ክኸውን ይኽእል እዩ። መሰልና፣ ክብርናን ናጽነትናን ኣብ ሓደጋ ይወድቑን ኣይወድቑን ወይ ወሰንቲ መጻኢ ህይወትና ንኸውንን ኣይንኸውንን ግን፡ ኣብቲ ነቲ ሕጊ ወይ ውጥን ዘጽደቐ ውልቀሰብ ወይ

ኣካል ዘይኮነስ፡ ኣብቲ ነፍስ-ወከፍና ንገብሮ ንጥፈታት ብሰፊሑ ይምርኮስ ማለት እዩ። ስለዚ እታ መፍትሕ ኣብ ኢድ ኩልና ምህላዋ እዩ። ነዚ ሓቒ'ዚ ኣብ ግምት ብምእታው እዩ ድማ ጋንዲ እዚ ዝስዕብ ዝበለ … *ብዘይ ምትሕብባር ናይ ህዝቢ ወላሓደ መንግስቲ ወይ ስርዓተ-ምምሕዳር ንሓንቲ ካልኢት'ውን ትኹን ክሰርር ኣይክእልን።…ህዝቢ ብዅሉ መዳያት ንመንግስቲ ምትሕብባሩ እንተ ኣቛሪጹ፡ እቲ መንግሰቲ ንዘይፍትሓውያን ሕግታትን ውጥናትን ንኸተግብር ዓቕሚ ይስእን።…* እወ፡ ምንጪ ሓይሊ፡ ስልጣንን ምዕባለን ናይ ሓንቲ ሃገር ህዝቢ እዩ። እስከ ነዚ ሓቒ'ዚ ብግቡእ እትገልጽ ሓንቲ ብቻይናዊ ሊዩ ጂ ዝተተረኸት *ዛንታ ኅይታ ሀበይ* እትብል ምሳልያዊት ዛንታ ንርአ፡

> *ኣብ ቻይና ኣብ ዝነበረ ፊውዳላዊ ስርዓት ሓደ ሰብኣይ የህባይ እናስርሐ ይነብር ነበረ። ህዝቢ ቻይና ነቲ ሰብኣይ "ኅይታ ሀበይ" ኢሉ ይጽውዖ ነበረ። ኩሉ ረፍዲ እቲ ሰብኣይ ነተን የህባይ ኣብ ገበልኡ ይእክበን እሞ ናብ እቲ ጥቓ ዓዲ ዘሎ ጎቦ ክይደን ፍረታት ካብቲ ዱር ከምጽኣ ይእዝዘን። ነታ ካብ ኩለን ዝዓበየት ህበይ ከኣ ነተን ዝተረፋ ክትመርሐን ይእዝዛ። ነፍስ-ወከፍ ህበይ ከኣ ካብቲ ትእክቦ ፍረታት ፍርቂ ነቲ ሰብኣይ ክትህቦ ትግደድ ነበረት። ከምዚ ዘይትገብር ህበይ ከኣ ብኹርማጅ ትቕጥቀጥ ነበረት። ኩለን እተን የህባይ ተሳቒያ። ኮይኑ ግን ክጠርዓ ኣይከኣላን።*

> *ሓደ መዓልቲ እታ ንእሽቶይ ህበይ ነተን ካልኦት ከምዚ ክትብል ሕቶ ኣቕረበትለን፡ "እቲ ሰብኣይ ድዩ ነዚ ኹሉ ኣብዚ ዱር ዘሎ ኣግራብ ተኺልዎ?" እተን ካልኦት ትቕብል ኣቢለን፡ "ኣይኮነን ባዕሉ እዩ ዝበቁል" በልኣ። እታ ንእሽቶይ ህበይ ሕቶኣ ብምቕጻል፡ "ብዘይ ፍቓድ ናይ'ዚ ሰብኣይ ነዚ ፍረታት ክንወስዶ ኣይንኽእልን?" በለተን። እተን ካልኦት ድማ "እወ ክንወስዶ ንኽእል እምበር" ኢለን መለሳላ። እታ ንእሽቶይ እንደገና ብምቕጻል "እሞ እንታይ ኢና ኣብ'ቲ ሰብኣይ ንምርኮስ፤ ንምንታይ ኢና ነቲ ሰብኣይ ነገልግሎ?" ኢላ ቅድሚ ዘረብኣ ምውዳኣ ብቕጽበት ኩለን እተን ካልኦት የህባይ ነቕሓን ተበራበራን።*

> *ኣብታ ምሽት፡ እቲ ሰብኣይ ከም ዝደቀሰ ኣረጋጊጸን፡ እተን የህባይ ነቲ ዝዕጸዋሉ ዝነበራ ጋቢያ ሰይረን ብምውጻእ፡ ንኹሉ ተኸዚኑ ዝነበረ ፍረታት ወሲደን ናብቲ ዱር ከዳ። ብድሕሪኡ ከኣ ፈጺመን ኣይተመለሳን። እቲ ሰብኣይ ከኣ ዝብላዕ ሲኢኑ ብጥሜት ሞይቱ ይብሃል።*

ስለዚ እቲ መሰረታዊ ነገር ናትና ናይ ህዝቢ ኣተሓሳስባ እዩ። ከምቲ ሓደ ኤርትራዊ ነዚ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ኣጋጢሙ ዘሎ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ቅልውላዋት ንምግላጽ *ንሕና ኤርትራውያን ኣብ ርእስና ኢና ተሳዒርና* ዝበሎ፡ ምኽንያቱ ብዘየገድስ ንሕና ኢና ብሰንኪ ኣተሓሳስባናን ኣረኣእያናን ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልና፣ ክብርናን ናጽነትናን ኣብ ሓደጋ ከም ዝወድቁ ዝገበርናን፡ ኣደዳ ስደትን፣ ሕሰምን መከራን ከኣ ኮይንና ንርከብ። ንሕና ህዝቢ መሰረት ኩሉ ምዕባለታት እንተላይ

ፖለቲካዊ ምዕባለ ምኺንና ክንግንዘብ የድልየና። ምንጪ ሓይልን ስልጣንን ባዕልና ህዝቢ ኢና፡ ብዘይ ናትና ፍቓድ፣ ተሳታፍነትን ደገፍን ዝኾነ ሓይሊ ደው ዝብል የለን። ንሕና ንሃንጽ ንሕና ባዕልና ድማ ነፍርስ።

ስለዚ ካብ ዘይፍትሓዊ ሃዋሁ ክንገላገል እንተኾንና መጀመርታ ንኣተሓሳስባና በዲህና፡ ብንቕሓት መጻኢና ውሕስነት ክንገብረሉ ዘኽእለና ባይታ ምህናጽ ከምዘድልየና ክንኣምን ይግባእ። ቅድም ከምዚ እንተጌርና እዩ ድማ ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቓልሲ ተጠቂምና መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልና፣ ክብርናን ናጽነትናን ክንዕቅብን፡ ወነንቲ መጻኢ ህይወትናን ምዕባለናን ድማ ክንከውን ንኽእል። ኣብዚ ግን መጀመርታ ሓደ ብደቂቑ ክምለሽ ዝግብኦ ሕቶ ኣሎ። እሱ ኸኣ “ስለምንታይ ግን ንሕና ምንጪ ሓይልን ስልጣንን ከሎና ቀጻሊ ምእዙዛት ኰንና ኣብ ትሕቲ ንመሰልና፣ ክብርናን ናጽነትናን ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ስርዓት-ምሕደራ ንግዛእ? ዝብል ይኸውን። እዛ ቐጺላ ዘላ ምዕራፍ እትምልሶ ድማ ክኸውን እዩ።

# 3. ምእዙዝነት

ዝቐደመ ክፋል ናይ'ዚ ጽሑፍ ንሓደ መራሒ ፖለቲካዊ ሓይሊ ወይ ስልጣን ተፈጥሮ ዝዕድሎ ጸጋ ከምዘይኮነ የብርሃልና። ዝኾነ ሕግን ውጥንን ናይ ሓደ መራሒ ወይ ስርዓተ-ምሕደራ ኣብ ግብሪ ክውዕል እንተኾይኑ ድልየትን ምትሕብባርን ህዝቢ የድልዮ። ህዝቢ ኸኣ ብወለንትኡ ወይ'ውን ተቐሲቡ ክተሓባበር ይኽእል። ነዚ ሓቂ'ዚ ጥልቕ ኢልና ክንዕዘቦ እንተ'ክኢልና ምእዙዝነት ህዝቢ እቲ ቐንዲ ረቛሒ ኮይኑ ንረኽቦ። ግን ንምንታይ ይኸውን ህዝቢ ንሓደ መራሒ ወይ ስርዓተ-ምሕደራ ምእዙዝን ተምበርካኽን ዝኸውን ዋላ'ኳ ኣንጻር ረብሓኡ እንተኾነ? ነዚ ሕቶ'ዚ ክምልሹልና ዝኽእሉ ሸሞንተ ዝኾኑ ረቛሒታት ኣለው። ናይ ኤርትራ ኩነታት ከም ኣብነት እንዳምጻእና፣ ነዞም ሸሞንተ ረቛሒታት ኣብዚ ዝቕጽል ጽሑፍ ሓደ ብሓደ ክንድህስሶም ኢና።

## 1. ናይ ሕልና ግዴታ ኮይኑ ስለ ዝተሰምዓካ ምእዙዝ ምዃን

ገለ ሰባት ዝኾነ ብመራሕቲ ዝጸድቁ ሕግታትን ውጥናትን ንዋቐሚ ናይ ኩሉ ህዝቢ ኢዩም ኢሎም ስለ ዝኣምኑ ንምትግባሮም ምእዙዛት ምዃን ሕልናዊ ግዴታኦም ጌሮም ይቖጽርዎ። ኣብ ህልዊ ናይ ኤርትራ ኩነታት ምስ እንዕዘብ፣ ምስዚ ዝተሓሓዝ ክልተ ኣብነታት ክንጠቅስ ንኽእል። ሓደ ጉዳይ “መብጽዓ ሰማእታትና” ክኸውን ከሎ፣ እቲ ኻልእ ከኣ ጉዳይ ምሕንጻጽ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን እዩ።

*__ጉዳይ መብጽዓ ሰማእታትና__*

ኣብ ኤርትራ ኣብ ነፍስ-ወከፍ ስድራ-ቤት እንተወሓደ ሓደ ስውእ ኣሎ። ኣብ መጀመርታ ኣምር “መብጽዓ ሰማእታት” ምስ ቀረበ ዳርጋ ብምሉእና ተሓጒስና። እቲ ምንታይ'ሲ እዚ ኣምር'ዚ ንጅግንነት ዝወደቑ ኣቦታትና፣ ኣዴታትና፣ የሕዋትና፣ ኣሓትናን ደቅናን ከወቅቦን ከማዕርጎን ይኽእል እዩ ኢልና ስለዝኣመንና። ልክዕ'ዩ እዚ ልዑል ክብረት ኣብ መብጽዓ ሰማእታትና ዝኾነ ቅርጺ ኣብ መብዛሕትና ክሕዝ ኪኢሉ እዩ። መበገሲኡ ካብዚ ክበሃል ዘይከኣል ከኣ ንመሪሕነት መንግስቲ ኤርትራ ከም ፍሉይ ልኡኽ መብጽዓ ሰማእታትና ንኽፍጽም ንኤርትራ ዝመርሕ ዘሎ ጌርና ንወስዶ ብዙሓት ኢና። እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ኸኣ ንመራሕቲ መንግስቲ ዘይምእዙዝ ምዃን ምስ ምንእኣስ መስዋእቲ ኣሓትናን ኣሕዋትናን ከምዝቑጸር ንኽንኣምን ኣገዲዱና። ስለዚ ንዝኾኑ ብመራሕቲ ዝውጠኑ ፖሊስታትን ትእዛዛትን ንትግባሪኦም ምእዙዛት ምዃን ሕልናዊ ግዴታና ጌርና ንሓስቦ። ከምዚ ንሓስብ ከኣ ንፍትሓውነት እቶም ብመንግስቲ ዝጸድቑ ሕግታትን ውጥናትን ኣብ ግምት ከየእተና እዩ።

ነቶም ንመሰል ናጽነት፣ ፍትሕን መሰል ርእሰ-ውሳኔን ዜግታት ከውሕሱ ኢሎም ዝወደቑ ሰማእታትና ኣድላዪ ክብሪ ክንህቦም ይግባእ። ማዕረ'ዚ ድማ ብልክዕ ንዓና ንህልዋት፣ ሰማእታትና እንታይ ምዃኖም ኣነጺርና ክንፈልጥ የድልየና። ነዚ ሕቶ ግቡእን ርትዓውን መልሲ ክንረኽበሉ እንተኮይንና፣ እቲ

> *ሰማእታትና ትብዓትን ጅግንነትን ዘውረሱና ኮይኖም፡ ንዝኾነ መሰረታዊ ሰብኣዊ ክብርናን ናጽነትናን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ኩነታት፡ ምእዙዛትን ተምበርከኽትን ካብ ምዃን ክንቑጠብን ካብ ናይ ፍርሒ መንፈስ ኸኣ ናጻ ክንከውን ከምዘለና ብግብሪ ዘርኣዩናን ዘምሃሩናን ጀጋኑ እዮም።*

ሰማእታትና ካብዛ ዓለም ብመስዋእቲ ቅድሚ ምፍላዮም ዝነበረ ፖለቲካውን ቁጠባውን ኩነታት ሕብረተሰብናን እቲ ንሶም ነቲ ኩነታት ንምልዋጥ ዘርኣይዎ ንጥፈታትን ደጊምና ምድህሳስ የድልየና። ብሓፈሽኡ ሰማእታትና ንሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ናይ ኤርትራውያን ዜጋታት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ኩነታት ኣብ ሕብረተሰብና ምስ ነገሰ፡ ነቲ ሓደጋ ንምክልኻልን ሰብኣዊ ናጽነትን መሰልን ናይ ዜጋታት ንምውሓስን፡ ትብዓትን ጅግንነትን ዝሓቱ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ቃልሲ ኣብ ዘካይድሉ ዝነበሩ ሁሞት፡ ህይወቶም ብመስዋእቲ ካብዛ ዓለም ዝተፈልየት እዮም። ካብዚ ሓቒ'ዚ ብምብጋስ፡ ንዓና ሰማእታትና እንታይ እዮም ንዝብል ሕቶ ክንምልሽ እንተኾይንና፡ "…ሰማእታትና ትብዓትን ጅግንነትን ዘውረሱና ኮይኖም፡ ንዝኾነ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልና፣ ክብርናን ናጽነትናን ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ኩነታት፡ ምእዙዛትን ተምበርከኽትን ካብ ምዃን ክንቑጠብን ካብ ናይ ፍርሒ መንፈስ ኸኣ ናጻ ክንከውን ከምዘለና ብግብሪ ዘርኣዩናን ዘምሃሩናን ጀጋኑ…" እዮም። እዚ ኸኣ ልዑል ባህሊ ካብ ሰማእታትና ዝወረስናዮ እዩ። በዚ መሰረት ከኣ ንሕና ሰብኣዊ መሰልና፣ ክብርናን ናጽንትናን ኣብ ሓደጋ ምስ ዝወድቕ፡ ካብዚ ሓደጋ ንኽንገላገል እንተ ተቓለስና ሕጋዊ መሰልና ጥራይ ዘይኮነስ፡ ሕልናዊ ግዴታና'ውን ይኸውን።

ኣብዚ ሕጂ ግዜ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ኤርትራዊ ዜጋ ኣብ ሓደጋ ወዲቑ ይርከብ። ብዘይምግናን ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊን ቁጠባዊን ናጽነትና ተገቲኡስ፡ ወሰንቲ መጻኢ ህይወትናን ምዕበሌናን ካብ ምኻን ተሓሪምና ንርከብ። እዚ ሓቒ'ዚ ኸኣ ኣንጻር ሰማእታትና ዝወደቑሉ ዕላማ፣ ኣንጻር ድሌትን ዊንታን ህዝቢ ኤርትራን ብዓቢኡ ከኣ ኣንጻር ተፈጥሮኣዊ ምዕባለ ደቂ-ሰባት እዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት ንሕና ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ናይ ዜጋታት ኣብ ሓደጋ ዘውድቑ ፖሊሲታት መንግስቲ ብወግዒ ክንነጽግን፡ ምእዙዛት ካብ ሙኻን ክንቁጠብን ሕልናውን ሃገራውን ሓላፍነትና ኮይኑ ንረኽቦ።

## *<u>ጉዳይ ምሕንጻጽ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን</u>*

ጉዳይ ምሕንጻጽ ዶብ እቲ ካልኣይ ረቛሒ ንዝኾነ ፖሊስን ውጥንን መራሕቲ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ምእዙዛት ክንከውን ከምዘለና ሕልናዊ ግዴታና ምኻኑ ንኽንኣምን ዝድርኽና እዩ። ልክዕ'ዩ ጉዳይ ምሕንጻጽ ዶብ እቲ ዝለዓለ ሃገራዊ ኣጀንዳና ካብ ዝኸውን ዓመታት ኣቑጺሩ እዩ። እዚ ጉዳይ'ዚ ቀንዲ ጠንቂ ንኣብ ኤርትራ ዘንጸላሉ ዘሎ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ቁጠባውን ቅልውላዋት'ዩ ክንብል ንኽእል ኢና። ሓንሳብ ዶብ ምስ ተሓንጸጸ ኸኣ ኩሉ ጸገማት ናይ ኤርትራ ዝፍታሕን፡ ራህዋ፣ ሰላምን ፍትሕን ድማ ዝረጋገጽ ኮይኑ ይስምዓና። ስለዚ ኩሉ ዓቕምና፡ ኣተሓሳስባና'ውን ከይተረፈ ኣብ ምሕንጻጽ ዶብ ጥራይ ከቕንዕ ኣለዎ ኢልና ንማጎት። ነዚ ኣጀንዳ ዘየካትት ሓሳባትን ርእይቶታትን ከኣ

ክውገዙ ኣለዎም ብዘስምዕ ቃና ክንቅበሎ ፈጺምና ኣይነፍቅድን። ንኣብነት ገለ ካባና ከምዚ ዝመስል እምነት ኣለና… *ኤርትራ ኣብ ኩናት እያ ዘላ፡ ስለዚ ንሽግራትናን ካልኦት ሕርኽርኽ ዝብሉና ነገራትን ክሳብ ዶብና ምስ ኢትዮጵያ ምሉእ ብምሉእ ዝሕንጸጽ ክንዛረበሎም የብልናን።* ምልዓል ሕቶታት ብዛዕባ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ድማ ሕጂ ግዜኡ ኣይኮነን እንዳበልና ኣትሪርና ንማጎት።

ብተወሳኺ ብዛዕባ ናይ ዜጋታት መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልን ናጽነትን ምዝራብ ንጸላኢ ዝጠቅም ሃንፍ ምፍጣር እዩ ብምባል፡ ንዝኾነ ብዛዕባ እዚ ሕቶ'ዚ ዘልዕል ኤርትራዊ ዜጋ ሃዳሚ፣ ጠራራይ፣ ከዳዕ፣ ስረ ዝፈትሐ፣ ኣውራጃዊ፣ ወገናዊ፣ ዓሌታዊ፣ ሃይማኖታዊ ወዘተረፈ… እንዳበልና ንሕውነትናን ዝምድናናን ንዘርጎን፡ ንሓድነታዊ ሓይልና ከኣ ኣብ ምልክት ሕቶ ነእትዎ። እዚ ብዋጋ ሕውነትናን ሓድነትናን ንገብሮ ንጥፈታት ድማ *ንስለ ኤርትራ* ኢልና ስለ ንገብሮ ሰናይ ነገር ኢዩ ኢልና ንኣምን። እዚ ካብ ኮነ እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ ነዚ ኣተሓሳስባን ርድኢትን ብዕሙቕ ዝበለ ደረጃ ክንድህስሶ ኣገዳሲ ኮይኑ ይርከብ።

ብመሰረቱ እዚ ሕጂ መሬት ኤርትራ ኢልና ንጽውዖ ዘለና፡ ኣብ ሓደ ክፍለ-ዘመን ወይ ኣብ ሓደ ዓመት ዝተፈጥረ ኣይኮነን። ዓለም ክትፍጠር ከላ ዝነበረን ዘሎን ጅኦግራፊካዊ ቦታ እዩ። ኤርትራ ትበሃል ልኡላዊት ግዝኣተ-መሬት ክትህሉ ዝኸኣለት፡ ኤርትራውያን ኣቦታትናን ኣዴታትናን ተሰማሚዖም ኤርትራ ትበሃል ሃገር ክትህሉ ከምዘለዋ ቅድም ክብሉ ስለዝኣመኑን ስለዝወሰኑን እዩ። እዚ ራኢ'ዚ ክውን ክኸውን እንተኮይኑ፡ ኤርትራውያን ሓድነትና ከነሐይል ኔሩና። ሓድነት ሓደ ሕብረተሰብ ክሕይል እንተኾይኑ ከኣ ኣብ መንጎ ኣባላት እቲ ሕብረተሰብ ሓድ-ሕድ ናይ ምክብባር፣ ናይ ዝምድናን ሕውነትን ምርድዳእን መንፈስ ክዓዝዝ ይግባእ። ሓድነትና ድማ ኣብቲ ንዓሰርተታት ዓመታት ዘካየድናዮ መሪር ቃልሲ ተረጋጊጹ እዩ። ከም ውጺኢቱ፡ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልና፣ ክብርና፣ ናጽነትናን መሰል ርእሰ-ውሳኔናን ኣረጋጊጽናስ፡ ኣብቲ ብ1993 ዝተኻየደ ሪፈረንደም'ውን ልዕሊ 99% *እወ ንናጽነት ኤርትራ* ብምድማጽ ኣብ ማሕበረሰብ ዓለም ብወግዒ ዝፍለጥ ኤርትራዊ ግዝኣተ-መሬት ኣረጋጊጽና።

ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓቂ ከኣ፡ ሓድነት ህዝብን ኤርትራዊ ግዝኣተ-መሬትን ክወሓስ ዝኽእል ቅድም መሰረታዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ኤርትራዊ ዜጋ እንተ ተኸቢሩን፡ ኣብ መንጎና ድማ ሓድ-ሕድ ናይ ምክብባር፣ ናይ ዝምድናን ሕውነትን ምርድዳእን መንፈስ ምስዝዓዝዝ ም኿ኑ ክንርዳእ ንኽእል። እዚ ምስ ዘይከውን ግን ሓድነታዊ ሓይልና ኣብ ምልክት ሕቶ ይኣትውን፡ ህላዌና ከም ህዝብን ሃገርን ድማ ኣብ ሓደጋ ይወድቕ። ስለዚ ምሕንጻጽን ዘይምሕንጻጽን ዶብ ንመንነትና፣ ቅንዕናና፣ ሕጋውነትናን ሓድነትናን ክውን ወይ ፍሩስ ክገብሮ ፍጽም ኣይክእልን። በንጻሩ

*ምሕንጻጽን ዘይምሕንጻጽን ዶብ ንመንነትና፣ ቅንዕናና፣ ሕጋውነትናን ሓድነትናን ክውን ወይ ፍሩስ ክገብሮ ፍጽም ኣይክእልን።*

እኳ ደኣ መሰረታዊ መሰልና፣ ክብርናን ናጽነትናን ኣብ ሓደጋ እንተ ወዲቑም፡ ሓድነታዊ ሓይልና፣ ህላወናን መንነትናን ከም ሃገርን ህዝብን ኣብ ምልክት ሕቶ ይኣትው ማለት እዩ።

ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓቂ ኸኣ ብኻልእ ንዕኡ ዝመሳሰል መገዲ ክንድህስሶ ንኽእል ኢና። ንኣብነት እቲ እወ ንናጽነት ኤርትራ ኢልና ዘድመጽናሉ ሪፈረንደም ትርጉሙ... ኣብ ቅዋምን ልዕልና-ሕግን ዝተመስረተት፡ ንመሰረታዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ኩሉ ዜጋ እተኽብር፡ ዲሞክራሲያዊት፣ ልኡላዊትን ብልጽግቲን ኤርትራ ንኽትህነጽ እዩ። እዚ ራኢ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ። ንራኢና ከነተግብር እንተ ኮይንና፡ ህዝቢ መሰረት ናይ ኩሉ ምዕባለ ሃገር ምዃኑ ኣሚንና፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ነቲ ሓደ ሕብረተሰብ ክበጽሖ ዝግብኦ ዝለዓለ ደረጃ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብሪ፣ ናጽነትን ምዕባለን ንኽነረጋግጽ ኣበርቲዕና ክንሰርሕን ክንቃለስን ይግባእ። ባህርያዊ ኮይኑ ኣብ መስርሕ ናይ'ዚ ቃልሲ ከጋጥሙና ዝኽእሉ ብድሆታት፡ ከምእኒ ናይ ዶብ ሽግር ድማ፡ ሓድነትና ዓቂብና በብደረጃኡም እንዳፈታሕናዮም ክንከይድ ይግባእ። እንተዘይኮይኑ እዞም ኣብ መስርሕ ቃልስና ዘጋጥሙ ብድሆታት፡ ሚዛኖም ብዘየገድስ፡ ነቲ ቀንድን መሪሕ ራኢናን ኣብ ሓደጋ ኣውዲቕና ክንገጥሞም ምፍታን ቅሉዑን ሓደገኛን ኣንፈት ምስሓት ይኸውን። ስለዚ ዶብ ከይተሓንጸጸ ብዛዕባ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ክንዛረብ የብልናን ዝብል ስነ-መጎት ሚዛን ክህልዎ ኣይክእልን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ብዓቢኡ'ውን ኣንጻር መሪሕ ራኢ ህዝቢ ኤርትራ እዩ።

እምባአርከስ፡ ሓደ ፖሊሲ ወይ ውጥን ንመሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ናይ ኤርትራውያን ቀዳምነት ዘይህብ፤ ክብርን መሰልን ዜጋታት ብምግሃስ ሃገራዊ ስሚዒቶም ዘዳኽም፤ ዜጋታት ካብ ኤርትራ ንኽስደዱ ዘገድድ፤ ዜጋታት ወነንቲ መጻኢ ህይወቶምን ምዕባሊኦምን ንኽኮኑ ዘይሕግዝን፤ ኣብ መንጎ ዜጋታት ናይ ምክብባር መንፈስ ዘየዕዝዝን እንተደኣ ኮይኑ'ሞ ንዕኡ ከነዓውት ንህቅን እንተ ኮይንና፡ ብኻልእ ኣዘራርባ ሓድነትና፣ ሕጋውነትናን ሃገራዊ መንነትናን ብገዛእ-ርእስና ኣብ ሓደጋ ነውድቖ ኣለና ማለት'ዩ። በዚ መሰረት፡ ነዚ ከምዚ ዓይነት ፖሊሲ ንምትግባር ምእዙዝ ምዃን ፍጹም ምኽኑይ ክኸውን ኣይክእልን። በንጻሩ'ኳ ድኣ ንሰናይ ናይ ኤርትራና ንምነ እንተ ኮይንና፡ ኣብ ዝኾነ ሰዓት ናይ ዜጋታት ክብሪ፣ መሰልን መነባብሮን ዘቖድሙ ፖሊስታት ክንድግፍን ከነተባብዕን ሕልናዊ ሓላፍነትና እዩ።

## 2. መቕጻዕቲ ፈሪሕካ ምእዙዝ ምዃን

እቲ ካልኣይ ምኽንያት ሰባት ንሓለፍቲ ምእዙዛት ክኾኑ ዝድርኾም ረቛሒ ናይ እገዳታት ወይ መቕጻዕቲ ፍርሒ እዩ። እንተደኣ ሰባት ንሓላፊኦም ምእዛዝ ኣብዮም፡ ክእሰሩ ይኽእሉ፣ ንብረቶም ክግበት ይኽእል፣ ቤተሰቦም ክእሰሩ ይኽእሉ ወይ'ውን ክርሸኑ ይኽእሉ።

ብመሰረቱ እገዳታት ወይ መቕጻዕቲ መሳርሒ ናይ ዝኾነ መንግስቲ እዩም። ኣብ ሕብረተሰብ ንዝፍጸም ዘይስነ-ምግባራዊ ወይ ገበናዊ ተግባራት ንምቕጻዕን ንምግታእን ከኣ ይጠቕሙ። መንግስቲ እንተደኣ ንኸምዚ መዓላ ተጠቒሙሎም፡ እዞም እገዳታት ወይ መቕጻዕቲ ሕጋውያን ይኾኑ። መንግስቲ ዘይሕጋውን ናይ ህዝቢ ደገፍ ዘይብሉን እንተኾይኑ፡ ወይ'ውን መላኺ እንተኾይኑ፡ ህዝቢ ምእዙዝ ንክኸውን ብብዝሒ ኣብ ኢ-ሰብኣዊ እገዳን መቕጻዕትን ክምርኮስ ናይ ግድን እዩ። ከም ኣብነት ምስ'ዚ ዝተሓሓዝ ስርዓት ደርጊ ክጥቀስ ይከኣል። ልክዕ'ዩ ደርጊ ባዕዳዊ ገዛኢ ስለ ዝነበረ ደገፍ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ኣይነበሮን። ስለዚ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓይነት እገዳታትን መቕጻዕትን ክምርኮስ ኔርዎ። እዞም መቕጻዕቲ ምስ ገበናዊ ወይ ዘይስነ-ምግባራዊ ጉዳያት ዘተሓሕዝ ዋላ ሓንቲ ኣይነበሮምን። ንኣብነት ብናይ ደርጊ ናይ ጸጥታ ኣባላት ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ኣብ ማርያም ግምቢ፣ ግቢ፣ ሰምበልን ካልኦት ናይ ስቓይ መኻዚኖታትን ዝግበር ዝነበረ ግፍዕታት፡ ኤርትራውያን ገበን ስለዝፈጸሙ ዘይኮነስ፡ ፖለቲካዊ ኣብያኦምን ተቓውሞኦምን ስለ ዝገለጹ እዩ።

*መንግስቲ ዘይሕጋውን ናይ ህዝቢ ደገፍ ዘይብሉን እንተኾይኑ፡ ወይ'ውን መላኺ እንተኾይኑ፡ ምእዙዝነት ህዝቢ ንኸረጋግጽ ብብዝሒ ኣብ ኢ-ሰብኣዊ እገዳን መቕጻዕትን ክምርኮስ ናይ ግድን እዩ።*

ብተወሳኺ መለኸቲ ስርዓታት ጃምላዊ መቕጻዕቲ ህዝቢ ንምርዓድ ከም መሳርሒ ይጥቀምሎም እዮም። እዚ'ውን ስርዓት ደርጊ ካብ ዝተጠቀመሎም ሓደ ኣብነት እዩ። ንኣብነት ኣብ ሸዕብ፣ ዖናን ካልኦት ገጠራትን ጃምላዊ ቅትለት ኤርትራውያን ብወትሃደራት ደርጊ ተፈጺሙ ከምዝነበረ ኩሉ ዝዝክሮ ሓቂ እዩ። እዚ ኹሉ ዕላምኡ ነቲ ካልእ ኤርትራዊ ዜጋ ናብ ናይ ናጽነት ብረታዊ ቓልሲ ንኸይጽንበርን ንኽርዕድን፡ ዝተባህሎን ዝተኣዘዞን እንዳተግበረ ምእዙዙ ኮይኑ ንኽነብርን'ዩ።



ኣብ 60ታት ኣብ ከተማ ከረን ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ብመግዛእቲ ኢትዮጵያ ዝተፈጸመ ጃምላዊ ቅትለት።

ድሕሪ ስርዓት ደርጊ'ውን ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ኤርትራ ዝተፈላለዩ እገዳታትን መቕጻዕትን ኣብ ልዕሊ ዜጋታት ክትግበሩ ክንዕዘብ ጸኒሕና ኢና። ካብኣቶም እቶም ብብዝሒ ዝፍለጡ እዞም ዝስዕቡ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

- ንሳዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ ካብ ስራሕ ምድስካል
- ምሕዳስን ምኽልካልን ፓስፖርትን ናይ መንነት ወረቐትን
- ኣሰቀቕቲ መቕጻዕትታት ኣብ ልዕሊ ኣባላት ወትሃደራዊ ሃገራዊ ኣገልግሎት። ንኣብነት ኦቶ፣ ሄሊኮፕተር፣ ምርሻንን ካልኦትን።
- ብዘይ ክሲ ብጥርጠራ ጥራይ ምእሳር፤ እዚ ብ "እንዳ ኣጽንሑለይ" እዩ ዝፍለጥ።
- ምኽልካል ናይ ንግዲ ፍቓድ
- ምኽልካል ንኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያ ንኤርትራ መእተዊ ፍቓድ
- ጃምላዊ ወይ ብእኩብ መቕጻዕቲ ወይ ቅትለት። እዚ ኣብ ዓዲ ኽላ፤ ዓዲ ዓበይቶ፤ ዳህላክ፤ ገልዓሎ፤ ዊዓን ካልኦት ቦታታትን ዝተኻየዱ ክጥቀሱ ይኽእሉ።
- እገዳታት ኣብ ልዕሊ ናይ ሓሳብካ ምግላጽ፣ ሃይማኖትን ምእካብን ናጽነታት
- ምኽልካል መሬት ምግዛእን ገዛ ምስራሕን
- ምኽልካል ገንዘብካ ኣብ ዓዲ ምውፋርን ካልኦት ብዙሓት ኣብዚ ዘይተጠቕሱን

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ እገዳታትን መቕጻዕትን ኣብ ኤርትራ ብብዝሒ ዝረኣዩ ኮይኖም፡ ብምሉኦም እንተደኣ መርሚርናዮም ኣብ ሕብረተሰብና ንዝረኣዩ ዘይስነ-ምግባራዊ ወይ ገበናዊ ንጥፈታት ክዓግቱ ኢሎም ዝትግበሩ ዘይኮኑስ፡ ህዝቢ ብመንግስቲ ንዝጸደቑ ፖሊሲታት ኣብ ምትግባር ምእዙዝን ተምበርካኽን ንክኸውን ተባሂሎም እዮም። ስለዚ እዞም እገዳታትን መቕጻዕትን ፍጹም ሕጋውያን ክኾኑ ኣይክእሉን።

ደገፍ ናይ ህዝቢ ዘይብሎም መለኸቲ ስርዓታት ምእዙዝነት ናይ ህዝቢ ንምርግጋጽ ብብዝሒ ኣብ ናይ ህዝቢ ፍርሒ ንእገዳታት ወይ መቕጻዕቲ ይምርኮሱ። ሓይሊ ዝተሓወሶ እገዳታት ወይ መቕጻዕቲ ግን ንመለኸቲ ስርዓታት ኩሉ ግዜ እቲ ዝደልዩዎ ውጽኢት ኣየምጽኣሎምን እዩ። ቀዳማይ፡ ኩሎም እቶም እገዳታትን መቕጻዕትን ብኣባላት ወትሃደራዊ ኣገልግሎትን ሃገራዊ ድሕነትን እዮም ዝትግበሩ። እዞም መንእሰያት ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ንመራሕቲ እሙናት ክኾኑ ኣይክእሉን። ብቐሊሉ ኢዶም ክንሳሕቡ ይኽእሉ፡ ብፍላይ ዝኾነ ግፍዕን ጨካን ስጉምቲን ኣብ ልዕሊ ዋላ ሓደ ጉልበታዊ ጎነጽ ዘየርኣዩ የሕዋቶምን ኣሓቶምን ክፍጽሙ ምስ ዝእዘዙ፤ ወይ መራሒኦም ዝተጸለለ ኮይኑ ክስምዖም ይኽእል፤ ወይ ድማ ነቲ ናይ ህዝቢ ጠለባት ምሉም ብሙሉእ ክድግፉ ይኽእሉ።

ካልኣይ፡ መለኸቲ ስርዓታት እንተደኣ ሓይሊ ዝተሓወሶም እገዳታት ኣብ ልዕሊ ሰላማውን ዘይጎነጻውን ተቓውሞ ዘካይዱ ሰባት ፈጺሞም ካልእ ዝዓበየ ሽግር የጋጥሞም። ጨካን ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ ዘይጎነጻዊ ህዝቢ፡ ሓድነት ህዝቢ የሐይልን ንመላኺ ስርዓት ድማ ፖለቲካዊ ንድየት የኸትለሉ። እዚ ዝኸውን

መስዋእቲ ምስ ዘጋጥም ወይ ሳልሳይ ኣካል (ናይ ወጻኢ መንግስታትን ማሕበራትን) ብሰንኪ ጨካን ኣተሓሕዛ እቲ ስርዓት ምስ ናይ ህዝቢ ድሌት ክደጋገፉ ምስ ዝጅምሩ ይኸውን።

*እቶም ኣብ ልዕሌና ዝትግበሩ ኢ-ሰብኣዊ እገዳታት ኣይኮኑን ምእዙዛት ክም ንኸውን ዝገብሩና፡ እንታይ ደኣ እቲ ናህና ፍርሒ ነቶም እገዳታት ወይ መቕጻዕትታት እዩ።*

ብተወሳኺ መቕጻዕቲ ኩሉ ግዜ እቲ ዝሕለን ተምበረካኽነትን ምእዙዝነትን ህዝቢ ኣየምጽእን እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ንሰብ ብሓይሊ ኣገዲድካ ምእዙዝ ንኽኸውን ክትገብሮ ኣጸጋሚ እዩ። ኣብዚ እቲ ዝተሓተ ኣብነት ክንወስድ ንኽእል። ሓደ ሰብ ብሽጉጥ ጌሩ ኣፈራሪሑ ጉድንድ ንኽኹዕት ከገድደኒ ይኽእል እዩ። እቲ ናይ ምኹዓትን ዘይምኹዓትን ምርጫ ግን ናተይ ይኸውን። ተኩሱ እንተ ቐቲሉኒ እታ ትድለ ዘላ ጉድንድ ኣይክትኩዓትን እያ። *ስለዚ እቶም እገዳታት ኣይኮኑን ምእዙዛት ክም ንኸውን ዝገብሩና፡ እንታይ ደኣ እቲ ናህና ፍርሒ ነቶም እገዳታት ወይ መቕጻዕትታት እዩ።* ንኣብነት ኣብ ሃገራዊ ወትሃደራዊ ኣገልግሎት ብዙሕ ግዜ ዘጋጥም ክንጠቅስ ንኽእል። ገለ መዓልታት ብሓባር ተጠርኒፍና ንዘተዋሃበና ትእዛዝ ካብ ምትግባር ንቘጠብ ወይ ተቓውሞና ክንገልጽ ንፍትን ኢና፡ ዋላ ናይ ማእሰርትን መቕጻዕትን ሓደጋታት ከምጽኡ ዝኽእሉ ምዃኖም እንዳፈለጥና። ኣብዚ ግዜዚ እቶም መራሕቲ ሰራዊት ነቲ ወጥሪ ንኸህድኡ ይጣበቡን፡ መደባቶም ንኽቕይሩ ድማ ይግደዱ። ንሕና ግን ነዚ ተርእዮታት እዚ ብዙሕ ከየቃለብናሉ ንሓልፍ።

ስለዚ ክም መደምደምታ፡ ዋላ 'ኳ መብዛሕትኡ ግዜ ካብ እገዳታት ወይ መቕጻዕቲ ናጻ ክንከውን ዘይንኽእል ኮይኑ እንተተሰማዓና፡ ኩሎም ዓይነታት መቕጻዕቲ ብክውንነታዊ መገዲ ክድረቱ ይኽእሉ እዮም። እዚ ዝኸውን ከኣ ብንጥፈት፤ ኮነ ኢልናን ብዝተጸንዐ ኣገባብን ምትሕብባርናን ምእዙዝነትናን ነቶም እገዳታት ኣብ ልዕሊ ሓደ ዜጋ ከተግብሩ ዝደልዩ መራሕቲ ከነቋርጽ እንተ ኸኢልና እዩ።

### 3. ምእዙዝ ናይ ምዃን ኣመል

ሓደ ካብቶም ብዙሓት ምእዙዛት ዝኾኑሉ ምኽንያታት ምእዙዝ ናይ ምዃን ኣመል ወይ ልምዲ እዩ። ኣብ ኤርትራ እንተርኢና፡ ሃገር ንዓሰርተታት ዓመታት ኣብ ትሕቲ መለኽቲ ስርዓታት ስለ ዝጸንሐት፡ ብዙሓት ሰባት ብቐሊሉ ንኣብ ስልጣን ዘሎ ውልቀ ሰብ ምእዙዛት ናይ ምዃን ልምዲ ኣለዎም። ንኣብነት ገለ ካባና ኣብ ገለ ክፋላት ሃገርና ንነብር፡ ንዝኾነ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሰብ ምስ ኣተሓሳስባና ብዝተኣሳሰር መገዲ ዝመስል፡ መሰረት ዘይብሉ ምእዙዝ ናይ ሙዃን ዝንባለ ኣለና። ብዝተፈላለዩ ምስላታት እንዳገበርና ኸኣ ምእዙዝ ናይ ምዃን ዝንባሌና ከነራጉዶ ንስማዕ። ገለ ካብዞም ምስላታት ምእዙዛት ንኽንከውን ዝድርኹና እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም።

- *ዝበረቐ ጸሓይና፡ ዝነገሰ ንጉስና*

- *ንጉስ በሉ፡ እዝጊ በለ*
- *ንጉስ ኣይክሰስ፡ ሰማይ ኣይሕረስ*
- *ወይ ዝበሉኻ ግበረሎም፡ ወይ ዓዶም ግደፈሎም*
- *ምስ ህዝብኻ መዓት፡ ዳርጋ ጋዓት*

*መብዛሕትና ኣብ ቅድሚ ዓይንና ንዝግበሩ ነገራት ከይንዛረበሎም ንመርጽ። እቲ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ፖለቲካ ንዓና ከምዘይምልከተልና ጌርና ስለንኣምን እዩ። ፖለቲካ ንመዓልታዊ ህይወትና ከም ዝጸልዎ ኣይንፈልጥን ወይ'ውን ክንፈልጥ ኣይንደልን። ነቶም ከም ሰብ ንኽንነብር ኣዝዮም ዘገድሱና ነገራት ካልኦት ኣብ ክንዳና ንኽውሰኑልና ንመርጽ። እቲ ንነብሮ ዘለና ሂወት ዘይፍትሓዊ ምኻኑ ክርድኣና ምስ ጀመረ ድማ'ዩ ጽልዋ ናይዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ምስላታት ኣዝዩ ዘሰክፍ ዝኸውን። ኣብ ክንዲ ንምንታይ ህይወት ዘይፍትሓዊት ኮይና ኢልና ንነብስና ክንሓታ ንጅምር፡ በዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ምስላታት ጌርና ነቲ ዘይፍትሓውነትን መከራን ኣዝዩ ዘገድሰና ከምዘይኮነ ንነብስና ከነእምና ንፍትን።*

> ***ፖለቲካ ንመዓልታዊ ህይወትና ከም ዝጸልዎ ኣይንፈልጥን ወይ'ውን ክንፈልጥ ኣይንደልን። ስለዚ ነቶም ከም ሰብ ንኽንነብር ኣዝዮም ዘገድሱና ነገራት ካልኦት ኣብ ክንዳና ንኽውሰኑልና ብቀሊሉ ከነፍቅድ ንድረኽ።***

*እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ምስላታት ኣብ ኣእምሮና ንነዊሕ ግዜ ዝሰረጹ ይመስሉ። እዚኦም ከኣ ካብቶም ወነንቲ መጻኢና ንኽይንኸውን ዝገትኡና ረቛሒታት ኮይኖም፡ ንዝኾነ ኣብ ስልጣን ዝመጽእ መንግስቲ ወይ ውልቀ-ሰብ ምእዙዛትን ጽግዕተኛታትን ንኽንከውን ይድርኹና። ስለዚ ከምዚኦም ዓይነት ኣተሓሳስባታት ብምኽታልና ንሓደ ክመልኽ ዝደሊ ሰብ ወይ መንግስቲ ጥጡሕ ባይታ ንፈጥረሉ። ልክዕ'ዩ ሓደ ሰብ መላኺ ክኸውን እንተደኣ ኮይኑ ዝምለኽ ህዝቢ የድልዮ እዩ። ንሓደ ክመልኽ ዝደሊ መንግስቲ ወይ ውልቀ-ሰብ ከኣ ንሕና እቶም ብቐሊሉ ክምለኹ ዝኽእሉ ህዝቢ ኮይና ንርከብ ማለት'ዩ።*

*እቲ ኻልእ ረቛሒ፡ ብጀካ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ምስላታት፡ ንመብዛሕትና ኤርትራውያን መንእሰያት ንዝኾነ ኣብ ስልጣን ዘሎ ሰብ ምእዙዝ ናይ ምኻን ሓድሽ ኣመል ንኽነማዕብል ዝድርኸና እቲ ኣብ ሃገራዊ ኣገልግሎት እንወስዶ ወተሃደራዊ ታዕሊምን ምምሕዳራዊ ኣሰራርሓ ውትህድርናን እዩ። ብመሰረቱ ሰራዊት ናይ ሓንቲ ሃገር ፍትሓውን ኣድማዕን ንክኸውን፡ ብወተሃደራዊ ሕግን ድሲፕሊንን ክመሓደር ይግባእ። ወተሃደራዊ ሕጊ ከኣ ንመሰላትን ሓላፍነትን ኣባላት ወተሃደራዊ ሰራዊት ዝገዝእ ሕጊ እዩ። ብመሰረት ኣብ ወተሃደራዊ ሕጊ ዝተቐመጡ ቅቡላት ሓረጋት፡ ስልጣን ናይ ሓለፍቲ ሰራዊት ውሱንን ድሩትን ይኸውን፡ መሰላት ናይ ተራ ወተሃደር ከኣ ይዕቀብ።*

እንተኾነ ግን ኣብ ናይ ኤርትራ ወትሃደራዊ ኣተሓሕዛ ምስ እንምለስ፡ ክሳብ ሕጂ ህዝቢ ዝፈልጦ ቅቡል ወትሃደራዊ ሕግን ድሲፕሊንን ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። ነዚ ሓቂ'ዚ ዘብርሀ ከኣ ናጽነት ወትሃደራዊ ሓለፍቲ ካብ መቕጻዕቲ ነቲ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ሃገራዊ ወትሃደራዊ ኣገልግሎት ብቐጻሊ ዝወስድዎ ዘይስነምግባራዊ ስጉምትታትን ግዕዙይ ኣተሓሕዛ ወትሃደራዊ ንብረትን እዩ። ብሓለፍቲ ሰራዊት ዝትግበሩ ምግሃስ መሰላት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ምርሻን፡ ብኣዝዩ ከቢድ መቕጻዕቲ ምስንካል ኣባላት ወትሃደራዊ ኣገልግሎት ገለ ካብቶም ከም ኣብነት ክጥቀሱ ዝኽእሉ እዮም። ሓለፍቲ ሰራዊት ምስ ዝኾነ ዘይስነምግባራዊ ተግባራቶም ካብ መቕጻዕቲ ናጻ ይኾኑ። እዚ ሓቂ'ዚ መንእሰያት ኣባላት ወትሃድራዊ ኣገልግሎት ንመራሕቲ ሰራዊት ተምበርከኽትን ምእዙዛትን ንኽኾኑ ብቐሊሉ የገድዶም። ተወፋይነት ምስ ተምበርካኽነትካን ምእዙዝነትካን ንሓለፍቲ ሰራዊት ከምዝቑጸር ኮይኑ። ሓደ ኣባል ወትሃደራዊ ኣገልግሎት ብዛዕባ ዝኾነ ዘይስነምግባራዊ ተግባራትን ትእዛዛትን ሓለፍቲ ሰራዊት ክሓትት ምስ ዝጅምር ኣዝዩ ከቢድ መቕጻዕቲ የጋጥሞ። ምስ ምንዋሕ ግዜ ድማ፡ ሎሚ ሓድሽ ምእዙዝ ናይ ምኻን ኣመል ኣማዕቢልና ንርከብ። እቲ ቅድም ኢልና ብወለንታና ዘወፈናዮ መሰልና፣ ክብርናን ናጽነትናን ሎሚ ብስነ-ኣእምሮኣዊ ጽልዋታት ተመቍሕና ተመሊስና ክንመልሰሉ ኣብ ዘይንኽእለሉ ደረጃ በጺሕና ንርከብ።

እቲ ሓቂ ግን ከምቲ ንዓና ዝረኣየና ዘይኮነስ፡ ኣብ ውትህድርና ይኹን ኣብ ሲቪላዊ ትካላትን ማሕበራትን ንሃሉ ብዘየገድስ፡ ነፍስ-ወከፍና ኣገደስቲ ኣካል ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ኢና። ነፍስ-ወከፍና፡ ኣብ ሕብረተሰብ ብእንዋስኦ መገዲ ነቲ ዘሎ ኩነታት ነጋድዶ ወይ ንቕይሮ። እዚ ሓቂ'ዚ ኸኣ ነብሲ-ወከፍና ክንግንዘቦ ይግባኣና። *ኣብ'ዛ ዓለም ወላሓደ ሰብ ካብ ካልኦት ዝበልጽ ወይ ዝትሕት የለን።* ንነፍስ ወከፍና እቲ ኩነታት ብማዕረ እዩ ዝብጽሓና። ነፍስ-ወከፍና ክብርን መሰልን ስልጣንን ኣለና። ብዛዕባ መሰላትናን ክብርታትናን ምርግጋጽ ከኣ ናይ ነፍስ-ወከፍና ጉዳይ እዩ። እዚ ንኽንገብር ዘድልየና ነገራት ከኣ ኣብ ኢድ ነብሲ-ወከፍና ከም ዘሎ ክንዝክር ይግባእ።

## 4. ውልቃዊ ጥቅሚ ኣደሪኹካ ምእዙዝ ምኻን

ገለ ሰባት ንሓደ ጨቛኒ መንግስቶም ኣበርቲዖም ከም ዝጸልእዎ እንዳገለጹ ክነሶም ብንጥፈት ክተሓባበርዎን ምእዙዛት ክኾኑን ትርእዮም። ሓደ ሰብ ንዘይፍትሓዊ ፖሊሲ ወይ ውጥን ናይ መንግስቲ ስለዘተግበረ ዝረኽቦ ውልቃዊ ጥቕምን ረብሓን እንተመርሚርና ነዚ ሓቂ'ዚ ብግቡእ የብርሃልና። ኣብ ምልኪ ዝመልኦ ሃዋህው፡ ንሓላፊ እሙን ምኻን፡ እቲ ቍጽሪ ሓደ መምዘኒ ሓለፋታት ንምርካብ እዩ። ንኣብነት ሓደ ወትሃደራዊ ሓላፊ ኣብ ልዕሊ ዘይጎነጻውያን ወገናቱ ብዝፍጽሞም ኣሰቃቕቲ ተግባራት እንታይ ዓይነት ውልቃዊ ረብሓ ይረክብ ምግምጋም የድልየና።

ኣብ ኤርትራ እንተወሲድና፡ ሽሕ'ኳ ብልክዕ ንኽትግምቶ ኣሸጋሪ እንተኾነ፡ ገለ ሰባት ንናይ መንግስቲ ትእዛዛትን ፖሊስታትን ኣብ ግብሪ ብምውዓል ብርክት ዝበለ ገንዘባውን ንዋታውን ዓስቢ ከምዝረኽቡ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እዚ ኸኣ ንኹነታት ሓለፍቲ ሰራዊትን ኣባላት ሃገራዊ ድሕነትን ኣብ ግምት ምስ

እነእትዎ ግሁድ ይኸውን። ብተወሳኺ ህ.ግ.ደ.ፍ. ንኩሎም ኣኸሰብቲ ቁጠባዊ ትካላት ናይ ሃገር ክሳብ ዝበሓቶም፡ መብዛሕትና ኣብዘን ትካላት ተቖጺርና ክንሰርሕ ንግደድ። ካብ ስራሕና ክንስጎግ ድማ ኣንጻር ውልቃዊ ጥቕምና እዩ። ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን እንተደኣ ወርሓዊ 2% ካብ ኣታውታቶም ከፊሎምን ኣብ ብኤምባሲታት ኤርትራ ዝተወደበ ፈስቲቫላትን ሰሚናራትን ተኻፊሎምን፡ ንኣብ ኤርትራ ዘለው ቤተሰቦም ክበጽሕዎም ይፍቀደሎም፡ ኣብ ኤርትራ ከኣ ንገዛ መስርሒ ዝኸውን መሬት ክገዝኡ ይኽእሉ።

> *ኣብ ምልኪ ዝመልአ ሃዋሁ፡ ንሓላፊ እሙን ምኻን፡ እቲ ቅኑጽሪ ሓደ መምዘኒ ሓለፉታት ንምርካብ እዩ። ስለዚ ንውልቃዊ ጥቕሚ ክብል ምስ ምልኪ ዝተሓባበር ፍጹም ክኹነን ኣይግባእን። ኩልና ነናህና ምኽንያታት ኣለና ከምኡ ክንገብር። መብዛሕትና ካልእ ኣማራጺ ዘሎ ኮይኑ ኣይስመዓናን።*

ንፍሉጥ ምኽንያታት፡ ንውልቃዊ ጥቕሚ ክብል ምስ ምልኪ ዝተሓባበር ፍጹም ክኹነን ኣይግባእን። ኩልና ነናህና ምኽንያታት ኣለና ከምኡ ክንገብር። መብዛሕትና ካልእ ኣማራጺ ዘሎ ኮይኑ ኣይስመዓናን። ምናልባት ነዚ ጉዳይ ብኸምዚ ዝስዕብ ኣገባብ ክንርእዮ የድልየና።

ንመንግስቲ እሙናትን ምእዙዛትን ካብ ምኻን እንረኽቦም ሓለፉታት ብመሰረቱ ሓለፉታት ክንብሎም ኣይንኽእልን። ዝኾነ ዜጋ ክሕረምዎ ዘይግብኦም መሰረታውያን መሰላት ሓደ ዜጋ እዮም። ንኣብነት ንእሽቶይ መሬት፡ ቤተሰብ ምብጻሕ፡ ፓስፖርትን ደሞዝን መሰረታውያን መሰላት ናይ ዝኾነ ዜጋ እዮም። ኣብ ፍትሒ፣ ዲሞክራስን ልዕልና ሕግን ዝዓሰላ ኤርትራ፡ እዞም ሕጂ ከም ውልቃዊ ረብሓታት እንሪኦም ዘለና፡ ንዝኾነ ዜጋ ክሕረምዎ ኣይግባእን፡ ምእዙዝነት ናይ'ቲ ዜጋ ንኣብ ስልጣን ዘሎ መንግስቲ ወይ ፖለቲካዊ ውድብ ብዘየገድስ።

## 5. ንነብስኻ ወይ መንነትካ ምስ ሓለፍቲ መንግስቲ ከተተኣሳስራ ናይ ምጽዓር ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸገም

ኣብ ብዙሓት ብምልኪ ዝሓለፉ ሃገራት፡ ሰባት ንነብሶም ምስ መራሒ ሃገር ወይ መራሕቲ ከተኣሳስርዋ ዝደፋፍኦም ስነ-ኣእምሮኣዊ ዝንባለ ከማዕብሉ ይፍትኑ ኔሮም ይበሃል። መብዛሕትኡ ግዜ ከምዚ ዝገብሩ ኸኣ ንመራሕቲ ከም ቤተሰቦም ጌሮም ስለ ዝርእይዎም እዩ። ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን፡ ሽሕ እኳ እዚ ንሓለፍቲ ወይ ሓላፊ መንግስቲ ከም ቤተሰብካ ጌርካ ምርኣይ ኣብ ኤርትራውያን እንተዘየለ፡ ካልእ ነዚ ዝመሳሰል ንገለ ካባና ንሓለፍቲ ምእዙዛት ንኽንከውን ዝድርኽና ሓቂ ግን ኣሎ። ኣብ መንጎና ክህሉ ኣይክእልን እዩ ኢልካ ክትሓልፎ ዘይትኽእል፡ ንመራሕቲ መንግስቲ ምእዙዛት እንተ ደኣ ኮይንና፡ "ጽሩያት" ኤርትራውያን ዝኾና ኮይኑ ዝስምዓና ኣለና።

እቲ ጉዳይ መንግስቲ ኤርትራ መምዘኒ ዘውጻኣሉ ኮይኑ ይስምዓካ። እቶም ነቲ መምዘኒ ነማልእ “ጽሩያት” ኤርትራውያን ወይ ሃገራውያን ንበሃል። እቶም ዘይነማልእ ከኣ ዘይኤርትራውያን ወይ ዘይሃገራውያን ንበሃል። ኩሉ መገድታት ንዓና ምስ መራሕቲ ከተኣሳስረና ዝኽእል ኢልና ዝኣመንናሉ ክንገብር ህርዲግ ንብል፤ መታን ጽሩያት ኤርትራውያን ወይ ሃገራውያን ክንበሃል። መራሕቲ መንግስቲ ንነፍስ-ወከፍና ማዕረ ኽንደይ ንጠለባቶም ምእዙዛት ምዃና ክፈልጡ ብቐጻሊ ዝዕዘቡና ኮይኑ ይስመዓካ። ብመሰረት ኣብ ነፍስ-ወከፍና ዝገበርዎ ትዕዝብቲ፡ ብመጠን ምእዙዝነትና ኣብ ናይ ደረጃ ኤርትራውነት ቦታ ዝወሃበና እዩ ዝመስል። እቶም ኣዚና ምእዙዛት ዝኾና ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ቦታ ዝሓዝና ኮይኑ ይስመዓና።

እቲ ናይ ምእዙዝነት መምዘኒ ኣበይ ቦታ ንነብር ምርኩስ ብምግባር ብኡ መጠን ይፈላለ። ንኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ነቶም መወዳእታ ዘይብሎም ውጥናት ወይ ጠለባት መንግስቲ ብፍጥነት ይምልሱን ኣይምልሱን ከም መምዘኒ ኮይኑ የገልግል። 2% ካብ ኣታዊታትካ ምኽፋል፤ ወፈያታት ምውፋይ፤ ቦንድ ምግዛእን ተሳትፎ ኣብ ብኤምባሲ ዝዳለው ኣኼባታትን ሰሚናራትን ካብቶም ከም መምዘኒ ዘገልግሉ ጠለባት መንግስቲ እዮም። ኣብ ውሽጢ ዓዲ ትነብር እንተኾንካ ኸኣ ርሃጽካን ደምካን ከም መምዘኒ ምእዙዝነት የገልግሉ። ገሌና ከኣ ካብ ብጾትና ንላዕሊ ኣዚና ምእዙዛት ክንከውን ንፍትን፤ እንተደኣ ጽሩይ ኤርትራዊ ወይ ሃገራዊ ክትበሃል ከምኡ ምግባር ዘድሊ ኮይኑ። እንተዘይኮይኑ ጽሩይ ኤርትራዊ ከም ምዃንካ ንኽተእምን ኩሉ ዓሌትካ ጸብጺብካ ንምሓዙትካ፣ ጎረባብትኻን ንኻልኦትን ክትነግር ትግደድ።

ንሓደ መራሒ ምእዙዝ ንኽንከውን ወይ ከነሐጉስ እንታይ ክንገብር ከምዘለና ምስ ኤርትራውነትና ዘተሓሕዝ ወላሓንቲ የብሉን። እንታይ ደኣ ኣብዛ ዓለም ከቶ'ኳ ንኤርትራውነትና ከሕድገና መሰል ወይ ዓቕሚ ዘለዎ ፍጡር ከምዘየለ ክንፈልጦ ዝግበኣና ሓቂ'ዩ። ፈቲና ጸሊእና ወይ ካልኦት የጽድቕዎ ኣየጽድቕዎ ብዘየገድስ ነፍሲ-ወከፍና ኤርትራውያን ኢና።

## 6. ንመራሒ ሃገር ልዕለ-ሰብኣዊ ምስሊ ብምሃብ ምእዙዝ ምዃን

ብዙሓት ደጋጊሞም ከምዘረጋገጽዎ ልዕለ-ሰብኣዊ ምስሊ ንመራሒ ሃገር ምሃብ ከም ልሙድ ኣብ ሓደሽቲ ካብ መግዛእቲ ናጻ ዝወጻ ሃገራት ወይ ከኣ ኣብ ዱሳውያን ወይ ኮሙኒስት ሃገራት እዩ ብብዝሒ ዝርአ። ዕላሙኡ ከኣ እቲ መራሕን እታ ሃገርን ፍልልይ ከም ዘይብሎም ጌርካ ንምርኣይ እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ እቲ ህዝቢ፡ ሃገር ብዘይ እቲ መራሒ ክትህሉ ከምዘይትኽእል ኮይኑ

> ብዘይ ንጡፍ ምእዙዝነት ናይ ልኡኻቱን ኣሜን ምባል ናይ ህዝብን እቲ ዝሓየለ ዝበሃል መላኺ ንዓለም ናይ ምቁጽጻር ሕልሚ ጥራይ'ዩ ሒዙ ዝተርፍ።

ንኽስምዖ እዩ። እዚ ኸኣ ዝተፈላለዩ ወግዓውያንን ዘይወግዓውያንን ማዕከናት ዜና ተጠቂምካ ጻዕቂ ፕሮፓጋንዳ ብምፍናው፡ ንህዝቢ እቲ መራሒ ርህሩህ፡ ሓላዪ ሃገርን ፍትሓውን ምዃኑ ብምእማን ክረጋገጽ ይከኣል። ከም ሳዕቤኑ ህዝቢ ንመራሒ ሃገር ምእዙዝ ንኽኸውን ይድርኾ።

ልዕለ-ሰብኣዊ ምስሊ ንመራሒ ሃገር ምሃብ ኣብ ኤርትራ'ውን ኣይተራእየን ክንብል ኣይንኽእልን። ገለ ካባና ንፕረሲደንት ኢሰያስ ልዕለ-ሰብኣዊ ምስሊ እንህቦ ኣለና። ክንደይ ጀጋኑ ካብ ነብስ-ወከፍ ስድራ-ቤት ንናጽነትን ንምክልኻል ሃገርን ህይወቶም ከምዝበጀው ኣብ ግምት ከየእተና፡ ንሱ ከም ኩሉ ዝፈልጥ፡ ሓላዊ ሃገር፡ ናጽነት ዘውሃበናን መድሕን ሃገርን ጌርና ንወስዶ። ብዘይ ምግናን ንገለ ካባና ፕረሲደንት ኢሰያስ ስውር፡ ፈሊጡ-ኹሉን ንዘልኣለም ንኤርትራ ክመርሕ ዝመጸ መልኣኽን ኮይኑ ይረኣየና። ከምዚ ስለዝኾነ ከኣ ንመሪሕነቱ ምእዙዛት ካብ ምዃን ከነቋርጽ ብዙሕ ኣይንደፍርን።

እቲ ሓቂ ግን ብዘይ ንጡፍ ምእዙዝነት ናይ ልኡኻቱን ኣሜን ምባል ናይ ህዝብን እቲ ዝሓየለ ዝበሃል መላኺ ንዓለም ናይ ምቁጽጻር ሕልሚ ጥራይ'ዩ ሒዙ ዝተርፍ። ስለዚ ካብ ኩሉ ዝሕይል፡ ካብ ኩሉ ዝበልሕን ናይ ፈጣሪ ልኡኽ ዝኾነን ሰብ ከምዘየለ ደጋጊምና ንነብስና ክነእምና ይግባኣና።

## 7. ናይ ዘይተገዳስነት መንፈስ

ብዙሓት ሰባት ንዝኾነ ዓይነት ዘይፍትሓዊ ሕግን ተግባራትን ናይ ዘይተገዳስነት መንፈስ የርእዩ። ንኣብነት ገለ ካባና ንዓይ እንታይ የእትወኒ ዓይነት ኣተሓሳስባ ኣለና። እዚ መብዛሕትኡ ግዜ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ትምህርቲ ንኽበጽሑ ዕድል ኣብ ዝረኸቡ ምሁራት ዜጋታት እዩ ዝርአ። ጠንቂ ምብሕንግ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልን ናጽነትን ናይ ዜግታት እንታይ ምዃኑን ንናይ ነፍስ-ወከፍ ቤተሰብ ህይወት ቀስ ብቐስ ይሃስዮ ምህላውን ኣዕሚቕና እንዳፈለጥና፡ ክሳብ ንውልቃዊ ህይወትና ዘይተንከፈ ስቕ ኢልና ክንዕዘብ ንመርጽ።

ናይ ዘይተገዳስነት መንፈስ ንኽህልወና ዝድርኸና ካልእ ካብ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ፍልይ ዝበለ ምኽንያት ኣሎ። ዝኾነ ሰብ እንተደኣ ንመሰረታዊ ሰብኣዊ ናጽነት ዝገትእ ፖሊሲ ወይ ኣካይዳ መንግስቲ ክሓትትን ክቃወምን ፈቲኑ እንተወሓደ ትርር ዝበሉ ኣሕሰርትን ኣሰቀቕትን ቃላት የጋጥምዎ። ካብዞም ቃላት እዚኦም ዝስዕቡ ይርከብዎም፦ ከዳዕ፤ ናይ ስልጣን ጽሙእ፤ ሸያጢ ዓዲ፤ ኣውራጃውን ካልኦትን ይርከብዎም። ስለዚ እዞም መረርትን ኣሕሰርትን ቃላት ኣባና ዘኒቦም ከየሕፍሩና ኣዚና ስለ ንፈርሕ ናይ እንታይ ኣእተወኒ ስምዒት ንኽነማዕብል ንግደድ።

ገለ ተባዓት ኤርትራውያን ንመሰረታዊ ናጽነት ዜጋታት ክቃለሱ ይጅምሩ። እንተኾነ ግን ብዙሕ ተቓውሞ ካብ ህዝቢ የጋጥሞም። ብዙሓት ሰባት ንጻውዒቶም ዕሽሽ ይብልዎ ወይ እቲ ዝበዝሕ ህዝቢ መሰረታዊ ናጽነቱ እንዳተኸብረ ወናኒ መጻኢኡ ኮይኑ ንኽነብር ብዙሕ ትምኒት ዘይብሉ ኮይኑ ይረኽብዎ። ብዙሓት ሰባት ዕድል፡ ጽሕፍቶን ሕሉፍ ታሪኽን ነዚ ዘለውዎ ህይወትን ንመጻኢን

ዝውስነሎም ኮይኑ ዝስምየም ኮይኖም ይረኽብዎም። ስለዚ ብቐሊሉ ተሰፋ ይቖርጹን ናይ እንታይ ገደስኒ ስምዒት ከኣ የማዕብሉ።

ኣብዚ ሓደ ክርሳዕ ዘይግብኦ ሓቂ'ሎ። ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ፡ ምብሕንግ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ናይ ዜጋታት እናኸፍአ እዩ ዝመጽእ ዘሎ። ስቕታን ንዓይ እንታይ የእተወኒ ዝብል መንፈስን ከኣ ፈጺሙ ምኽኑይ ክኸውን ኣይክእልን። እቲምንታይ'ሲ ፈቲና ጸሊእና ስቕታና ንብሙሉኡ ህዝቢ ናጽነቱ እንዳተሓረመ ክነብር እጃሙ የበርክት ስለዘሎ እዩ።

## 8. ርእሰ-ታኣማንነት ምጥፋእ

ንርዱእ ምኽንያታት ሰባት ናይ ገዛእ-ርእሶም ውሳኔ ካብ ምውሳድ ወይ ምእዙዛት ናይ ዘይምኳን ዓቕሞም ንምዕዛዝ ኣብ ነብሶም ርእሰ-ተኣማንነት የጥፍኡ። እዞም ሰባት እዚኦም መራሕቶም ጥራይ ብዛዕባ ናይ መጻኢ ሂወቶም ውሳኔታት ንኽሕልፉ ዓቕሚ ዘለዎም ኮይኑ ይስምዖም። ቀንዲ ምኽንያት ናይ ርእሰ-ተኣማንነት ምጥፋእ ከኣ ሕጽረት ፍልጠትን ሓበሬታን እዩ። ሰባት ብዛዕባ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት ፍልጠትን ሓበሬታን ንኸይህልዎም ካብ ዝድርቱ ምኽንያታት ከኣ እዞም ዝስዕቡ ከም ቀንዲ ረቛሒታት ክጥቀሱ ይኽእሉ። ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታን ባህልን፡ ሕጽረት ዘይተመመየ ሓበሬታን ዘይምህላው ዲሞክራሲያዊ ስርዓተ-ትምህርትን እዮም። ነዞም ሰለስተ ረቛሒታት ጠንቂ ምጥፋእ ርእሰ-ተኣማንነት ምስ ናይ ኤርትራ ኩነታት ከነዛምዶም ክንፍትን ኢና።

*__ባህሊ__*

ኣብ ኤርትራ ኣብ መብዛሕትኣን ያታውያን ስድራቤታት፡ ቈልዑ ብወለዶም ንዝእዘዝዎ ነገራት እንዳተግበሩ እዮም ዝዓብዩ። ቈልዓ ንብወለዱ ዝእዘዞ ነገራት ምምርማር ከም ነውሪ ይቑጸር። ኣቦ ወይ ኣደ እቲ ውላድ ክገብሮ ዘለዎን ክኾኖ ዝግባእን ነቲ ቈልዓ ይነግርዎ፤ እቲ ቈልዓ ከኣ ከምቲ ስድርኡ ዝደልይዎ ንኽገብር ይግደድ። ወለዲ ከምዚ ዝገብሩ ነቲ ቖልዓ ከምበርክኹ ኢሎም ዘይኮኑ፡ እንታይ ደኣ ርህራህን ፍቕርን ኣብ ውልዶም ስለ ዘለዎም እዩ። እንተኾነ ግን እዚ ዓይነት ባህሊ ኣተዓባብያ ቖልዓ በንጻሩ ነቲ ቖልዓ ጽግዕተኛ ናይ ምኳን ባህሊ ከም ዘማዕብልን ንነገራት ናይ ምምርማር ዓቕሙ ከምዝዳኸምን ይገብር። እዚ ከኣ ቀንዲ ምኽንያት ናይ ምጥፋእ ርእሰ-ተኣማንነት እዩ።

*__ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታ__*

መለኽቲ ስርዓታት ይትረፍዶ ዜጋታት መሰላቶም ብግቡእ ንኽጥቀሙሉ ስልጣንን ሓላፍነትን ንኽህልዎም ዝሕግዝ ሲቪካዊ ጎስጓሳት ምግባር፡ ዝኾነ ሰብ ብዛዕባ መሰልን ካልእ ሃገራዊ ጉዳያትን ኣጥቢቑ ክምርምር እንተጀሚሩ'ውን ሕጉሳት ኣይኮኑን። ህዝቢ ኤርትራ ንነዊሕ ዘመናት ኣብ ትሕቲ መለኽቲ ስርዓታት እዩ ክመሓደር ጸኒሑ። ስለ ዝኾነ ከኣ ዕድል ናይ ምስታፍ ኣብ ዝኾነ ሲቪካዊ ትምህርታዊ ጎስጓሳት፡ ውሳኔ ናይ ምሕላፍ ተመክሮን፡ ዝኾነ ናይ መሪሕነት ተመክሮ ምምዕባል ኣጋጣምታትን ተነፊግዎ'ዩ ጸኒሑ። ስለዚ ኤርትራውያን ክሓልፍዎ ዝጸንሑ ጨቋኒ ፖለቲካዊ ሃዋሁ እቲ

ቀንዲ ጠንቂ ናይ ሕጽረት ፍልጠትን ሓበሬታን ብዛዕባ መሰረታውያን ሰብኣዊ መሰላትን ናጽነትን ከም ዝኾነ ዘጠራጥር የብሉን። ከም ሳዕቤኑ ከኣ መሰልካ ንኽትሓትት ርእሰ-ተኣማንነት ይሓጽረካ።

## <u>ስርዓተ-ትምህርቲ</u>

ናይ ሓንቲ ሃገር ስርዓተ-ትምህርቲ ንዜጋታት ንቑሓትን ርእሰ-ተኣማንነት ንኽህልዎምን ዓቢ ግደ ይጻወት። ካብ ወለዲ ንላዕሊ ንቐልዑን መንእሰያትን ጽልዋ እንዳገበራ ኣብ ምሉእ ሕብረተሰብ ለውጢ ከምጽኣ ዝኽእላ ቤት-ትምህርታትን እቲ ንሰን ዝምረሓሉ ስርዓተ-ትምህርትን እዩ። ኣብ ኤርትራ ዘሎ ስርዓተ-ትምህርቲ ውጽኢት ናይ ዝተፈላለዩ መለኽቲ ስርዓታት እዩ። እዚ ስርዓተ-ትምህርቲ ንፍልጠት ናይ ተፈጥሮ ህያብ ናይ ውልቀ-ሰባት ጌሩ እዩ ዝርእዮ። ናይ መምህር ኣተሓሳስባ ናብ ተምሃሮ ምስራጽ ድማ እቲ ቀንዲ መስርሕ እዩ። እዚ ስርዓተ-ትምህርቲ ፍልጠት ናይ ምርምር መስርሕ ምዃኑ ኣብ ግምት ኣየእትዎን። እዚ ኸኣ ንተምሃሮ ካብ ናይ ምርምር መስርሕ ከም ዝንጸሉ ይገብሮምን፡ ንመምህራኖም‘ውን ክሓትዎምን ጌጋታት እንተገበሩ ከኣ ክእርምዎም ከም ዝኽእሉን ፈጺሞም ኣይግምቱን። ከምዚ ዓይነት ስርዓተ-ትምህርቲ *ፓውሎ ፈረረ* በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ይገልጾ። *ከም ማዕከን ገንዘብ እቲ መምህር ንሱ ዝፈልጠን ዝኣምነሉን ልክዕ ከም ገንዘብ ኣብ ናይ ተምሃራይ ርእሲ የቐምጦ፡ እቲ ተምሃራይ ድማ ኣብ ግዜ ፈተና ኣውጺኡ ይጥቀመሉ።* ኣብዚ እዩ ኸኣ እቲ ዝተባህለካን ዝተኣዘዝካዮን ብዘይ ዝኾነ ሕቶ ኣሜን ኢልካ ናይ ምቕባል ባህሊ ዝምዕብልን፡ ርእሰ-ተኣማንነት ምጥፋእ ከኣ ቦትኡ ክሕዝ ዝጅምር።

## <u>ሕጽረት ዘይተመመየ ሓበሬታ</u>

ሰባት ብዛዕባ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ኩነታት ሃገሮም ሓበሬታ ዝስእኑ እንተደኣ ኮይኖም ብዛዕባ መጻኢኦም ውሳኔ ክሕልፉ ኣዝዩ የሸግሮም። ኣብታ ሃገር ናጻ ፕረስን ናይ ምዝራብ ናጽነትን ምስ ዘይህሉ ድማ እዚ ሽግር ኣዝዩ ዝኸፍአ ይኸውን። ብፍላይ ከኣ ሰባት ሃሜናዊ (dogmatic) ትሕዝቶ ዘለዎ ናይ መንግስቲ ማዕከናት ዜና ጥራይ ዝረኽቡ እንተኾይኖም። ኣብ ከምዚ ኩነታት ሓደሽቲ ሓሳባትን ሓበሬታታትን ብቐሊሉ ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ክፈሱ ኣይክእሉን። ስለዚ ሰባት ናይ ፍልጠትን ሓበሬታን ሕጽረት የጋጥሞምን ናይ ድኽመትን ምጥፋእ ርእሰ-ተኣማንነትን ስምዒታት ድማ የሕድሩ። ምስ ምንዋሕ ግዜ፡ ሰባት ካብ ምስታፍ ኣብ ንህይወቶምን መጻኢኦምን ብቐጥታ ዝጸልውዎም ሃገራዊ ጉዳያት ንኽንጸሉ ይግደዱ። ኣብ ናይ ኤርትራ ኩነታት ምስ እንዕዘብ እዚ ኣዝዩ ግሁድ ኮይኑ ንረኽቦ። ግሁድ ስለዝኾነ ከኣ ብኣሽሙር *እዚ ምእዙዝ ህዝቢ* ተባሂልና ከም እንስሳ ዘቤት ተጸዊዕናሉ ኢና።

ሽሕ‘ኳ እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱን ካልኦትን ርእሰ-ተኣማንነትና ኣዳኺሞም ምእዙዛት ከም ንኸውን እንተገበሩና፡ ሰብ ግን ብባህሪኡ ነቲ ፈጣሪ ዝሃቦ ናጽነትን ክብርን ንኽጥቀመሉ ኩል-ግዜ ትንዕ ምስበለ እዩ። እቶም ናጽነትና ብግቡእ ንኸይንጥቀመሎም ዝገትኡና ምኽንያታት ከኣ ናይ ፍልጠትን ሓበሬታን ሕጽረታት እዮም። እዚኦም ከኣ ብሰንኪ ጽዑቕ ናይ መንግስቲ ፖሮፓጋንዳ ዝኽሰቱ ተርእዮታት

እዮም። እቶም ቀንዲ ናይ ፕሮፓጋንዳ መሳርሒታት ከኣ ናይ መንግስቲ  ማዕከናት ዜናን ስርዓተ-ትምህርትን ይርከብዎም።

ስለዚ ነዚ ብሰንኪ ምጥፋእ ርእሰ-ተኣማንነት ዝስዕብ ምእዙዝ ናይ ምኳን ዝንባለ ክንስዕሮ እንተደኣ ኰይና፡ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት እንዳገበርና ንናይ ህዝቢ ፍልጠትን ንቕሓትን ብዛዕባ መስረታውያን ሰብኣዊ መሰላትን ናጽነትን ክብ ከነብሎ ክንሰርሕ ይግበኣና። እቶም ደሓን ዝኾኑ ኣፍልጦን ሓበሬታን ዘለዎም ከኣ ንመሓዙቶም፣ የሕዋቶምን ኣሓቶምን ክምህሩ ሃገራዊ ሲቪካዊ ሓላፍነቶም እዩ።

*መደምደምታ*

እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሸሞንተ ረቛሒታት፡ ሰባት ዋላ'ኳ ኣንጻር ጥቕሞምን ረብሓኦምን እንተኾነ ንምንታይ ንሓለፍቶም ምእዙዛት ይኾኑ የብርሁልና። ካብዞም ረቛሒታት ሓደ ሓቂ ንርዳእ። ደቂሰባት ብተፈጥሮኦም ተምበርከኽትን ምእዙዛትን ዘይኮኑስ ምእዙዝነት ሕውስዋስ ናይ ኣመልን፣ ፍርሕን ጥቕምን እዩ። ኣመልን ጥቕምን ክቕየሩ ይኽእሉ እዮም፡ ፍርሒ ኸኣ ክሰዓር ይኽእል እዩ። ኣብ መጠረሽታ ብናይ ነልሰን ማንደላ ቓላት ነዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ክንዛዝሞ ንኽእል።

> *ኣነ ትብዓት ማለት ዘይምፍራሕ ማለት ከምዘይኮነ፡ እንታይደኣ ንፍርሒ ክትስዕር እኹል ዓቕሚ ምጥራይ ማለት ምኳኑ ክርዳእ ዕድል ረኺበ።...እቲ ተባዕ ዝበሃል ሰብ እቲ ዘይፈርሕ ዘይኮነስ፡ እቲ ንፍርሒ ክስዕር ዓቕሚ ዘለዎ ሰብ እዩ።*

# 4. ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ

እዚ ክፋል ናይ'ዚ ጽሑፍ ንኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ክድህስስ እዩ። እዞም ኣገባባት እዚኣቶም ብዝኾነ ክፋል ናይ ሓደ ሕብረተሰብ፡ ዕድመ፣ ጾታን ሃይማኖትን ብዘየገድስ፡ ኣብ ዝኾነ ግዜን ቦታን ክትግበሩ ዝኽእሉ ኮይኖም፡ ብመገዶም ጌሩ እቲ ሕብረተሰብ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰሉ፣ ክብሩን ናጽነቱን ክዕቅብ ይኽእልን ናብ ጎደና ውሑስ ሰላም፣ ፍትሕን ደሞክራስን ድማ ብቐሊሉ የምርሕ።

> *ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ማለት ብረቂቕ ኣገባብ ዝተጸንዐ ስነ-ኣእምሮኣዊ፣ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ጸቕጥታት ኣብ ልዕሊ በዓል ነገርካ እንዳተግበርካ ዝግበር ህዝባዊ ቃልሲ እዩ።*

ልክዕ ከም ኣብ ወትሃደራዊ ግጥም፡ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ'ውን ብስትራተጂካዊ ኣገባብ ንግጭትን ዘይምርድዳእን ምግጣም ማለት'ዩ። እቲ ቀንዲ ፍልልዮም ከኣ፡ ኣብ ወትሃደራዊ ግጥም ዝተፈላለዩ ተተኮስትን ካልኦት ኣጽዋራትን ንምፍርራሕ፣ ንምቑሳል፣ ንምቕታልን ንምዕናውን ክትጥቀም ከለኻ፡ ኣብ ዘይጎነጻዊ ግጥም ግን ስነ-ኣእምሮኣዊ፣ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ኣጽዋራት ትጥቀም። እዞም ኣጽዋራት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ብመገዲ ህዝብን ትካላቱን ኣብ ግብሪ ክዉዕሉ ይኽእሉ። እዚ ዓይነት ቃልሲ ንዝተፈላለየ ዕላማታት ትጥቀመሉ። ካብ'ቶም ዕላማታት እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፦

- መራሕቲ መንግስቲ ሓሳቦም ክቕይሩን ህዝቢ ዝጠልቦ ሕግን ፖሊስን ክሕንጽጹን ክጽድቁን
- ንግጭትን ዘይምርድዳእን ብሰላማዊ መገዲ ክፍታሓሉ ዘኽእል ባይታ ንምፍጣር
- ንኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ምብትታንን ምፍራስን

ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ኣዝዮም ብዙሓትን ዝተፈላለዩን እዮም። ዛጊት ኣስታት ክልተ ሚእቲ[1] ዝኾኑ ተለልዮም ይርከቡ። ኣድማ፣ ተቓውሞ፣ ሰላማዊ ሰልፊ፣ ኣብያ፣ ህዝባዊ እንቢታ፣ ሕንጋደን ካልኦትን ካብቶም ብብዝሒ ዝፍለጡ ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ'ዮም። እዚኣቶም ከኣ ብጽኡይ መጽናዕትን ስትራተጅን ክትግበሩ እንተ ክኢሎም፡ ነቶም ቀንዲ ምንጭታት ስልጣንን ሓይልን ናይ ሓደ መንግስቲ ወይ ስርዓት ብግቡእ ከዳኽምዎም ይኽእሉ።

ቅድሚ ሓደ ካብቶም ኣብ ጥብቆ 1 ናይዚ ጽሑፍ ዝርከቡ ኣገባብ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ምምራጽካ መጀመርያ ዕላማኻ ብግቡእ ክትፈልጦን ከተነጽሮን ይግባእ። ሓንሳብ ዕላማኻ ምስ ኣነጸርካ፡ እቲ ነዚ ዕላማ'ዚ ብግቡእ ክወቕዖ ይኽእል'ዩ ኢልካ ዝኣመንካሉ ኣገባብ ወይ ኣገባባት ካብቲ ዝርዝር ዓይነት

[1] ዝርዝር ናይ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ኣብ ጥብቖ 1 ናይዚ ሕታም እዚ ሰፊሩ ይርከብ።

ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ሓደ ወይ ካብ ሓደ ንላዕሊ ትመርጽ። ከምዚ እንተዘይ ጌርካ ግን እቲ መስርሕ ፍጹም ክዕወት ኣይክእልን።

ንምርድኡም ክጥዕም ብምባል፡ ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ኣብ ሰለስተ ይኽፈሉ። ንሳቶም ከኣ ኣድማን ምእማንን፣ ኣብያን ግብራዊ-ተበግሶን ተባሂሎም ይፍለጡ።

1. **ኣድማን ምእማንን** (Protest and persuasion)

ኣድማን ፈተነታት ከተእምን ምድላይን እቶም ኣድመኛታት ብውጥንን ኣካይዳን ናይ መንግስቲ ሕጉሳት ከምዘይኮኑን ዕቃበታት ከምዘለዎምን ናብ መራሕቲ መንግስቲ መልእኽቲ የብጽሑ። ገለ ኣብነታት ካብዞም ኣገባባት ድማ እዞም ዝስዕቡ እዮም። ናይ ጥርዓን ወይ ኣቤቱታ ደብዳቤታት ምጽሓፍ፡ ህዝባዊ ቃለ-መግለጺ ምግባር፡ ናይ ተቓውሞ ወረቓቅቲ ምብታን፡ ወፍሪ ገበላ (lobbying) ምክያድ፡ ትርር ዝበለ ዘረባታት ንመራሕቲ መንግስቲ ምዝራብ፡ ዋዜማታት (political songs) ምክያድ፡ ፖለቲካዊ ሓዘን ምሕዛንን ካልኦትን ይርከብዎም። እዞም ኣገባባት እዚኣቶም ኣድማዕቲ ከይኖም ዓላማኦም ንኽወቕዑ ብመራኽቢ ብዙሃንን ካልኦት ናይ ዜና ማዕከናትን ክስነዩ ይግብኦም። ከምኡ እንተዘይተጌሩ ግን ፈተነታት ጥራይ ኮይኖምዮም ዝተርፉ።

ኣብ ኤርትራ ዝኾነ ዓይነት ኣድማን ከተእምን ምፍታንን ዳርጋ ፈጺሙ ኣይፍለጥን'ዩ ክበሃል ይከኣል። ጠንቂ ናይዚ ከኣ እቶም ንዓመታት ክገዝኡ ዝጸንሑ ባዕዳውያን ንዝኾነ ዓይነት ኣድማ ኣየፍቅዱን ኔሮም ጥራይ ዘይኮነስ፡ እንተተገብረ'ውን ብሓይልን ብጎነጽን እዮም ዝምልሽሉ ዝነበሩ። ድሕሪ ናጽነት (independence) ኤርትራ'ውን እንተ ተዓዘብና ልክዕ ከምቲ ኣብ ዝሓለፈ ናይ መግዛእቲ ጊዜ ዝነበረ ዝኾነ ኣድማ ኣንጻር ውጥናትን ኣካይዳን መንግስቲ ፍጹም ኣይፍቀድን። ንኣብነት እዞም ዝስዕቡ ፍጻሜታት ገለ ካብቶም ብድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ኣድመኛታት ዘጋጠሙ ሓደጋታትን እገዳታትን እዮም።

- ኣብ 1992 ምሩጻት ሓይልታት ካብ ተጋደልቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብቲ እዋን ብ "ዜብራ" ዝፍለጡ ዝነበሩ ሓያለይ ተምሃሮ ካልኣይ ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ኣስመራ ሓፈሻዊ ሃሪሞምን ኣቑሲሎምን። እዞም ተምሃሮ እዚኣቶም ነቲ ብመንግስቲ ዝጸደቐ ናይ መንነት ሕጊ ተቓውሞኦም ስለ ዝገለጹ'ዮም ስጉምቲ ዝተወስደሎም። ንሶም ዝተቓወሙ እቲ ሕጊ ንነዊሕ ኣብ ኤርትራ ንዝተቐመጡ ኢትዮጲያውያን ኤርትራዊ መንነት ንኽወሃቦም ዘፍቅድ ብምዃኑ'ዩ።

- ኣብ 1993 ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ተጋደልቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ተቓውሞኦም ኣብ ልዕሊ'ቲ ብመንግስቲ ዝወጸ ሓዲሽ መምርሒ ገሊጾም። እቲ መምርሒ ኩሎም ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ብዘይ ደሞዝ ንኣርባዕተ ዓመት ንኽሰርሑ ዝጠልብ ነበረ። መንግስቲ ነቲ ተቓውሞ

ቅቡልዩ ብምባል ንግዚኡ'ኳ እንተሀድኦ፡ ካብታ ዕለት'ቲኣ ንደሓር ግን ብዙሓት ካብቶም ቀንዲ ተዋሳእቲ ናይ'ቲ ተቓውሞ በብሓደ ከእሰሩን ክስወሩን ጀሚሮም። ገለ ካብኣቶም'ውን ክሳብ'ዛ ስዓት እዚኣ ካብ ቤት-ማእሰርቲ ኣይተፈትሑን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣበይ ከምዘለው'ውን ዳርጋ ዝፈልጥ የልቦን።

- ኣብ 1995 ብርክት ዝበሉ ሽማግለታት ኣመንቲ ምስልምና ናይ ኣቤቱታ ደብዳቤ ናብ ፕረሲደንት ሃገረ ኤርትራ ልኢኾም። ኣብታ ደብዳቤ ምፍታሕ ናይ'ቶም ኣብ 1994 ዝተኣስሩ ኣስታት 150 ዝኾኑ ኣመንትን መራሕትን ምስላምና ትጠልብ ነበረት። እዚ ብዘየገድስ፡ እቶም ውጹዓት ክሳብ ለይቲ ሎሚ ዝኾነ ሕጋዊ ክሲ ኣይቀረበሎምን ጥራይ ዘይኮነስ ኣበይ ከምዘለው'ውን ዝፈልጥ የልቦን።

- ኣብ 1994 ኣባላት ሓንቲ ካብቶም ምሩጻት ሓይልታት (ዜብራ) ብርክት ዝበሉ ስንኩላን ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ቀቲሎምን ኣቑሲሎምን። እዞም ስንኩላን ተጋደልቲ ኩናት መብዛሕትኦም ኣብ ዓረብያኦም ኮይኖም'ዮም መንግስቲ እቲ ዝግባእ ኣቓልቦ ኣይገበረልናን እንዳበሉ ዝእድሙ ዝነበሩ።

- ኣብ 2001 ተምሃሮ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ነቲ ብዩኒቨርሲቲን ብሚኒስትሪ ዕዮን ሰብኣዊ ድሕነትን ዝተዳለወ ክረምታዊ ማእቶት ተቓውሞኦም ገሊጾም። ኣብቲ ክረምታዊ ማእቶት'ውን ከምዘይሳተፉ ብዕሊ ንፕረሲደንት ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ኣፍሊጦም። ግብረ-መልሲ ኣብያ ናይ'ዞም ተምሃሮ፡ ልዕሊ 3000 ዝኾኑ ካብኣቶም ብሓይልን ምስ ውሑድ ሎጂስቲካዊ ቀረብን ናብ ኣዝዩ ብምውዓዩ ዝተፈልጠ ቦታ ዊዓ ከም ዝለኣኹ ተገብረ። እዚ ውሳኔ'ዚ ብሰንኪ ወቕዒ ዋዒ ናይ ክልተ ተምሃሮ ህይወት ክሓትት ከሎ፡ ብዙሓት ድማ ኣብ ሕክምና ንኽዕቆቡ ተገዲዶም።

- ኣብ 2004 ብርክት ዝበሉ መንእሰያት ኣብ ቤት-ማእሰርቲ ዓዲ ኣበይቶ ማእሰርትና ሕጋዊ ኣይኮነን ብምባል ኣደሙን ካብኡ'ውን ብእኩብ ክሃድሙ ፈተኑን። እቶም ዝሕልውዎም ዝነበሩ ዕጡቓት ግን ብዘይ ኣፈላላይ ቶኮሱሎም። እዚ ኣዝዩ ዘሕዝን ክስተት'ዚ ናይ ልዕሊ 40 ዝኾኑ መንእሰያት ህይወት ሓቲቱ።

- ምጽሓፍ ናይ ኣቤቱታ ደብዳቤታት ናብ ማሕበረሰብ ዓለምን ሰላማዊ ሰልፊ ምክያድን ብኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ዳርጋ ልሙድ ተርእዮ ኢዩ። እዞም ንጥፈታት ዝካየዱ በቲ ኣብ ኤርትራ ዝርአ ምግሃስ ሰብኣዊ ምሰላት ሕጉሳት ዘይምዃኖምን መረርኦም ንምግላጽን'ዩ። እሶም ዝጠልብዎ ድማ ምኽባር ልዕልና ሕግን ሰብኣዊ መሰላትን፡ ብዘይ ቅድመ-ኩነት ምፍታሕ እሱራት፡ ወነንቲ ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት፡ ኣብ ሕጊ ምቕራብ ወይ ምፍታሕ ናይ ሕልና፡ ሃይማኖትን ፖለቲካን እሱራት ይርከብዎም። እዞም ኣብ ከምዚ

ንጥፈታት ዝተሳተፉ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራዊያን ግን ብዙሓት መሰረታውያን መሰላት ከም ዝንፈጎም ኢዩ ዝፍለጥ። ካብዚኣቶም እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም። ምኽላእ ኤርትራዊ ፓስፖርት፡ ምብጻሕ ንኣብ ኤርትራ ዝነብሩ ቤተሰቦምን ካልኦት መሰረታውያን መሰላትን የጠቓልል።




ብዕለት 31 ግንቦት 2006 ኣብ ከተማ ለንዱን (ዓዲ እንግሊዝ) ኣብ ኣፍደገ ኤምባሲ ኤርትራ ብኤርትራውያን ዝተኻየደ ሰላማዊ ሰልፊ። እቲ ሰላማዊ ሰልፊ መሰረታዊ ሰብኣዊ ናጽነት፡ ብፍላይ ከኣ ሃይማኖታዊ ናጽነት ናይ ዜጋታት ኣብ ኤርትራ ክኽበር'ዩ ኔሩ።

ኣገባባት ኣድማን ከተእምን ምፍታንን ቀጥታዊ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ምንጭታት ስልጣን ወይ ሓይሊ ናይ ሓደ መንግስቲ ኣየጠቓልሉን'ዮም። እዞም ኣገባባት እዚኣቶም ዘይቀጥታዊ መጥቃዕታት ኮይኖም መብዛሕትኡ ግዜ ዕላምኦም ነዞም ዝስዕቡ የጠቓልል። ንመሰረታዊ ሰብኣዊ ናጽነት ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ፖሊስን ውጥናትን መንግስቲ ተቓውሞኻ ምግላጽን ናብ ህዝቢ ምቕላዕን፡ ንመንግስትን ማሕበረሰብ ዓለምን ኣብ ኣካይዳን ኣተሓሕዛን ለውጢ ከምዘድሊ ከተእምን ምፍታንን ይኸውን። ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ክብሃል ከሎ ግን ኪንዮ ምጽሓፍ ናይ ኣቤቱታ ደብዳቤታትን፡ ምክያድ ሰላማዊ ሰልፍን ካልኦት ኣገባባት ኣድማን እዩ ዝኸይድ።

## 2. ኣብያ ወይ ዘይምትሕብባር (Noncooperation)

ኣብያ እቲ ኣዝዩ ዝሓየለ ኣገባብ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ኮይኑ፡ ብናጻ ኣብ ትሕቲ ጸቕጢ ወይ ጭቆና ዝነብር ህዝቢ ዝርከብ ኣጸዋር ቃልሲ'ዩ። ኣገባባት ኣብያ እንተደኣ ብግቡእ ኣጽኒዕካ መሪጽካዮምን ኣተግቢረካዮምን እቲ ዝለዓለ ንናይ ሓደ መንግስቲ ምንጭታት ስልጣን ወይ ሓይሊ ናይ ምምንዛዕ ወይ ከኣ ናይ ምጥቃዕ ዕድል ኣለዎም። ልክዕ'ዩ ሓደ መንግስቲ ብዘይ ምትሕብባርን ምእዙዝነትን

ህዝቢ ንሓደ ካልኢት እኳ ክሰርር ኣይክእልን። ኣብያ ከመሓላልፎ ዝደልይ መልእኽቲ ነዚ ዝስዕብ ይመስል … ንሕና ህዝቢ፡ ንህዝቡ ንዝጭቁን መንግስቲ ምትሕብባርና ኣቋሪጽና ንርከብ። ዓላማ ኣብያ መንግስቲ ክገብሮ ንዝደሊ ንጥፈታት ንኽይሰልጦን ኣሸጋሪ ክኾኖን ተባሂሉ ዝግበር'ዩ። ብኡ ኣቢሉ ኸኣ መንግስቲ ተሸጊሩ ኣብ ናይ ህዝቢ ጠለባት ንኽርዕም ይግደድ።

ኣብያ እቲ ዝዓበየ ጽልዋ ክህልዎ ዝኽእል እቶም ብህዝቢ ዝተመርጹ ኣገባባት ኣብያ፡ ብሃበስ-ቀደስ ወይ ብሃንደበት ክትግበሩ ከለው ዘይኮነስ፡ ኮነ ኢልካ ብዝተወሃሃደን ብዝተወደበን ኣገባብ ምስዝትግበሩ ጥራይ'ዩ። መንግስቲ ጨቆንቲ ሕግታት ብምጽዳቕን ኣብ ግብሪ ብምውዓልን ብሓይሊ ምትሕብባርን ምእዙዝነትን ህዝቢ ከረጋግጽ ይፍትን ይኸውን። እዚ ብዘየገድስ ግን ብምሉኦም ኣገባባት ኣብያ ብሞራል ሕጋውያን እዮም። እቲ ምንታይ'ሲ ሓደ ዉልቀ-ሰብ እንተደኣ ዝኾነ ብግቡእ ዘይተረድኦን ዘይኣመነሉን ነገር ኣቐሲብካ ከተግብር ኣዚዝካዮ፡ ንሱ ብወገኑ ኣይፋለይን ክብልን ኣብያኡ ክገልጽን ፈጣሪ ዝሃቦ መሰረታዊ ናጽነቱ እዩ።

ኣገባባት ኣብያ ኣብ ሰለስተ ይኽፈሉ። ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ተባሂሎም ከኣ ይፍለጡ።

## ሀ. ማሕበራዊ ኣብያ

ምውጋዝ፡ ንመንግስቲ ክብርን ዝናን ካብ ዝህቡ ማሕበራዊ ጉዳያት ካብ ምስታፍ ምሕሳም፡ ኣባልነትካ ካብ ማሕበራዊ ትካላት መንግስቲ ኮነ ኢልካ ከምዝስረዝ ምግባር፡ ኣብ ገዛኻ ምውዓል፡ ካብ ስራሕ ምብኳር፡ ብሓባር ተጠርኒፍካ ተሰዊርካ ምውዓል፡ ካልኦት ነዚኦም ዝኣመሰሉ ተግባራትን ከም ማሕበራዊ ኣብያ ይቑጸሩ። ብተወሳኺ ምቁራጽ ማሕበራዊ ርክባት ምስ ብፍሉይ ዝተለለዩ መራሕቲ መንግስቲ ምስ ማሕበራዊ ኣብያ ይቑጸር። እምኣርከስ ዝኾነ ዜጋ ኣብ ዝኾነ ግዜን ቦታን ኣገባባት ማሕበራዊ ኣብያ ከተግብር ይኽእል ማለት'ዩ።

ካብቶም ኣብ ኤርትራ ዝተራእዩ ኣገባባት ማሕበራዊ ኣብያ እዞም ዝስዕቡ ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይኽእሉ።

- ግንቦት 24 መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ኣብ ኣስመራ ብወለንታ ህዝቢ፣ ሑጎስን ክብ ዝበለ በዓልን እያ ክትበዓል ጸኒሓ። ኣዴታት ብወለንታአን ውራይና ኢለን የብዕላ፡ ዓመት መጸት ከኣ ኣሸሓት ናቕፋ ይውፈ። መንእሰያት ከኣ ነዚ በዓል ዝኸውን ዳስ ይተኽሉ። ኣብ ዝሓለፉ ሒደት ዓመታት ግን መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ ከምቀደማ ብወለንታ ህዝቢ ዘይኮነ ብኣባላት ባይቶን ጠርነፍቲ ህ.ግ.ደ.ፍን ዝተወደበ ዘይወግዓዊ ጎስጓስ ገዛ ናይ ነፍስ-ወከፍ ስድራቤት እናኸድካ 10 ወይ 20 ናቕፋ ከምዝዋጻእ ይግበር። መንእሰያት ዳስ ምትካል ሓንጊዶም፡ ሽቃሎ ገንዘብ ከፊልካ ከምዝትከል ይግበር ኣሎ።

- በሽሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት ኣባላት ሃገራዊ ወትሃደራዊ ኣግልግሎትን ወፍርታት ዋርሳይ-ይከኣሎን ካልኦትን፡ እዞም ወፍርታት ፍትሓውያንን ብህዝቢ ዝፈልጠ ሕግን ስነ-ምግባርን ዝግዝኡ ኣይኮኑን ኢሎም ራሕሪሖሞ ከም ዝኸዱ ይፍለጥ። ገለ ብዙሓት'ውን ንዕላማታት እዞም ወፍርታት ብምቅዋም ንሃገር ገዲፎም ንስደት ብቐጻሊ ከምዘምርሑ ካብ ኩሉና ዝተኸወለ ኣይኮነን። እተን ቅድም ክብላ ደቀን ዕንባባ ነጺገንን መሪቐንን ናብዞም ወፍርታት ዝልእኻ ዝነበራ ኣዴታት፡ ሎሚ ደቀን ክሓብኣን ንስደት ከፋንዋን ኩሉ ዓይነት ጥበባት ይጥቀማ ኣሎዋ።

- ካልእ ከም ኣብነት ማሕበራዊ ኣብያ ክጥቀስ እንተ ኾይኑ፡ ዋላ'ኳ ብምልኦም ብዝተወደቡ ኣገባብ ኢዮም ዝትግበሩ ክንብል እንተ ዘይደፈርና፡ ብርክት ዝበሉ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝነብሩ ኤርትራውያን ካብ ምስታፍ ኣብ ብኤምባሲታት ኤርትራን ማሕበረ ኮማትን ዝዳሎ ፌስቲቫላትን ካልኦት ማሕበራዊ ፍጻሜታትን ከምዘቋረጹ ይፍለጥ።

እቲ ቐንዲ ዕላማ ናይ ኮነ ኢልካ ብህዝቢ ዝግበር ማሕበራዊ ኣብያ እምበኣር ነቶም ብፍሉይ ዝተለለዩ መራሕቲ መንግስቲ፡ ዋላ'ኳ ሓለፍቲ ናይ ዝተወሰና ትካላት መንግስቲ እንተኾኑ፡ ናይ ሕልና እሱራት ዝኾኑ ኮይኑ ንኽስምዖም ተባሂሉ ዝግበር'ዩ። ህዝቢ ንማሕበራዊ ኣብያ እንተድኣ ብዕቱብ ኣተግቢሩዎ ሓለፍቲ መንግስቲ ንናይ ህዝቢ ጠለባት ከማልኡ ይግደዱ።

## ለ. ቁጠባዊ ኣብያ

ምድኻምን ጽልዋ ምግባርን ኣብ ልዕሊ ፍርያትን መከፋፈልን ሃለኽቲ ኣቑሑን ኣገልግሎታትን ናይታ ሃገር ምስ ቁጠባዊ ኣብያ ይኸፈል። ቁጠባዊ ኣብያ ብምሕሳም ምግዛእን ምሻጥን ሃለኽትን እገዳታት ብምግባርን ክትግበር ይከኣል። ከምኡ'ውን ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ሓረስቶት፡ ምሁራትን ካልኦት ጉጅለታትን ብቐጥታ ወይ ብተዘዋዋሪ ናይቲ መንግስቲ ወይ ስርዓት ቁጠባዊ መሓውራት ዘዳኽም ሕንጋደን ካልእ ዓይነት ኣገባባት ተቓውሞን ከካይዱ ይኽእሉ። ከምዚኦም ዓይነት ኣገባባት ምስ ቁጠባዊ ኣብያ ይቑጸሩ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣብ ኤርትራ መስ ንርኢ፡ ገዚፍ ናይ ድኽነት ሽግር እንዳሃለወ ዝኾነ ዓይነት ቁጠባዊ ኣብያ ንሓፈሻዊ ቁጠባዊ ህይወት ናይታ ሃገር ዘዳኽም ከተተግብር ዝከኣል ኣይኮነን። እንተኾነ ግን እተን ዝርካበን ቁጠባዊ ትካላት[2] ናይ ኤርትራ ብቐጥታ ድዩስ ብተዘዋዋሪ ኩለን ብመንግስቲ ወይ ብህ.ግ.ደ.ፍ. ዝውነና እየን። ብዘይ ምግናን እዘን ቁጠባዊ ትካላት ካብ ናጻ ጉልበት መንእሰያት ኣባላት

---

[2] እተን ኣዝየን ኣኽሰብቲ ትካላት ብመንግስቲ ኤርትራ ወይ ብህ.ግ.ደ.ፍ. ዝውነና ብቑጽሪ ልዕሊ 38 ኮይነን፡ ካብኣተን እዘን ዝስዕባ ይርከብኣን። ኩባንያ ቀይሕ ባሕሪ፤ ኩባንያ ህንጻ ሰገን፤ ኩባንያ ህንጻ ገደም፤ ፋይናንሳዊ ኣገልግሎት በይሉል፤ ትካል ሽርፌ ሂምቦል፤ ሆቴል ኢንተርኮንቲነንታልን ካልኦት ነዘን ትካላት ዝመስላን።

ሃገራዊ ወትሃደራዊ ኣገልግሎት፡ ናጻ ታሪፍን፡ ናጻ ኣኽእሎን ተጠቃምነትን ናይ ህዝቢ ንብረትን ክኸስባ እየን ጸኒሐን። ከም ሳዕቤኑ ናይ ብሕቲ ትካላት ናይ ምውድዳር ባይታን ዓቕምን ብምስኣነን ዳርጋ ብሙለአን ተዳኺመንን ተዓጽየን'ውን እንተ ተባህለ ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ስለዚ እዘን ቁጠባዊ ትካላት እተን ቀንዲ ምንጪ ንዋታዊ ሃብቲ ናይ መንግሰቲ ኮይነን የገልግላ ኣሎዋ።

ዋላ'ኳ መንግስቲ ኤርትራ ብመገዲ እዘን ትካላት ኣቢሉ ጽግዕተኛ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ናይ ምዃን ተኽእልኡ ከጉድል እንተጸንሐ፡ ክሰሓት ዘይግብኦ ሓደ ሓቂ ግን ኣሎ። ዳርጋ ብሙልአን እዘን ኣቐዲምና ዝጠቐስናየን ቁጠባዊ ትካላት፡ ብሰፊሑ ካብ ናጻ ጉልበት መንእሰያት ኣባላት ሃገራዊ ወትሃደራዊ ኣገልግሎት ተጠቀምቲ ኮይነን እየን ጸኒሐን። ብዘይ ናጻ ጉልበት ናይዞም መንእሰያት እዘን ትካላት መንግስቲ ኣብ ቁጠባዊ ሃዋሁ ናይ ሃገር ክጻወትኦ ዝኽእላ ግደ ኣዝዩ ዱሩት ይኸውን ጥራይ ዘይኮነ ዳርጋ ኣብ ክቕጽላሉ ዘይኽእላ ደረጃ'ውን ክበጽሓ ከምዝኽእላ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

መንግስቲ ኤርትራ ዕላማ ናይ ናጻ ጉልበት ኣባላት ወትሃደራዊ ኣገልግሎት ንሃገራዊ ዳግመ ህንጻን ንቑጠባዊ ምዕባለን'ዩ እንዳበለ ምኽኑይ ክገብሮ ይርአ። ምህናጽ ሃገራዊ ቁጠባዊ ምዕባለ ካብ ሰብኣዊ ምዕባለ ፈላሊኻ ምርኣይ ማለት ግን ንኣብ ባይታ ዘሎው ሓቅታት ካብ ክውንነት ወጺእካ ምግጣሞም'ዩ ዝኸውን። ብልክዕ ቁጠባዊ ምዕባለ ማለት መስርሕ ምምሕያሽ ኣብ ናብራ ደቂ-ሰባት ማለት እዩ። እዚ ኸኣ ዓመታዊ እቶት ናይ ዜጋታት ክብ ብምባል፡ ድኽነት ብምጥፋእን፡ ቁጠባውን ንግዳውን ዕድላት ናይ ዜጋታት ብምዕዛዝን ክረጋገጽ ይከኣል። ህዝቢ ኣብ ዘይፈልጦን ዘይተመያየጠሉን ብግቡእ ዘይተረድኦን ውጥን ወይ ፕሮጀክት ብሓይሊ ቀሲብካ ከምዝሰርሕ እንዳገበርካ ቁጠባዊ ምዕባለ ከተረጋግጽ ምህቃን መወዳእትኡ ሕልሚ ጥራይ ኮይኑ ይተርፍ። *እቲ ዝበለጸን ውሕሉልን ኣገባብ ናይ ሓንቲ ሃገር ቁጠባዊ ምዕባለ ክረጋገጽ ዝኽእል እምበኣር፡ ህዝቢ ናይ ገዛእ-ርእሱ ምዕባለ ከመሓድር ሓላፍነትን ናጽነትን ምስ ዝህልዎ ጥራይ ይኸውን።*

*እቲ ዝበለጸን ውሕሉልን ኣገባብ ናይ ሓንቲ ሃገር ቁጠባዊ ምዕባለ ክረጋገጽ ዝኽእል ህዝቢ ናይ ገዛእ-ርእሱ ምዕባለ ከመሓድር ሓላፍነትን ናጽነትን ምስ ዝህልዎ ጥራይ ይኸውን።*

ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት እንተ ወሲድና፡ ስነ-ሓሳብን መሰረታዊ ትርጉምን ቁጠባዊ ምዕባለ ብዘይምግናን ሰንኪሉ ይርከብ። ምኽንያቱ መንእሰያት ኣባላት ሃገራዊ ወትሃደራዊ ኣገልግሎት ንዓመታት ዝኣክል ከም ዜጋታት ንኽነብሩ ኢሎም ዝሰርሑን ዘፍርዩን ዘህልኹን ደቂ-ሰባት ኮይኖም ስለዘይሕሰቡ እዩ። እንታይደኣ ኣብ ዝተፈላለዩ ብመንግስቲ ዝውጠኑ ወፍርታት ጥራይ ተዋፊሮም ከም ዘፍርዩን ዘህልኹን ነገራት ወይ ኣቑሑ ስለዝሕሰቡ'ዩ። ከም ሳዕቤኑ እዞም መንእሰያት ወነንቲ መጻኢ ህይወቶምን ምዕባለ ሕብረተሰቦምን ካብ ምዃን ይሕረሙን ካብ ናይ ብሓቂ ህይወት ከኣ ተገሊሎም ንኽነብሩ ይግደዱን። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት እዞም መንእሰያት ካብ ንመንግስቲ ምትሕብባርን ምእዙዛት ካብ ምዃንን ኣቋሪጾም ኣብያኦም እንተገለጹ ሞራላውን ሕጋውን መሰሎም እዩ።

ኣብዚ ጉዳይ ከም ቀንዲ ሕቶ ክለዓል ዝኽኣል እምበኣር ኣብ ኤርትራ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብያኻ ብኣድማን ካልኦት ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቃልሲን ምግላጽ ንሂወትካ ኣዝዩ ሓደገኛ ኮይኑ ይርከብ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት እዞም ብናጻ ጉልበት ወይ ብትሑት ደሞዝ ንቑጠባዊ ትካላት መንግስቲ ዝሰርሑ ዘሎው ዜጋታት ኣዝዩ ስልታውን ዝተፈልየን ኣገባብ ቁጠባዊ ኣብያ ንኽትግብሩ ይግደዱ ማለት'ዩ። ንኣብነት ሰባት ንስራሕ ከምዝኣተዉ ይሕብሩ'ሞ ኣብ ስራሕ ግን ኮነ ኢሎም ቀስ እንዳበሉን ብዘይ ኣሳልጦን ከምዝሰርሑ ይገብሩ። እንዳፈለጡን ብተደጋጋምን ጌጋታት ከምዝፍጽሙ ይገብሩ። ሕሙማትን ዓቕሚ ከምዘይብሎምን ንኽምስሉ ይጽዕሩ ወይ ድማ ብቐሊሉ ምስራሕ ይኣብዩ።

ብዘይካ'ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ፡ ኣብ ኤርትራ ቁጠባዊ ኣብያ ከድማዓሉ ይኽእል'ዩ ተባሂሉ ዝእመነሉ ረቛሒ እቲ ካብ ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ናብ ቤተሰቦም ዝልኣኽዎ ገንዘብ'ዩ። እዚ ብሚልዮናት ዝቑጸር ናይ ወጻኢ ባጤራ ቀንዲ ምንጪ ኣታዊ ንመንግስቲ ኮይኑ ጸኒሑ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ልክዕ'ዩ ኣብ ብናይ ወጻኢ ዝነብሩ ቤተሰቡ ዝለኣኽ ገንዘብ ብሰፊሑ ዝሙርከስ ህዝቢ፡ ቁጠባዊ ኣብያን ሕንጋደን ከተተግብርን ክትውስን ቀሊል ነገር ከምዘይኮነ ርዱእ'ዩ። ምልኣኽ ገንዘብ ካብ ወጻኢ ናብ ቤተሰብካ ብመገዲ ካልኦት ኣማራጺታት፡ ዝተፈልዩ ካብቶም ብመንግስቲ ዝውነኑ ገንዘባዊ ትካላት፡ ግን ከም ኣድማዒ ቁጠባዊ ኣብያ ክውሰድ ይከኣል።

ቁጠባዊ ኣብያ ንምጥቃዕ ናይ መንግስቲ ቁጠባዊ ኣታውታትን ዓቕምታትን ዝሕለን ኮይኑ፡ እቲ ቐንዲ ዕላማኡ ከኣ መንግስቲ ንእሙናት ልኡኻቱ ዘቕርቦ ገንዘባውን ንዋታውን መተባብዒ ንምቕናስን ምዕናውን'ዩ። ህዝቢ ብሓባር ብዝተወሃሃደን ብቐጻልን ዝተፈላለዩ ኣገባባት ቁጠባዊ ኣብያ ብምክያድ መንግስቲ ውጥናቱ ንኸተግብር ሕጽረት ገንዘብን ንዋትን ከምዘጋጥሞ ክገብር ይኽእል። ኣብ መጠረሽታ ድማ መንግስቲ ናይ እሙናት ልኡኻቱ ሓገዝ ክዕቅበሉ ኣብ ዘይክእል ደረጃ ይበጽሕ።

### ሐ. ፖለቲካዊ ኣብያ

እቲ ሳልሳይ ክፋል ኣገባብ ኣብያ ፖለቲካዊ ኣብያ ተባሂሉ ይፍለጥ። ህዝቢ ፖለቲካዊ ኣብያ ዘተግብር ንምንጻግ ዘይሕጋዊ ፖለቲካዊ ስልጣን መንግስቲ'ዩ። ሕትመታት፡ ኣዋጃትን ጽሑፋትን ንፖለቲካዊ ስልጣንን ሕጋውነትን ናይ መንግስቲ ዝነጽጉ ናብ ህዝብን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ምልኣኽን ምብታንን ምስ ፖለቲካዊ ኣብያ ይቑጸር። ምሕንጋድ ኣብ ዝተተምነየ ሃገራዊ ምርጫ'ውን ሓደ ኣገባብ ፖለቲካዊ ኣብያ እዩ። እቲምንታይ'ሲ መብዛሕትኡ ግዜ መለኸቲ ስርዓታት ሃገራዊ ምርጫ ዝእውጁ፡ ነቲ ምስ ህዝብን ማሕበረ-ሰብ ዓለምን ዘለዎም ወጥሪ ንኽህድኡ ኢሎም'ዮም። ብተወሳኺ ሕንጋደ ወይ ካብ ሓላፍነት ምውራድ ቀንድን ኣገደስትን መራሕቲ መንግስቲ'ውን ምስ ፖለቲካዊ ኣብያ ኢዩ ዝቑጸር።

ኩሎም እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ገለ ካብ ብህዝቢ ዝትግበሩ ኣገባባት ፖለቲካዊ ኣብያ ኮይኖም፡ ዕላማኦም ድማ ምንጻግ ዘይሕጋዊ ፖለቲካዊ ስልጣን መንግስቲ'ዩ። ንምኻኑ ፖለቲካዊ ስልጣን ክበሃል ከሎ እንታይ ማለት'ዩ? ሕጋውነት ናይ ሓደ መንግስቲ'ኸ ብኸመይ ይረጋገጽ?

ብመሰረቱ መንግስቲ ዝምስረት ብህዝቢ እዩ። ህዝብታት መንግስቲ ዝምስርቱ እቲ መንግስቲ ከም ሓደ ኣካል ንኹሎም ብሓባር ዝውክሎም ኮይኑ ንኸገልግሎምን ረብሓኦምን ድሌቶምን ከማልኣሎምን'ዩ። መንግስቲ ድማ ብስምምዕን ወለንታን ናይ ኩሉ ዜጋ ይምስረት። እቲ ዝምስረት መንግስቲ ኣብ ህዝባዊ ውዕል ወይ ሃገራዊ ቅዋም ዝተመስረተ ይኸውን። እዚ ውዕል'ዚ ኣብ መንጎ ህዝብን እቲ ዝምስረት መንግስትን ይእቶ። መንግስቲ ብኸምዚ ኣገባብ ዝተመስረተ እንተደኣ ኮይኑ፡ እዚ መንግስቲ'ዚ ሕጋዊ ፖለቲካዊ ስልጣን ወይ መዚ ኣሎዎ ክንብል ንኽእል። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ብመሰረት ኣብቲ ህዝባዊ ውዕል ተጠቒሶም ዝርከቡ ሓረጋት፡ እዚ መንግስቲ'ዚ ናይ ምምራሕን ምእዙዝነት ናይ ህዝቢ ናይ ምጥላብን መሰል ኣለዎ ማለት'ዩ።

ኣብዚ ዘለናሉ ምዕቡል ግዜ፡ ውጽኢት ሃገራዊ ምርጫ ንናይ ሓደ መንግስቲ ፖለቲካዊ ስልጣን ሕጋዊ ይገብሮ። እዚ ብህዝቢ ዝተመርጸ መንግስቲ፡ ብመሰረት ኣብ ቅዋም ናይታ ሃገር ተጠቒሶም ዝርከቡ ዓንቀጻት፡ ነቲ ህዝቢ ንኽመሓድሮን ረብሕኡን ድሌታቱን ንኸማልኣሉ ከይሰልከየ ክሰርሕ ምኻኑን ቃለ-ማሕላ ይገብር። ውግእ፡ ወራር፡ ድርቂን ካልኦት ተፈጥሮኣውን ሰብ-ሰርሖን ሽግራት ተኸሲቶም ብምባል ንቕዋም ናይ ሓንቲ ሃገር ምስራዝ ወይ ምድስካል ፍጹም ኣይከኣልን። ናይ ዝኾነ ሃገር ቅዋም፡ ናይ ኤርትራ'ውን እንተኾነ፡ ርእሱ ዝኸኣለ ዓንቀጻት ወይ ሓረግ ብኣዋጅ ህጹጽ እዋን ዝፍለጥ ንኣተሓሕዛ እቶም ብሃገራዊ ሓደጋታት ዝፍለጡ ሽግራት ዘገልግል ኣብቲ ቅዋም ተወቒጡ ይርከብ። ብተወሳኺ፡ ንዝተፈላለየ ቋንቋን ባህልን ዘለዎም ህዝብታት ናይ ሓንቲ ሃገር፡ ቅዋም ከም ናይ ሓባር ሞራላውን ሕጋውን ባይታ ንሓድነት እዞም ህዝብታት የገልግል። ነፍስ-ወከፍ ኣብታ ሃገር ዝርከብ ሰብ፡ ካብ መራሒ መንግስቲ ክሳብ ተራ ውልቀሰብ፡ ብመትከላት ቅዋም ናይታ ሃገር ምእዙዝ ክኸውን ይግባእ። መንግስቲ ንመትከላት ኣብ ህዝባዊ ውዕል ወይ ቅዋም ሰፊሮም ዝርከቡ ሓረጋት ፍጹም ክቕይሮም ወይ ክጥሕሶም ኣይግባእን። እዚ ምስዘይከውን ግን እቲ ኣብ መንጎ ህዝብን መንግስትን ዝተኣትወ ውዕል ፈሪሱ ክበሃል ይከኣል። እዚ ከኣ እቲ ቐንዲ ረቛሒ ንሕጋውነት ፖለቲካዊ ስልጣን ናይ መንግስቲ ኣብ ምልክት ሕቶ ዘእቱ ኮይኑ፡ ህዝቢ ኸኣ ንመንግስቲ ምእዙዝ ናይ ምኻን ግዴታኡ ብወግዒ ንኽነጽጎ ምኽንያት ይኾኖ።

> ውግእ፡ ወራር፡ ድርቂን ካልኦት ተፈጥሮኣውን ሰብ-ሰርሖን ሽግራት ተኸሲቶም ብምባል ንቕዋም ናይ ሓንቲ ሃገር ምስራዝ ወይ ምድስካል ፍጹም ኣይከኣልን።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣምር ሕጋውነት ፖለቲካዊ ስልጣን መንግስቲ ምስ ናይ ኤርትራ ኩነታት እንተ ኣዛሚድናዮ እንታይ ይመስል?

ንዓመታት ዝኣክል ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዝተፈላለዩ ገዛእቲ ክትምሓደር ኢ.ያ ጸኒሓ። ኩሎም እዞም ዝሓለፉ ገዛእቲ ብዘይ ድሌትን ወለንታን ህዝቢ ኤርትራ እዮም ፖለቲካዊ ስልጣን ጨቢጦም። እዚ ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ስልጣን ዘሎ መሪሕነት መንግስቲ ኤርትራ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝተረከበ ኣብ 1991 ኮይኑ፡ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ንደርጊ ብምስዓር ንኤርትራ ሓራ ድሕሪ ምግባሩ'ዩ። መሪሕነት መንግስቲ ኤርትራ ፖለቲካዊ ስልጣን ከምዝርከብ ዝተገብረ ከኣ ዘይተርፍ ታሪኻዊ ምዕባለ ስለ ዝኾነን፡ ኣድላይነት ምምሕዳር ንሓዳስ ሓራ ዝኾነት ሃገር ስለ ዝነበረን፡ ህዝቢ ኸኣ እምነት ኣብ ልዕሊ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ስለ ዘሕደረን'ዩ። እዚ ኸኣ ንኣተሓሕዛ ፖለቲካዊ ስልጣን መሪሕነት መንግስቲ ኤርትራ ካብ ናይ'ቶም ዝሓለፉ ገዛእቲ ፍሉይ ይገብሮ።

ህዝቢ ኤርትራ ንዓመታት ዝተቓለሰ ንምርግጋጽ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብሪ፣ ናጽነትን ርእሰ-ውሳኔን ናይ ዜጋታት እዩ። ብመሰረት ውጽኢት ሪፈረንደምን ህዝቢ ኣብ ልዕሊ መሪሕነት ዘንበሮ እምነትን፡ መሪሕነት መንግስቲ ኤርትራ ክብርን ናጽነትን ነፍስ-ወከፍ ዜጋ ዝኽብረሉ፡ ኣብ መትከላት ቅዋምን ልዕልና ሕግን ዝተመርኮሰት ዲሞክራሲያዊት፣ ልኡላዊትን ብልጽግትን ኤርትራ ንምህናጽ ክሰርሕ ምኻኑ'ዩ ትጽቢት ተነቢሩሉ። ብርግጽ እዚ ልዑል ትምኒት ህዝቢ ኤርትራ ክረጋገጽ ዝኽእል እዞም ዝስዕቡ ረቛሒታት ክማልኡ እንተደኣ ኪኢሎም'ዮም።

1. መስርሕ ሰላምን ዕርቅን ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ፖለቲካውያንን ዘይፖለቲካውያን ውድባትን ማሕበራትን ብጻዕቂ ምስ ዝድፉኣሉ፤
2. ሃገራዊ ቅዋም ብምንዳፍን ኣብ ግብሪ ከምዝውዕል ብምግባርን፤
3. ሃገራዊ ምርጫ ብምክያድ ፖለቲካዊ ስልጣን ናብ ዋናታቱ፡ ናብ ህዝቢ ብምትሕልላፍ።

መሪሕነት መንግስቲ ኤርትራ ብወገኑ ከም ርዱእ ብምውሳድ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ረቛሒታት ንኽተግብር ተሰማሚዑ። በዚ ስምምዕ መሰረት መሪሕነት መንግስቲ ኤርትራ ስራሓቱ ብመሰረት ህዝቢ ኣብኡ ዘንበሮ እምነት ንኽሰላስል ትጽቢት ተገብረ፡ ህዝቢ ኸኣ ብወገኑ ብመንግስቲ ዝጸደቑ ሕግታትን መምርሒታትን ክኽብርን ክተግብርን ነይሩዎ። ካብ እምነት ሓሊፉ ግን ዝኾነ ዓይነት ህዝባዊ ውዕል ኣብ መንጎ ህዝብን መሪሕነት መንግስትን ዝተኣትወ የለን።

እንተኾነ ግን ክሳብ'ዛ ሰዓት እዚኣ ኣብ ኤርትራ ዝኾነ ዓይነት ተበግሶ ንሃገራዊ ሰላምን ዕርቅን ክውሰድ ኣይተራእየን። ሽሕ እኳ ኣብ 1997 ዝተነድፈ ሃገራዊ ቅዋም እንተሃለወ፡ ክሳብ ሕጂ ኣብ ግብሪ ኣይወዓለን። ሃገራዊ ቅዋም ኣብ ግብሪ ውዒሉ ብግቡእ ክሰረሓሉ እንተ ዝኽእል፡ መሰረታውያን ናጽነታት ናይ ነፍስ-ወከፍ ኤርትራዊ ዜጋ ምስተሓለወ ኔሮም ጥራይ ዘይኮነስ፡ ከም ሓደ ሞራላውን ሕጋውን ባይታ ንመላእ ሓድነት ዜጋታት'ውን መገልገለ ኔሩ። ክሳብ ለይቲ ሎሚ መራሕትና ብመገዲ ናጻን ርትዓውን ሃገራዊ ምርጫ ንኽይ ንመርጽ መሰልና ተነፊግና ንርከብ። እወ ሎሚ 15 ዓመታት ድሕሪ ናጽነት፡ ኣንጻር ትጽቢታትን ትምኒታትን ህዝቢ ኤርትራ፡ ኤርትራውያን ገና ኣብ ኣዝዩ ጭቁና ዝመልኦ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካውን ቁጠባውን ሃዋሁ እዮም ህይወቶም ዝመርሑ ዘለው እንተ ተባህለ ካብ

ሓቂ ዝረሓቐ ኣይኮነን። ብሓፈሻኡ ጠንቂ ናይ ኩሉ ኣብ ኤርትራ ኀሊሖም ዝረኣዩ ዘለው ፖለቲካውን፡ ማሕበራውን ቁጠባውን ሽግራት እምበኣር ኣብ መትከላት ቅዋምን ልዕልና ሕግን ዝተሰረተ፡ ናይ ዜጋታት መሰረታዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ዘኽብር ስርዓተ-ምሕደራ ብዘይምህላውዩ።

እምበኣርከስ መሪሕነት መንግስቲ ኤርትራ ንሃገራዊ ስላምን ዕርቅን ዘጣጥሕ ባይታ ንምፍጣር ተበግሶ ብዘይ ምውሳዱ፡ ነቲ ብ1997 ዝጸደቐ ቅዋም ኣብ ግብሪ ካብ ምውዓል ብምቑጣቡን፡ ባዕሉ ናይ ምምራሕ ሕጋውነቱን ምእዙዝነት ናይ ህዝቢ ናይ ምጥላብ መሰሉን ኣብ ምልክት ሕቶ ኣእትይዎ ክበሃል ይከኣል። መሪሕነት መንግስቲ ኤርትራ ነዞም ረቛሒታት ኣብ ግብሪ ብዘይ ምውዓሉ፡ ንትጽቢታትን ትምኒታትን ናይቲ እምነት ዘንበረሉ ህዝቢ ክውን ንኽይከውን ሓጺሩዎ ይርከብ። ኣብዚ ሓቂ'ዚ ምርኩስ ብምግባር፡ ህዝቢ ንመሪሕነት መንግስቲ ኤርትራ ምእዙዝ ናይ ምኻን ግዴታኡ ብወግዒ ንኽነጽግ ኣገዲድዎ ይርከብ።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓቅታት ስለ ዘሎ ኸኣ'ዩ ኣብዚ ግዜ'ዚ ብዙሓት ኣገባባት ፖለቲካዊ ኣብያ ኣንጻር መንግስቲ ኤርትራ በብግዜኡ ዝረኣዩ ዘለዉ። ከም ኣብነት እዞም ዝስዕቡ ክጥቀሱ ይኽእሉ። ካብ 2001 ንደሓር ጥራይ በብግዝኡ ብዙሓት ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ ስርሖም ገዲፎም ንስደት የምርሑ ኣለዉ። ብዙሓት ንላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ ኢሎም ካብ ሃገር ዝወጹ ከይተመልሱ ተሪፎም። ዓሰርተታት ኣሽሓት ኣባላት ሃገራዊ ወትሃደራዊ ኣገልግሎት ንሱዳን ክወጹ ከለዉ፡ ልዕሊ 15000 ዝኾኑ ድማ ኣብ ኢትዮጵያ ዑቑባ ሓቲቶም። መብዛሕትኦም እዞም መንእሰያት ነቲ ናይ ግዜ ገደብ ዘይብሉን ህዝቢ ብዝፈልጦ ሕጊ ዘይግዛእን ሃገራዊ ወትሃደራዊ ኣገልግሎት ምኽኑይ ኣይኮነን ኢሎም ይነጽግዎ። ብተወሳኺ ነቲ ኣብኡ ዘጋጥሞም ኣዝዩ ዝኸፍአን ዘይፍትሓውን ኣተሓሕዛ ኣዘዝቲ ሰራዊት ኤርትራ ብትሪ ክቃወምዎ ይስምዑ።

ፖለቲካዊ ኣብያ ብመሰረቱ ዝውጠን ህዝቢ ንናይ መንግስቲ ትካላት ንኽሕሰሞም ንምትብባዕ፡ ኣብ ስራሕ ንጡፍ ካብ ምኻን ንኽቑጠብን፡ ዝተፈላለዩ ኣጋጣምታት ንህዝባዊ እምቢታ ዝኸፍት ባይታ ንኽፍጠርን'ዩ። ኣገባባት ፖለቲካዊ ኣብያ ብሰፊሕን ብቐጻልን ክትግበሩ እንተ ኺኢሎም፡ ንፖለቲካዊ ስልጣን ናይ ሓደ ምልካዊ ስርዓት የዳኽምዎ ጥራይ ዘይኮኑስ ክሳብ ምብትታን ናይቲ ስርዓት'ውን ከስዕብ ይኽእል።

## 3 ግብራዊ-ተበግሶ (Intervention)

ዘይጎነጻዊ ግብራዊ-ተበግሶ ምውሳድ ሳልሳይ ኣገባብ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ'ዩ። ኣገባባት ግብራዊ-ተበግሶ ካብ ኣድማን ኣብያን ፍሉይ ዝገብሮም ብምጥሓስ ሕግን መምርሕታትን ናይ መንግስቲ ስለ ዝትግበሩ'ዩ። እዚ ዝግበር፡ ከም እሙን ዜጋ ምእዙዝነት ንመንግስቲ ከምዘይብልካ ኣጉሊሕካ ንምርኣይ'ዩ። ካብ መንግስቲ ናጻ ዝኾና ማሕበራትን ውድባትን ምምስራት፡ ምጿም፡ ናይ መግቢ ምሕሳም ኣድማ ምክያድ፡ ህዝባዊ ሰላማዊ ስለፊ ምክያድ፡ ክትእሰር ምዕዳምን ካልኦት ዕላማኦም ንምስራዝን ምንጻግን

*ተመስሪቶም ንዝጸንሑ ኣካይዳታት፡ ውጥናት፡ ዝምድናታትን ትካላትን መንግስቲ ምስ ኣገባባት ግብራዊ-ተበግሶ ይቐጽሩ።*

*ኣገባባት ግብራዊ-ተበግሶ ዝትግበሩን ዕዉታት ዝኾኑን ህዝባዊ ኣብያ ንፖለቲካዊ ስልጣን ወይ ሓይሊ ናይ መንግስቲ ብግቡእ ከም ዘዳኸሞ ምስ እተራጋግጽ ጥራይ ይኸውን። ኣብዚ ደረጃ'ዚ፡ እቶም ኣቐድም ኣቢሎም እሙናት ልኡኻት መንግስቲ ዝኾኑ፡ ንዝኾነ ኣንጻር ሕግታትን መምርሒታትን መንግስቲ ዝግበር ዘይጎነጻዊ ተግባራት ሓደገኛ ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ካብ ምውሳድ ክቑጠቡ ይኽእሉ ኢዮም ኢልካ ኣብ ዝኣመንካሉ ግዜ ይኸውን።*

*ኣብዚ ደረጃ'ዚ ሕጋውነት ናይ ብመንግስቲ ዝሕለኑን ዝጸድቁን ውጥናትን መምርሒታትን ብቐጥታ ከም ዝብድሁን ምስጢራት ናይ መንግስቲ ናብ ህዝቢ ከም ዝቃልዑን ይግበር። መንግስቲ ድማ ብሓይሊ ድዩ ዋላስ ብኻልእ ዓይነት ኣገባባት መልሲ ንኽህብ ይግደድ። ስለዚ፡ ዘይከም ኣገባባት ኣድማን ኣብያን፡ ኣገባባት ግብራዊ-ተበግሶ ኣዝዮም ኣሰቀቕቲ ማህረምትን ማእሰርትን ካብኡ ሓሊፉ'ውን መቕተልቲ ከስዕቡ ይኽእሉ።*

*እንተኾነ ግን ኣብ መስርሕ ህይወት ንዝኾነ ሓይሊ ዝተሓወሶ ወስታ ማዕሪኡ ግብረ-መልሲ ከምዘለዎ ንኹሉ ርዱእ እዩ። ስለዚ መንግስቲ ስነ-ኣእምሮኣዊ፣ ንዋታውን ቁጠባውን ሓይሊ ኣብ ልዕሊ ሰላማውን ዘይጎነጻውን ቃልሲ ዘካይድ ህዝቢ ምስ ዝጥቀም፡ ብተዘዋዋሪ መገዲ እዚ ወስታ'ዚ ንፖለቲካዊ ስልጣን መንግስቲ የዳኽሞን ንናይ ምቅዋም ሓይሊ ናይ ህዝቢ ድማ የሐይሎ።*

*ኣገባባት ግብራዊ-ስጉምቲ ብተደጋጋሚ እንዳወሰኸ ምስዝመጽእ፡ እሙናት ልኡኻት መንግስቲ ሓይሊ ናይ ህዝቢ ብቐጥታ ንህላወኦም ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ኮይኑ ክስምዖም ይኽእል'ዩ። ብርግጽ'ውን ንናይ መጨረሽታ ግጥም ክቕረቡ ይኽእሉ'ዮም። ከምዚ ዓይነት ስምዒታት ናይ ልኡኻት መንግስቲ ከቢድ መውጋእትን መቕተልትን ኣብ ልዕሊ ዘይጎነጻዊ ሰልፊ ዘካይድ ህዝቢ ከስዕብ ይኽእል። ነዚ ዝመስሉ ሓደጋታት ንምቕናስ ኣቐድም ኣቢሉ ናብ እሙናት ልኡኻት መንግስቲ ዝቐንዐ ትምህርታዊ ጎስጓሳትን ጻዕርታትን ክትግበር ይግባእ። እዚ ዓይነት ትምህርታዊ ጎሰጓሳት ምግባር ሓደ ነገር ብዛዕባ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ይምስክረልና። እሱ ኸኣ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ብዛዕባ ውድድር ዘይኮነስ ብዛዕባ ስኒትን ምትእምማንን፡ ብዛዕባ ፍቕርን ርህራህን፡ ብዛዕባ ትብዓትን ተወፋይነትን ምዃኑ የርእየና። ኣብ ዘይጎነጻዊ ግጥም ጽልእን ቅርሕንትን ፍጹም ቦታ የብሎምን። መሰዋእቲ ናይ ሓደ ተቓላሳይ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ድማ ነቲ ግጥም መሊሱ ከም ዝጉህር ይገብሮ።*

# 5. መስርሕ ለውጢ

ኣቐድም ኣቢሉ ተጠቒሱ ካብ ዘሎ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ስነ-ሓሳብ ከም ዘይኮነ ክንርዳእ ንኽእል። ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ማለት ብንዋታዊ ኣጽዋር ዝተሰነየ ሓይሊ ዘይተሓወሶም ኣገባባት እንዳተጠቐምካ ሰላምን ፍትሕን ንምጭባጥ ዝግበር መስርሕ ቃልሲ'ዩ። ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ርትዓዊ ውጽኢት ዘምጽኡልና ነቲ መስርሕ ቃልሲ ናይ ምርድዳእ መንፈስ ኣብ ልዕሊ በዓል ነገርና እንዳገለጽና ስለ እነካይዶ'ዩ።

እቶም ጠንቂ ናይ እነሕልፎ ስቓይን ሽግርን ዝኾኑ ስባት ጸላእትና ክኾኑ ኣይግበኦምን፡ እንታይ ደኣ እቲ ዘይጽወር ባህርያቶምን ኣተሓሳስባኦምን። ነዚ ባህርያት ደቂ-ሰባት ኢና ኸኣ ብኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ኣቢልና ክንቃለሶ፣ ከነልምሶን ከነምክኖን ዝግበኣና። ብተወሳኺ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ናይ ሕልና ነገርን ስነ-ኣእምሮኣዊ ኣተሓሳስባታትን እዩ። ከምቲ ንብዙሓት መሲሉ ዝረኣዮም ናይ ፈራሓት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ስነ-ኣእምሮኣዊ፣ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን እገዳታት እነዳገበርካ ንኣተሓሳስባን ሕልናን ናይ በዓል ነገርካ ንኽቕየር ከተእምኖ ምፍታን ኮይኑ፡ ማዕረ'ዚ ድማ ኣቓልቦ ማሕበረሰብ ዓለም ንሽግራት ናይ ህዝቢ ንኽዕዘቦን ካብኡ ዝጥለብ ነገራት ንኸማልእ ክትጽውዕ ምኽኣልን'ዩ። ብልክዕ'ውን እንተኾነ ካብቲ ብድሕሪ ኣጽዋራት ተኸዊሉ ንኣብ ቅድሚኡ ዝመጸ ዝኾነ ሰብ ከም ጸላኢኡ ዝሓስቦ'ሞ ኩል-ግዜ ኣብ ተጠንቀቕን ራዕድን ዝነብር ሰብ፡ እቲ ኣብ ጥራሕ ኢዱ ኣብ ቅድሚ ዝዓመረት ሻምብቆ ጠበንጃ ደው ዝብል ሰብ ዝለዓለ ርእሰ-ተኣማንነትን ስነ-ኣእምሮኣዊ ሓይልን ኣሎዎ።

*ካብቲ ብድሕሪ ኣጽዋራት ተኸዊሉ ንኣብ ቅድሚኡ ዝመጸ ዝኾነ ሰብ ከም ጸላኢኡ ዝሓስቦ'ሞ ኩል-ግዜ ኣብ ተጠንቀቕን ራዕድን ዝነብር ሰብ፡ እቲ ኣብ ጥራሕ ኢዱ ኣብ ቅድሚ ዝዓመረት ሻምብቆ ጠበንጃ ደው ዝብል ሰብ ዝለዓለ ርእሰ-ተኣማንነትን ስነ-ኣእምሮኣዊ ሓይልን ኣሎዎ።*

ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ንኣተሓሳስባን ሕልናን በዓል ነገርካ ምቕያርን ብኡ ኣቢሉ ድማ ንለውጢ ንኽሓስብን ንኽሰርሕን ክብገስ ከምዘለዎ መልእኽቲ ይሰዱ። ብልክዕ ግን ብኸመይ ዓይነት ኣገባብን ስትራተጅን እዩ እቲ ዝድለ ጽልዋ ኣብ ልዕሊ በዓል ነገርካ ክግበር ዝከኣል፡ ለውጢ ድማ ናይ ግድን ዘይተርፍ ዝኸውን? ኣብዚ ምርኩስ ብምግባር፡ ዝተፈላለዩ መስርሕ ለውጢ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ክንጠቅስ ንኽእል። ምቕያር - ንኣተሓሳስባ በዓል ነገርና፡ ምእንጋድ - ንጠለባት ህዝቢ፡ ኣብ ኣዝዩ ዝሽፍአ ኩነታት ድማ ምቕሳብ ወይ ምብትታን ንስርዓት ናይ በዓል ነገርካ ብኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ጌርካ የጠቓልል።

1. **ምቕያር** (Conversion)

ኣብ ገለ ኩነታት መላኺ መንግስቲ ንጠለባት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ዘካይድ ህዝቢ እንተደአ ተቐቢልዎ ጥቕምታቱ ክሕሎ ይኽእል እዩ። በዚ መሰረት መንግስቲ ንጠለባት ናይ ህዝቢ ብወለንተኡ ክቕበል ፍቓደኛ ይኸውን። እዚ ዓይነት መስርሕ ለውጢ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ምቕያር ተባሂሉ ይፍለጥ።

መስርሕ ለውጢ ምቕያር ምስ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ኩነታት ከነዛምዶ እንተኺኢልና እንታይ ይመስል? ኣብ ዝሓለፉ ዓመታት፡ ብቐጻሊ ብበዙሓት ሰባት፡ ጉጅለታት፡ ማሕበራትን ውድባትን ናብ መንግስቲ ኤርትራ ክቐርቡ ካብ ዝጸንሑ ዝርዝር ጠለባት እቲ ቐንዲ እዚ ዝስዕብ እዩ። ኣብ ኤርትራ ሕገ-መንግስቲ (ቅዋም) ኣብ ግብሪ ክውዕልን፡ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ልዕልና-ሕግን ከአ ክኽበር ዝብል እዩ። እንተኾነ ግን መንግስቲ ኤርትራ ነዚ ጠለባት ናይ ህዝቢ ጸማም እዝኒ'ዩ ክህቦ ጸኒሑ።

ካብዚ ናይ ኤርትራ ኩነታት ሓደ ነገር ክንዕዘብ ንኽእል። እሱ ኸኣ መስርሕ ምቕያር፡ ኣብ መንጎ ህዝቢን መንግስትን ኣብ ዘሎ ናይ ሓይሊ ሚዛንን፡ ኣብ ንናይ ህዝቢ ጠለባት ፍታሕ ናይ ምሃብ ፖለቲካዊ ድሌት መንግስትን ይምርኰስ። መንግስቲ ኣዝዩ ትዕቢተኛን ጨካንን እንተ ኾይኑ መስርሕ ምቕያር ከምጽእ ዝኽእል ጽልዋ ዋላ ሓንቲ ክህሉ ኣይኽእልን፤ ብፍላይ ከአ እቶም ብህዝቢ ዝጥለቡ ነገራት መሰረታውያን እንተ ኾይኖም። ስለዚ ኣብ ኤርትራ ናይ ህዝቢ ጠለባት ክረጋገጽ እንተ ኾይኑ ነቲ ኣብ መንጎ ህዝብን መንግስትን ዘሎ ናይ ሓይሊ ሚዛን ናብ ህዝቢ ገጹ ክሳብ ዝሰፍል ወይ ዝዘዙ ዘይሕለል ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ምክያድ የድሊ።

2. **ምእንጋድ** (Accommodation)

ምእንጋድ ካልኣይ መስርሕ ለውጢ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ'ዩ። መስርሕ ለውጢ ምእንጋድ ዝረጋገጽ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ዘካይድ ህዝቢ ምስ መንግስቲ ኣብ ሓባራዊ ስምምዕ ብምብጻሕ'ዩ። እዚ መስርሕ ለውጢ ዝበለጸ ዝኸውን እቲ ብህዝቢ ዝጥለብ ጉዳይ ብዓይነቱ መሰረታዊ ምስ ዘይከውን'ዩ። እዚ ማለት መንግስቲ መሰረታዊ ኣተሓሕዝኡን ኣረኣእያኡን ኣብቲ ጉዳይ ከይለወጠ፡ ነተን ህዝቢ ኣትሪሩ ዝጠለበን ነገራት ጥራይ ንኸማልእ ቃል ይኣቱን የተግብርን። ምእንጋድ ምስ ምቕያር ዘመሳስሎ ረጃሒ፡ እቲ ውጽኢት ወይ መስርሕ ለውጢ ኣብ ፖለቲካዊ ድሌት ናይ መንግስቲ ስለ ዝምርኮስ'ዩ።

ምልካውያን ስርዓታት ንናይ ህዝቢ ጠለባት ከአንግዱ ዝግደዱ ፈትዮም ወይ ንኽብሪ ህዝቢ ዘይኮኑስ ንናይ ህዝቢ ወጥሪ ክህድኡን፡ ኣረኣእያ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ንምልዋጥን፡ ንህዝቢ ማዕረ ክንደይ ከም ዝሓልዩሉ ንምርኣይን፡ ወይ ከአ ነቲ ነገር መራሒቲ ናይ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ክይተጠቐሙሉ ክለው ቀልጢፎም ንምዕጻውን እዩ። መንግስቲ ኣገደስቲ ናይ ወጻኢ ዲፕሎማሰኛታት ናብታ ሃገር ምስ ዝመጹ ገለ ናይ ፖለቲካ እሱራት ይፈትሕ፡ ወይ ንገለ ሲቪካውያን ወይ ሃይማኖታውያን ማሕበራት ስርሐን

ንኽቅጽላ የፍቅድ፡ ወይ ንዲሞክራሲያዊ ለውጢ ውሑይ ምኽኑ ንምርኣይ ናጻን ርትዓውን ሃገራዊ ምርጫ ይጽውዕ። እቲ ሓቂ ግን ህዝቢ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ብምግባር ንሚዛን ሓይሊ ናይ መንግስቲ ኣዝዩ ስለ ዘዳኸሞ፡ መንግስቲ ንዝኾነ ናይ ህዝቢ ወጥሪ ክውስኽ ይኽእል'ዩ ዝብሎ ጉዳያት ብመስርሕ ለውጢ ምእንጋድ ጌሩ ንኽፈትሖ እንኮ ኣማራጺ ንቐጻልነት ስልጣኑ ስለ ዝኾነ'ዩ።

ከም ኣብነት ናይ ኤርትራ ጉዳይ እንተወሲድና፡ እቲ ብህዝቢ ዝጥለብ ዘሎ ጉዳይ መሰረታዊ'ዩ። ከም ሳዕቤኑ ከኣ መስርሕ ለውጢ ምእንጋድ ኣድማዒ ክኸውን ኣይክእልን። ቅዋም ኣብ ግብሪ ብምውዓል መሰረታውያን ሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ልዕልና ሕግን ክኽበር እንተዘይክኢሉ፡ ርጉእ ህይወትን ሰብኣውን ቁጠባውን ምዕባለን ኣብ ኤርትራ ክመጽእ ይኽእል'ዩ ኢልካ ምሕሳብ ሕልሚ ጥራይ እዩ። ነዚ ሕቶ ህዝቢ ኸኣ መንግስቲ ኤርትራ ክሳብ ለይቲ ሎሚ ጸማም እዝኒ ክህቦ'ዩ ጸኒሑ።

3. **ምቕሳብ** (coercion)

ምቕሳብ ሳልሳይ መስርሕ ለውጢ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ'ዩ። እዚ መስርሕ ለውጢ ዝመጽእ ኣንጻር ፖለቲካዊ ድሌት መንግስቲ ኮይኑ፡ ድሕሪ ዝተወሃሃደ ናይ ህዝቢ ኣብያን ዘይምእዙዝነትን ንሚዛን ሓይሊ መንግስቲ ብግቡእ ምስ ኣዳኸሞ ማለት'ዩ። እዚ ኸኣ ንመንግስቲ ቀሲብካ ዝርከብ መስርሕ ለውጢ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ'ዩ። ኣብ ከምዚ ኩነታት መንግስቲ ንቑጠባዊ፣ ማሕበራውን ፖለቲካውን ጉዳያት ናይታ ሃገር ብግቡእ ክቆጻጸረሉ ኣብ ዘይክእል ደረጃ በጺሑ ማለት'ዩ።

መስርሕ ለውጢ ምቕሳብ ውጽኢታዊ ዝኸውን መራሕቲ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ንምንጪ ስልጣን ወይ ሓይሊ ናይ መንግስቲ መምዮም ክለልዩ እንተ ኽኢሎምን፡ ንድኹም ጎንታት ናይ መንግስቲ ብኣገባብ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ጌርካ ብምጥቃዕን ይኸውን። ብተወሳኺ ዝለዓለ ኣወንታዊ ዓወታት ክርከብ ዝከኣል መራሕቲ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ናይ ባዕሎም ድኸመታትን ሓያል ጎድንታቶምን ብግቡእ ክለልዩ ምስ ዝኽእሉ'ዩ። እዚ ሓንሳብ ምስ ዝግበር መራሕቲ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ሓያል ጎድንታቶም ብምህናጽ ንድኹም ጎንታት መንግስቲ ኸኣ ብተደጋጋሚ ብምጥቃዕ፡ መንግስቲ ኣብ ድሌት ናይ ህዝቢ ተቐሲቡ ንኽርዕም ይግደድ።

4. **ምፍራስ** (disintegration)

ምፍራስ ንስርዓት መንግስቲ እቲ ናይ መጠረሽታ ደረጃ መስርሕ ለውጢ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ'ዩ። ኣብዚ ደረጃ'ዚ ብህዝቢ ክትግበሩ ዝጸንሑ ኣድማዒ ኣብያን ካልኦት ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቃልስን ብዘየዳግም ንሚዛን ሓይሊ መንግስቲ ስለ ዘዳኸምዎ፡ መንግስቲ ዋላ ሓደ ጎሊሑ ዝርአ ንህዝቢ ክቆጻጸረሉ ዝኽእል ሓይሊ ይስእን። ብርግጽ ኣብዚ ደረጃ'ዚ ሚዛን ሓይሊ ናብ ህዝቢ ዘጢጡ ስለ ዝርከብ፡ መንግስቲ ብዝሰፍሐ ግንባር ንኽጥቃዕ ዝኽእል ባይታ ይፍጠር። ህዝቢ እቶም ዝሓየሉ ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ፡ ኣብያን ግብራዊ-ተበግሶን፡ ንኽጥቀም ካብ እሙናት ኣባላት ናይ'ቲ ስርዓት ዋላ ሓንቲ ጸገም

ኣየጋጥሞን። ህዝቢ ነዚ ዘይጎነጻዊ መጥቃዕቲ ብዘይምቁራጽ እንተ ቐጺሉዎ፡ እቲ ስርዓት ብዘይ ወዓል ሕደር ኣብ ሒደት መዓልታት ከም ዝበታተን ይኸውን።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ጽሑፍ ሓደ ነገር የርእየና። ምልካውያን ስርዓታት ዋላ'ኳ ብባህርያቶም ክትሪኦም ከለኻ ፍጹም ዘይንቕነቑ እንተመሰሉ፡ ኩሉ ግዜ ድኽመታት ኣለዎም። ካብዚኣቶም እቶም ፍሉጣት፡ ናይ እሙናት ኣባላት ሓድ-ሕድ ወይ ውልቃዊ ጽልኢ፡ ትካላዊ ዘይስሉጥነት፡ ሕጽረት ሰብኣዊ ዓቕምን ግጭት ኣብ መንጎ ትካላትን ማሕበራትን ይርከብዎም። እዞም ድኽመታት እዚኣቶም ምስ ግዜ ነቲ ስርዓት ዘይስሉጥን፡ ንለውጢ ድማ ተነቃፊ ይገብርዎ።

እተን ንዘይጎነጻዊ ቃልሲ ዘደፍኣሉ ውድባትን ማሕበራትን ብወገነን ብዛዕባ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝፈጥርኦ ንቕሓትን ርእሰ-ምትእምማንን ጥንቃቐ ክገብራ ይግብአን። እዚ ንጥቕሚ ናይ ስልጣን ጽምኢ ዘለዎም ፖለቲከኛታትን መራሕቲ ሰራዊትን ክኸውን የብሉን። ከምኡ እንተ ኾይኑ ተኽእሎታት ናይ ምንጋስ ካልእ ምልካዊ ስርዓት ክኸትል ይኽእል።

ንምልኪ ብርትዓዊ መገዲ ንምስዓርን ስዒቦም ክመጹ ካብ ዝኽእሉ ሓደጋታት ናጻ ንምዃንን እተን ንዘይጎነጻዊ ቃልሲ ዘደፍኣሉ ውድባትን ማሕበራትን ነቲ ቃልሲ ካብ መጀመርታ ኣትሒዘን ብስትራተጂካዊ ውጥን ክሕዛኦ ይግባእ። ህዝቢ ኸኣ ብወገኑ ክሳብ ውሑስ ሰላም፣ ፍትሕን ደሞክራስን ዝረጋገጽ ዘይጎነጻዊ ቓልሱን ተቓውሞኡን ከየቋረጸ ክቕጽል ይግባእ። ንሰፊሕ መረዳእታ ብዛዕባ ኣድላይነት ስትራተጂካዊ ውጥን ኣብ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ነዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዝርከቡ መጻሕፍቲ ክንውከስ ንኽእል።[3]

---

3 Robert Helvey, *On Strategic Nonviolent Conflict: Thinking about the Fundamentals*, Boston, Massachusetts: The Albert Einstein Institution, 2004, and Gene Sharp, *There are Realistic Alternatives,* Boston, Massachusetts: The Albert Einstein Institution, 2003 (54 pp.).

# 6. ዘይጎነጻዊ ማሕበር ከወግዶም ዘለዎ ረቛሒታት

መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ንምጭባጥ ኣብ ዝግበር ዘይጎነጻዊ ቃልሲ፡ መሪሕነትን ትካላዊ ሰረትን የድልዮ። ካብዚ መደባት ይሕንጸጹን ትምህርታዊ ጒስጓሳት ከኣ ከም ዝወሃሃድ ይግበር። እዚ ትካላዊ ሰረት ዝተፈላለየ ቅርጺ ክህልዎ ይኽእል። ሲቪካዊ ማሕበር ልክዕ ከም ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ.፡ ወይ ከኣ ልፍንቲ ናይ ዝተፈላለያ ሲቪካውያን ማሕበራት ክኾውን ይኽእል። ዘይጎነጻውያን ማሕበራት እቲ ዝምነያኦ ዓላማ ብግቡእ ክዕወት እንተ ኾይኑ፡ ዲሲፕሊንን ልዑል ደረጃ ስነ-ስርዓትን ክህልወን ይግባእ። እዚ ንኽህልወን ከኣ ነዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዝርከቡ ረቛሒታት ልዑል ግምት ክህባኦም ይግባእ።

## 1. ጎነጽ

ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ኣብ መትከላት ምርድዳእን ልዝብን ይምርኮስ። ኣብዚ ቃልሲ’ ተዋፊርና እንርከብ ሰባት ንእኩይን ንእኩይ ዘገልግል ዘሎ ሰብን ብንጹር ፈላሊና ክንርእዮም ይግባእ። እቲ ንእኩይ ዘገልግል ዘሎ ሰብ ከምጸላኢና ክንሪኦ ፍጹም ኣይግበኣናን። ሓደ ሓቂ ክንርድኦ ዝግባኣና፡ ጭቆናን መግዛእትን ህያው ዝኾውን ብሰንኪ እኩይ ባህርያት ናይ ገለ ውሕዳት ሰባት‘ዩ። እዚ እኩይ ባህርያት ካብ ሕሉፍ ተመክሮ፡ ንቕሓት ዘይምህላውን ካልኦት ረቛሕታትን ዝመንጨወ ክኾውን ይኽእል። ብዝኾነ ንሕና ነዚ እኩይ ባህርያት ናይ ውሑዳት ሰባት ኢና ብምዕቡል ኣገባብ ክንቃለሶን ከነምክኖን ዝግብኣና። ብልዝብን ምርድዳእን፡ ኣብ ኣዝዩ ዝኸፍአ ኩነታት ድማ በቶም ዝሓየሉ ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ፡ ኣብያን ግብራዊ-ተበግሶ ብምውሳድን ክምከት ይክኣል።

ርዱእ‘ዩ ገለ ካባና ናብ ጎነጽ ክነምርሕ ንኽእል ኢና። መብዛሕትኡ ግዜ እዚ ዘጋጥመና ትዕግስቲ ኣብ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ምስ እንጽንቐቕ፡ ወይ ገለ ሰባት ኮነ ኢሎም ጎነጽ ንኽንፍጽም ምስ ዝደፋፍኡና፡ ወይ ከኣ ብሰንኪ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዝውሰድ ኣሰቃቒ ተግባራት ብስጭትን ጽልእን ምስ እነሕድር ይኾውን። ብዓቢኡ እቲ ናብ ጎነጽ ከምርሓና ዝኽእል ምኽንያት ግን ሓፈሻዊ ዓላማ ናይ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ከይተረድኣና ምስ ዝተርፍ፡ ወይ ውጽኢት ጎነጽ ኣብ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ እንታይ ምዃኑ ክንግምት ብዘይምኽኣልና እዩ።

ጎነጽ ኣብ ልዕሊ መንግስትን እሙናት ልኡኻቱን እቲ ዝዓበየ ኣራኻሲ ነገር ንምዕዋት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ እዩ። ሓንቲ ንእሽተይ ጎነጽ ዝተሓወሳ ወስታ ንመንግስቲ እኹል ምኽንያት ጨካን ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ንኽወስድ ትፈጥረሉ። እዚ ኸኣ ማእሰርቲ፡ መቕተልትን ካልኦት ኣሰቀቕቲ ፍጻሜታትን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ከስዕብ ይኽእል። እዚ ዘይተደልየ ሳዕቤናት ከኣ ህዝቢ እምነቱ ንኽጉድል የገድዶ። ህዝቢ ክቑጣዕ ይኽእል ጥራይ ዘይኮነ፡ ንመሪሕነት ናይ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ዘካይድ ማሕበር‘ውን ከም ዘይሓላፍነታዊ ክሪኦ ይጅምር።

ኣብ ወትሃደራዊ ግጥም ኣካላዊ ብቕዓት ዘለዎ መንእሰይ ጥራይ'ዩ ዝሳተፍ። ኣብ ዘይንነጻዊ ቃልሲ ግን ብሙሉኡ እቲ ሕብረተሰብ፡ ዕድመን ጾታን ብዘየገድስ፡ ኣብ ዝኾነ ግዜን ቦታን ኣብቲ መስርሕ ክሳተፍ ይኽእል። ኣባልነት ኣብ ዘይንነጻዊ ቃልሲ እተካይድ ማሕበር ምስ ሰላማውነትን ሃይማኖታዊ እምነታትን ዝሰማማዕ'ዩ። ስለዚ ጎነጽ ዝተሓወሶ ወስታ ምግባር ንሓገዝን ሱታፌን ናይ ብተዛማዲ ትሑት ኣካላዊ ብቕዓት ዘለዎም፡ ግን ከኣ ዝለዓለ ኣበርክቶ ኣብ ዘይንነጻዊ ቃልሲ ዘለዎ ክፋል ናይ ሕብረተሰብ ምሕራም ማለት'ዩ።

ብመንግስትን እሙናት ልኡኻቱን ዝግበር ድፍኢትን ጭካነን ብዘየገድስ፡ ምዕቃብ ዘይንነጻዊ ዲሲፕሊን እቲ ቐንዲ ምስጢር ናይ ዓወት እዩ። እዚ ነቶም ኣርባዕተ መስርሕ ለውጢ ዘይንነጻዊ ቃልሲ ብግቡእ ንኽሳለጡ ይሕግዝ። ብተወሳኺ ምዕቃብ ዘይንነጻዊ ዲሲፕሊን ኣብ ቃልሲ ፍሉይ ብልጫ ኣለዎ። ዝኾነ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ዘይንነጻዊ ማሕበር ብመንግስቲ ዝውሰድ ጨካን ስጉምቲ፡ ብቕጽበት ተመሊሱ ንፖለቲካዊ ስልጣን ናይ መንግስቲ ብዘየዳግም የዳኽሞ። ህዝብን ማሕበረሰብ ዓለምን ንመንግስቲ ከም ኣንጻር ህዝቡ ዝተዓጥቀ ኣረሜን ምዃኑ ብግልጺ ከረጋግጹ ይኽእሉ። እዚ ኸኣ ምግጫውን ምስሕሓብን ኣብ መንጎ እሙናት ልኡኻት መንግስቲ የኸትል። ብተወሳኺ እቲ ዘይንነጻዊ ማሕበር ናይ ዝበዝሐ ክፋል ሕብረተሰብ፡ ናይ ኣቐድም ኣቢሎም ደገፍቲ መንግስቲ ዝነበሩ ሰባትን ናይ ማሕበረሰብ ዓለምን ሓገዝን ምትሕብባርን ይረክብ።

## 2. ናይ ምክፍፋል ተርእዮ

ናይ ምክፍፋል ተርእዮ ኣብ መንጎ ኣባላት ዘይንነጻዊ ቃልሲ እተካይድ ማሕበር ሓደ ካብ ኣራኸስቲ ረቛሒታት እዩ። ህዝቢ ንመሪሕነት ማሕበር ናብ ዓወት ከብጽሖ ዓቕሚ የብሉን ኢሉ እንተ ኣሚኑ፡ ወይ እቲ ማሕበር ትምኒት ህዝቢ ኣየንጸባርቕን ኢሉ እንተ ኣሚኑ፡ እቲ ማሕበር ኣብ መንጎ ኣባላቱ ናይ ሓሳባት ምክፍፋል ተርእዮ ኣለዎ ማለት'ዩ። ኣብ መራሕቲ ዘይንነጻዊ ማሕበር ዝረአ ናይ ምክፍፋል ተርእዮ ኸኣ፡ ህዝቢ ንፍርሒ ከምዘይስዕሮ ይገብሮ።

ሓደ ዘይንነጻዊ ማሕበር ናይ ሓሳባት ምክፍፋል ተርእዮ ዝህልዎ ንጹር መትከላት ዕላማን ከመይ ጌርካ ንናይ ህዝቢ ትምኒታት ከምዝጭበጡ ዘርእይ ስተራተጂ ወይ ውጥን ምስ ዘይህልዎ እዩ። እዚ ሓደ ካብቶም ህዝቢ ኣብ ልዕሊ ዘይንነጻዊ ማሕበር እምነት ንኸጕድል ዝድርኹዎ ጠንቅታት እዩ። ሳዕቤኑ ኸኣ ኣብ ኣባላት ናይቲ ማሕበር ናይ ሓጋዚ-ኣልቦነት፣ ተስዓርነትን ብስጭትን ስምዒታት ዘስፍን ኮይኑ፡ ኣባላት እቲ ማሕበር ከኣ ንኽፈናጨሉ ይግደዱ።

እቲ ዝበለጸ ሓድነት ናይ ዘይንነጻዊ ቃልሲ ክዕቀበሉ ዝኽእል መገዲ ዕላማ ናይቲ ቃልሲ ብዝተሓተ ደረጃ ክተሓዝ ምስ ዝኽእል እዩ። ምጭባጥ ነዚ ዕላማ ንጥቕሚ ናይ ኩሉ ሕብረተሰብ፡ እንኮላይ እቶም ንመንግስቲ ዝድግፉ ሰባት ምዃኑ ንብምሉኦም ኣባላት ናይ ዘይንነጻዊ ማሕበር ብወግዒ ክንገር ይግባእ። ንኣብነት ኣብዚ ግዜ'ዚ ኣዝየን ብዙሓት ናይ ኤርትራውያን ሲቪካዊ ማሕበራት ኣብ ምሉእ

ዓለም ተዘርጊሐን ይርከባ። መብዛሕትአን እዘን ሲቪካውያን ማሕበራት ንዲሞክራሲ፣ ልዕልና-ሕግን ሰብኣዊ መሰልን እየን ዝጣበቓ። ልክዕ'ዩ ካብዚ ሕጂ ዘለዎኦ ዝለዓለ ተራ ክጻወታ እንተ ኾይነን ኣብ ሓደ ሓሳባት ተጠርኒፊን ምስ ዝኅዓዛ እዩ። ኣብ ሓደ ክጥርነፋ እንተ ኾይነን ከኣ ዝተሓተ ዕላማን መትከላትን ንኹለን ብማዕረ ዝጥርንፊን ክህልወን ይግባእ። ንኣብነት እዚ ዝስዕብ ዕላማ ንኹለን ኣብ ሓደ ክጥርንፈን ይኽእል'ዩ ዝብል ሓሳብ ኣሎ።

*ብዘይኀነጻዊ ኣገባብ መሰረታዊ መሰሉ፣ ክብሩን ናጽነቱን ዝዕቅብን ዝከላኸልን ሓያል ሕብረተሰብ ኣብ ኤርትራ ምህናጽ*

ነዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ጽሑፍ እንተደኣ ክንግንዘቦ ክኢልና፡ ዝኾነ ኤርትራዊ ዜጋ ኣበይ ቦታ ይነብር ብዘየገድስ ነዚ ዕላማ'ዚ ከም ዝድግፍ ዘጠራጥር ኣይኮነን። መን ኣሎ'ሞ ብዘይኀነጻዊ ኣገባብ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰሉ፣ ክብሩን ናጽነቱን ዝከላኸል ሓያል ሕብረተሰብ ኣብ ኤርትራ ክህነጽ ዘይደሊ?

### 3. ናይ ውሑዳት ንኻልኦት ዘይሕውስ ማሕበር ምምሳል

መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ንምጭባጥ ዝግበር ዘይኀነጻዊ ቃልሲ ኣብ ዓወት ክበጽሕ እንተ ደኣ ኾይኑ ተሳትፎ ናይ ዝበዝሐ ክፋል ህዝቢ ክህሉ ይግባእ። ናይ ውሑዳት ንኻልኦት ዘይሕውስ ዝመስል ቃላት፣ መግለጽታትን ጽሑፋትን፡ ወይ ንተሳታፍነት ናይ ህዝቢ ኣብ ዘይኀነጻዊ ቃልሲ ዝገትኡ ዘምስሉ፡ ብመሪሕነትን ኣባላት ማሕበርን ክውገዱ ይግባእ። እዞም ጽሑፋትን መግለጺታትን ንዓና ኣይውክሉናን እዮም ኢሎም ዝኣመኑ ሰባት ወይ ጉጅለ ናይ ዘይተገዳስነትን ጽልእን መንፈስ ኣብ ልዕሊ ዘይኀነጻዊ ማሕበር ንኸሕድሩ ይግደዱ።

ኣብ ናይ ኤርትራ ማሕበራዊ ሃዋሁ፡ እዚ ናይ ውሑዳት ንኻልኦት ዘይሕውስ ማሕበር ምምሳል ልሙድ ተርእዮ እዩ። ብዘይ ምግናን ኣብ መንነና ንሓደ ካብ መንግስቲ ናጻ ዝኾነ ሲቪካዊ ማሕበር ወይ ፖለቲካዊ ውድብ ካልእ ዘይሕውስን ወኪል ናይ ዝተፈልየ ክፋል ህዝቢ፣ ሃይማኖት ወይ ዞባ ጌርካ ናይ ምውዛዕ ዝንባለ ክህልወና ይኽእል። መብዛሕትኡ ግዜ ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ኣብ ነብስና ነሕድር ብወዝቢ ኾይኑ፡ ናይቲ ካልእ ኣይሕውስን እዩ ኢልና ዝወዛዕናዮ ማሕበር መሰረታዊ ኣቃውምኡ፡ ዕላማኡ ወይ ዘካይዶ ንጥፈታት ብግቡእ ከይመርመርና እዩ። ዝምባለ ናይ ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ኣብ ማሕበራዊ ሃዋሁ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ እንዳሃለወ፡ ኣባላትን መሪሕነትን ዘይኀነጻዊ ማሕበር ዝኾነ ጽሑፍ ወይ መግለጺ ነዚ ኣተሓሰባታት ናይ ገለ ሰባት ዘራጉድ ምስ ዝፍንው፡ እዚ ማሕበር እዚ ተሳታፍነት ናይ ህዝቢ ክንፈጎ ናይ ግድን ይኸውን።

ብተወሳኺ ቀጥታዊ ኣጥቃዕቲ ጽሑፋት ወይ መግለጺታት ኣንጻር በደል ፈጺሞም ኢልና ንሓስቦም ውልቀ-ሰባት ወይ ጉጅለ ክውገዱ ይግብኦም። ከምዚ እንተዘይከይኑ ግን ኣብ ሕብረተሰብና ክንጸወቶ

እንምነዮ ኣተዓራቕን ሃናጽን ግደ ክዉን ክኸውን ኣይክእልን። እዚ ክበሃል ከሎ ግን ርእይቶና ብዛዕባ ዝኾነ ጉዳይ ካብ ምግላጽ ክንቍጠብ ኣለና ማለት ኣይኮነን። እንታይ ደኣ ኣረኣእያና ትምህርታዊ፣ ሃናጽን ሓቓፍን ብዝኾነ ኣገባብ ምስ እነቕርቦ እቲ ዝበለጸ ይኸውን። ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ብዛዕባ ውድድር ክሳብ ዘይኮነ፡ እቲ ቀንዲ ክተርፍ ዘለዎ እምባኣር ንሓደ ወገን ሰዓሪ ነቲ ሓደ ኸኣ ተስዓሪ ኣምሲልካ ንኸተርኢ ምፍታንዩ። ንኹሎም ውልቀ-ሰባትን ጉጅለታትን ንሰላምን ፍትሕን ክሰርሑ ምትብባዕ እቲ ልዑል ሕልናዊ ፈተነ'ዩ። እዚ ኸኣ እቲ ሓደ ካብ መሰረታውያን መትከላት ናይ ሰላማውን ዘይጎነጻውን ቃልሲ'ዩ።

## 4. ህላወ ናይ ወጻኢ ዜጋታት ኣብ ውሽጢ ዘይጎነጻዊ ማሕበር

ተሳትፎ ዜጋታት ወጻኢ ኣብ ውሽጢ ዘይጎነጻዊ ማሕበር ኣራኻሲ ረቛሒ ክኸውን ይኽእል። እቲ ኣራኻሲ ጠባያት ናይ'ዚ ኣብ ብወግዒ ምፍላጥ ንኣባላት ማሕበርን ህዝብን ይምርኰስ። ልክዕ'ዩ ንመብዛሕትኡ ሕጽረታት ናይ ሓደ ማሕበር ኣብ ግምት ብምእታው፡ ተክኒካዊ ወይ ገንዘባዊ ሓገዝ ካብ ወጻእተኛታት ይድለ ይኸውን። ንኣብነት ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ብርክት ዝበሉ ወጻእተኛታትን ዘይመንግስታውያን ማሕበራትን ኣብ ናይ ሓርነት ብረታዊ ቃልስና ብኣወንታ ኣበርኪቶም'ዮም። ብዓል ፕሮፌሰር ፍረድ ሃሎውስን ካልኦትን ከም ኣብነት ክንጠቅስ ንኽእል።

ኣብ መብዛሕትኡን ሃገራት ኣፍሪቃ ክኢላዊ ዓቕሚ-ሰብ ናይ ምፍራይ ዓቕሚ ካብቶም ጎሊሖም ዝረኣዩ ሕጽረታት እዩ። ወላ'ውን ዓቕሚ ዘለዎም ዜጋታት እንተሃለዉ፡ ማሕበራት ንዜጋታት ኣብ ማዓልታዊ ስራሓት ናይ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ንኸይዋስኡ ሕጽረት መተባብዒ ገንዘብን ንዋትን የጋጥመን። በዚ ኸኣ ማሕበራት ናብ ናይ ወጻእን ወጻእተኛታትን ሓገዝ ንኽቋምታ ይግደዳ። ከምዚ ዓይነት ጉዳይ ብጥንቃቐ እንተ ዘይተታሒዙ ግን ነቲ ማሕበር ከዳኽሞ ይኽእል።

ነዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ከጋጥም ዝኽእል ዘይተደልየ ሳዕቤን ንምክልኻል፡ ካብ ናይ ወጻኢ ዝርከብ ተክኒካዊ ዋላ'ውን ገንዘባዊ ሓገዛት ብዘይ ወዓል ሕደር ብጻውዒት ናይቲ ማሕበር መሰረት ከምዝተረኽበ ብወግዒ ህዝቢ ከምዝፈልጥ ምግባር የድሊ። እዚ ኸኣ ንክልተ ምኽንያታት ይግበር። ቀዳማይ ግሉጽነት ከም ባህሊ ኣብ መንጎ እቲ ማሕበርን ህዝብን ከምዘሎ ንምርኣይ ክኸውን ከሎ፤ እቲ ካልኣይ ድማ ዘይተደልዩ፡ ነቲ ጉዳይ ዘይማእዝኑ ዝህቡ ዘረባታት ንኽየምጽእ ዕድል ንዘይምኽፋት ይኸውን።

## 5. ሱታፌ ኣባላት ምዱብ ሰራዊት ኣብ ፖለቲካዊ መስርሕ

ብዘይጥርጥር ሓይሊ ምጥቃም ኣዕናዊ'ዩ። ሓይሊ ምጥቃም ካብቶም ኣራኸስቲ ረቛሒታት ናይ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ እዩ። ሓይሊ ናይ ምጥቃም ሳዕቤን ምስ ምዕባለ ኣተሓሒዝና ክንርእዮ እንተ ኾይና፡ ቁጠባውን ፖለቲካውን ዕብየት ማዕረ መስርሕ ምዕባለ ሃገር እዮም ዝኸዱ። እዚ ኸኣ ኣብ ሓደ ብምጥቃም ሓይሊ ዝፍለጥ ሃዋህው ፈጺሙ ክውን ክኸውን ኣይክእልን። ንኣብነት ናይ ላቲን ኣሜሪካ

ዲሞክራሲ ንንውሕ ዝበለ ዓመታት ህያው ክኸውን ዝኽእለ ሓይሊ ብምጥቃም ዘይኮነስ፡ ኣብ ውዕል ወይ ኪዳን ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ጉጅለታት ንሓድሕዶም ህላወ ዘኽብሩ ስለ ዝተመስረተ እዩ። ብተወሳኺ እዞም ጉጅለታት፡ ንናይ ምሕደራ ሕግታት ኣብ ማእከላይ ስምምዕ ዝተመርኮሰ ንኹሎም ብዘኽስቡ መገዲ ኣነጺርካ ናይ ምሕንጻጽ ባህሊ ስለዘለዎም እዩ።

እንተኾነ ግን መብዛሕትኡ ግዜ ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣብ ፖለቲካዊ መስርሕ ኢዱ ንኸየእቱ ክትገትኦ ኣሸጋሪ እዩ። ኣብ መብዛሕትኡ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ መንግስታት ንምድኻምን ምድቋስን ናጻ ናይ ህዝቢ ማሕበራትን ናይ ተቓውሞ ፖለቲካዊ ውድባትን ወተሃደራዊ ሓይሊ ምጥቃም ልሙድ ተርእዮ እዩ። ስልጣን ምሓዝ ዘይሕጋዊ ክሳብ ዝኾነ፡ ሕጋውያን ዘይኮኑ መንግስታት ስልጣኖም ንምንዋሕን ንፖለቲካዊ ተቓውሞ ንምድቋስን ብቐጻሊ ወተሃደራዊ ሓይሊ ይጥቀሙ።

ምጥቃም ወተሃደራዊ ሓይሊ ብመንግስትን፡ ናይ ህዝቢ ዘይኅነጻዊ ቃልስን ከነገናዝብ እንተደኣ ኪኢልና፡ እቲ ሓቂ ካብ'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ዝፍለ ኣይኮነን። ንኣብነት ቃልሲ ኣንጻር ኣፓርታይድ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ጎነጻዊ ኣይነበረን። ሽሕ እኳ ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ንፍትሕን ዲሞክራሲን እንተነበረ፡ ናይ ኣፓርታይድ መንግስቲ ግን ጽዑቕ ሓይሊ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ኣድማ ዘካይድ ህዝቢ ካብ ምጥቃም ኣየቋረጸን። ስለዚ ዋላ እቲ ብህዝቢ ዝካየድ ንጥፈት ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ይኹን፡ መንግስቲ ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣብ ልዕሊ ዘይጎነጻዊ ህዝቢ ናይ ምጥቃም ዝንባለ ከም ዘለዎ ኣብ ግምት ክነእቱ ይግባእና።

ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ኣብ ናይ ውሽጢ ሃገር ፖለቲካዊ መስርሕ ዝኾነ ጸግዒ ክሕዙ እንተ ጀሚሮም፡ ሓይሊ ዝተሓወሶ መጥቃዕቲ ኣብ ልዕሊ ዝሰፍሐ ክፋል ህዝቢ ከውርዱ ይኽእሉ። ምስ'ዚ ኸኣ ደም ናይ ምፍሳስን ዘይሕጋዊ ስልጣን ናይ ምጭባጥን ተኽእሎ ናይ ግድን ይኸውን። ሓንሳእ ወተሃደራዊ ሓይሊ ብሽም መሰጋገሪ መድረኽ ስልጣን ክሕዝ እንተ ኺኢሉ፡ ሽዑ ንሽዑ ሱር ከይሰደደ ከሎ ብቐጥታ እንተ ዘይተጠቂዑ፡ እቲ መሰጋገሪ መንግስቲ ንንውሕ ዝበለ ዓመታት ክጸንሕ ይኽእል። ብርግጽ ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ክልተ ፍጻሜታት ሓዲኦም'ኳ ንዘይጎነጻዊ ናይ ህዝቢ ማሕበር ኣየኽስብዎን እዮም። ስለዚ እዩ ኸኣ ንኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ምስ ናይ ገዛእ-ርእሶም ህዝቢ ኩናት ካብ ምግባር ንኽቕጠቡ ከሎ ጌና ዝለዓለ ጻዕሪ ከነካይድ ዝግበኣና።

እዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓቅታት ምስ ናይ ኤርትራ ኩነታት ምስ እነዛምዶ፡ እዚ ዝስዕብ ሓደ ኣብነት ክንጠቅስ ንኽእል። ኣብ 1993 ከምኡ'ውን ኣብ 1994 ብተጋደልትን ስንኩላንን ዝተኻየዱ ሰላማዊ ሰልፍታት ወተሃደራት መንግስቲ ሓይሊ ብምጥቃም ንሓያለይ ካብ ሰልፈኛታት ከምዝቐተሉ ኩሉ ዝዝክሮ ሓቂ እዩ። እዞም ውጽዓት ብኣዝዩ ኣሰቃቒ ኩነታት ከም ዝተጠቕዑ'ውን ይዝከር። እዚ ኸኣ፡ ኣገዳሲ ጥንቃቐ ከሎ ጌና እንተ ዘይተጌሩ፡ ኣብ ኤርትራ ዝኾነ ዘይጎነጻዊ ተበግሶታት ንኣሰቀቕቲ ወተሃድራዊ መጥቃዕቲ ቅሉዕ ካብ ምዃን ዘይተርፍ ምዃኑ ክንርዳእ ይግባእ።

ምልካውያን ስርዓታት ንወትሃደራዊ ሓይሊ ናይ ሓንቲ ሃገር ኣንጻር ህዝቦም መጥቃዕቲ ንኽወስድ ኩሉ ዓይነት ጥበባት ክጥቀሙ ይኽእሉ። *ስለዚ እቲ ናይ ፈለማ ስትራተጂ ዘይጎነጻዊ ማሕበር፣ ንኣባላት ምክልኻል ሃገር ኣብ ፖለቲካዊ መስርሕ ናይታ ሃገር ጸግዒ ንኽይሕዙን፣ ኣብ ልዕሊ ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ዝኾነ ዓይነት ሓይሊ ዝተሓወሶ ኣሰቃቒ ስጉምቲ ንኸይወስዱ ክቕጠቡ ከምዘለዎምን ዝሕብር ዝተፈላለየ ጥበባት እናተግበርካ ጽዑቕ ትምህርታዊ ጐስጓስ ምሃብ እዩ።* ነዚ ናብ ኣባላት ሰራዊት ምክልኻል ሃገር ዝቐንዐ ትምህርታዊ ጐስጓሳት ኣብ ግብሪ ምውዓል ከኣ ናይ ኩልና ሃገራዊ ሓላፍነት እዩ።

## 6. ዘይምቑእ ትካላዊ ኣቃውማ ከም ኣራኽሲ ረቛሒ

ኣብ ሕመረት ዕላማ ዘይጎነጻዊ ቃልሲ ጸቒጥካ ንኽይትሰርሕ ዝገትእ ዘይምቑእ ትካላዊ ኣወቓቕራ እቲ ማሕበር ንኣራኽስቲ ረቛሒታት ተነቃፊ ንኽኸውን ይዕድም። እዞም ዝስዕቡ ሰለስተ ረቛሒታት ሓደ ዘይጎነጻዊ ማሕበር ክህልውዎ ካብ ዘለዎም ትካላዊ ኣሰራርሓ እዮም።

ብኮሚቴ ውሳኔ ምሕላፍ ምቑእ አይኮነን። ኣብ ዝኾነ ደረጃ ናይ ዘይጎነጻዊ ማሕበር፣ ፍሉይ ዕማም ንሓደ ሰብ ክወሃብ ይግባእ። እቲ ዕማም ስተራተጂካዊ ውሳኔ ምሕላፍ ወይ ንሓደ ዝተፈልየ ስራሕ ኣብ ግብሪ ምውዓል ክኸውን ይኽእል። ሓላፍነትን ተሓታትነትን ናይ ዝኾነ ዕማም ድማ ንሓደ ሰብ ጥራይ ክኸውን ይግባእ። እዚ ግን እቲ ውሳኔ ዝህብ ወይ ሓደ ፍሉይ ዕማም ኣብ ግብሪ ዘውዕል ሰብ ምሕጽንታታትን ለበዋታትን ካብ ዝኾነ ኣካል ክቕበል የብሉን ማለት ኣይኮነን። እቶም ለበዋታት ከኣ ግቡእ ኣቓልቦ ክወሃቦም ይግባእ።

ዘይጎነጻዊ ማሕበር ንውሳኔታትን ዕማማትን ናይ ምክትታል ኣገባብ መስርሕ ክህልዎ ይግባእ። ኣባላት ማሕበር ዝኾነ ውጥን ንኽትግበር ሓንሳብ እንተ ተሰማሚዖም፣ እቲ ውጥን ደረቕን ፈጺሙ ዘይልወጥን ጌርካ ክውሰድ ኣይግባእን። ምስ ግዜ ዕቱብ ምክትታል እንዳገበርካ፣ እቲ ናይ ፈለማ ውጥን ክመሓየሽ ይኽእል።

ክሳብ ክንደይ ሓደ ዕማም ዕላማኡ ጨቢጡ ንምፍላጥ፣ ዘይጎነጻዊ ማሕበር ብቐጻሊ ገምጋም ናይ ምግባር ልምዲ ክህልዎ ይግባእ። ካብ ዝሓለፈ እንታይ ትምህርቲ ክቕሰም ከም ዝተኻእለ ብግቡእ ዘርኢ መስርሕ'ውን ክህልዎ ይግባእ።

## 7. ምስጢራውነት ከም ኣራኽሲ ረቛሒ

ምስጢራውነት፣ ምትላልን ውዲትን ንዘይጎነጻዊ ማሕበር ኣዝዩ ከቢድ ጸገማት ይፈጥረሉ። ዝበዝሕ ግዜ ካብ ልኡኻት ስለያ መንግስቲ ክሕባእ ዝኽእል ዳርጋ ዋላ ሓደ ነገር የለን። ብመለክዕታት ዘይጎነጻዊ ማሕበር ክርአ እንከሎ፣ ምስጢራውነት ፍርሒ ከምዘለካ ጥራይ ዘይኮነ ዘርኢስ ፍርሒን ጥርጠራታትን

ኣብ መንጎ ኣባላት ከም ዝዓስል'ውን ይገብር። እዚ ኸኣ ንናይ ተወፋይነት መንፈስ ይቐትሎ፤ ቀጽሪ ተሳተፍቲ ኸኣ ከም ዝቕንስ ይገብር። ብተወሳኺ ምስጢራውነት ምኽኑያት ዘይኮኑን መሰረት ዘይብሎምን ጥርጠራታትን ክስታትን ኣብ መንጎ ኣባላት የስዕብ።

ምስጢራውነት ንሓደ ማሕበር ዘይጎነጻዊ መትከላቱ ናይ ምዕቃብ ዓቕሙ ክጸልዎ ይኽእል፤ ናብ ጎነጽ'ውን ከምርሖ ይኽእል። ብኣንጻሩ ግሉጽነት ብዛዕባ መደባትን ካልኦት ንጥፈታትን፡ እቲ ማሕበር ማዕረ ክንደይ ሓያልን ብዝገብሮም ነገራት ድማ ተኣማማኒ ከም ዝኾነን የርእይ።

ምልካውያን ስርዓታት ኣዝዮም ጨካናት ክሳብ ዝኾኑ፡ ገለ ካብ ንጥፈታት ናይ ዘይጎነጻዊ ማሕበር ብምስጢር ክተሓዙ ናይ ግድን ይኸውን። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝግበሩ ናይ ጽሑፋት ምሕታምን ምዝርጋሕን ንጥፈታትን ፈነወ ራድዮን ብምስጢር ክተሓዙ ይግባእ። ብዛዕባ መንግስቲ ከገብሮ ዝውጥን መደባት ሓበሬታ ዝርከበሉ መገድታት'ውን ብምስጢር ክተሓዝ ይግባእ።

## 8. ዝቱኽቱኹ ልኡኻት መንግስቲ (Provocateurs)

ልኡኻት ስለያ መንግስቲ ንዓቕምን መደባትን ዘይጎነጻዊ ማሕበር ከጽንዑን ናብ መንግስቲ ጸብጻብ ከቕርቡን ክሰልኩ ይኽእሉ እዮም ዝብል ግምት ጥራይ ኣይኮነን ኣባላት ማሕበር ካብ መንግስቲ ክጽበዩዎ ዝኽሉ ምትእትታው። ካብ ስለያ ንላዕሊ ኣዚዮም ሓደገኛታት ዝቱኽቱኹ ልኡኻት መንግስቲ ኣብ መንጎ ኣባላት ዘይጎነጻዊ ማሕበር ክኣትዉ ይኽእሉ እዮም። ቀንዲ ስራሕ ናይ'ዞም ዝቱኽቱኹ ልኡኻት መንግሰቲ ድማ እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፦

- ኮነ ኢሎም ንኣባላት ማሕበር ጎነጽ ኣብ ልዕሊ ደገፍቲ መንግስቲ ንኽወስዱ ዝተኹትኹ
- ጽልኢ ኣብ ልዕሊ መንግስትን ደገፍቱን ንኽፍሕም ንኣባላት ማሕበር ዝደፋፍኡ
- ብኣዝዩ ረቂቕ ኣገባብ ዘይምርድዳእን ምፍንጫላትን ኣብ መንጎ ኣባላት ማሕበር ንኽህሉ ዝጽዕሩ
- ኣብ መንጎ ኣባላት ማሕበር ምስጢራውነት ንኽህሉ ዘተባብዑ
- ራዕዲ ዝፈጥሩ ስልታዊ ጎስጓሳት አብ መንጎ ኣባላት ማሕበር ዘካይዱ
- ዘይጎነጻዊ ማሕበር ንዱኹማት ጐንታት መንግስቲ ኣጽኒዑ ዘጥቅዑ ስጉምታት ንኽይወስድ ዝተፈላለየ ጥበባት እናተጠቐሙ ዝገትኡ
- ንገለ ህንጡያት ኣባላት ማሕበር ዘሐጉስ ግን ከኣ ውሕስነትን ቀጻልነትን ዘይብሎም እማመታት ንኽትግበሩ ምጽዋዕ እቲ ቐንዲ ጥበብ እዩ።

ናትና ግብረ-መልሲ ነዞም ካብ ዝቱኽቱኹ ልኡኻት መንግስቲ ክስዕቡ ዝኽእሉ ሓደጋታት እምበኣር ካብ ዓቕን ንላዕሊ ምስንባድን ናብ ዘይተደልየ ጎነጽ ዝተሓወሶ ዘረባታት ምእታውን ዘይኮነስ፤ ንዝኾነ

ኣንፈት ምልዋጥ ኣብ ዝርርባት ብዛዕባ ናይ መጻኢ መደባት ብንቕሓትን ውሕሉል ኣገባብን ምሓዞም እቲ ዝበለጸ መፍትሒ'ዩ። እወ እቲ እንኮ መፍትሒ ትዕግስትን ጽንዓትን እዩ።

--------- ~ ~ ~ --------

# ዛዛሚ ሓሳባት

ንምጭባጥ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ዝካየድ ህዝባዊ ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ፍሉይ ዓቕሚ ሰብን ክእለትን ዘድልዮ ኮይኑ ክውሰድ ኣይግባእን። የግዳስ ኩሉ ኣባል ሕብረተሰብ ጾታ፣ ዕድመ፣ ሃይማኖትን ዓሌትን ብዘይፈሊ ብቐሊሉ ክርድኦን ክተግብሮን ዝኽእል ኣገባብ ቃልሲ ምዃኑ ክንርዳእ የድሊ። ብዕሙቕ ዝበለ ኣገባብ ክንርድኦ ዝግባእ ነጥቢ እንተሃልዩ፡ እቲ ናይ ዜጋታት መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ስርዓተ-ምሕደራ፡ ብዘይ ናይ ህዝቢ ምእዙዝነትን ምትሕብባርን ንሓንቲ ካልኢት'ውን ትኹን ህያው ክኸውን ከምዘይክእል እዩ። እቲ ሕብረተሰብ ኣብ ሓደ ሓሳባትን ርድኢትን ተጠርኒፉ ብዘይጎነጻዊ ኣገባብ ንምንጭታት ሓይልን ስልጣንን ናይቲ ስርዓተ-ምሕደራ ክገትኦ እንተኽኢሉ፡ ኣካየድቲ እቲ ስርዓት ተቐሲቦም ናይ ህዝቢ ዊንታን ድሌትን ከማልኡ ይግደዱ። ብኸምዚ ኣገባብ ድማ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ኣብ ሓጺር ግዜ ክረጋገጽ ይኽእል።

ልክዕ'ዩ ህዝቢ ኤርትራ ደላይ ሰላምን ኣኽባሪ ሕግን እኳ እንተኾነ፡ ማዕረ'ዚ ድማ ሰላም፣ ፍትሕን ዲሞክራስን ንምጭባጥ ኣንጻር ምግሃስ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልን ናጽነትን ዝቃለስ ተባዕ ህዝቢ ምዃኑ ኣብ ታሪኹ ዘመስከረ እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ'ውን እንተኾነ፡ ብዘይጎነጻዊ ኣገባብ መሰረታዊ መሰሉን ናጽነቱን ንምርግጋጽ ነፍስ-ወከፍ ኤርትራዊ ቃልሱ ኣብ ምብርካት ይርከብ። ኣብ ራብዓይ ምዕራፍ ናይዚ ጽሑፍ ሰፊሩ ከምዘሎ፡ እቶም ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ ብህዝቢ ኤርትራ ክትግበሩ ዝጸንሑ ዘይጎነጻዊ ሕንጋደታትን ኣብያታትን ህያው ምስክር እዮም። ካብዚ ጽሑፍ ክንረኽቦ ንኽእል ሓሰባት እንተሃልዩ፡ ኣድላይነት ሓያልን ብንጹር ስትራተጂ ዝተሰነየን ውዳበ ህዝቢ ኣገዳሲ ረቛሒ ንምዕዋትን ምውሓስን ናይ ዜጋታት ሰብኣዊ መሰልን ናጽነትን ምዃኑ ጥራይ እዩ።

**ጥብቆ** 1

**ዝርዝር ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ቓልሲ**

**ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ኣድማን ምእማንን**

**ወግዓዊ መግለጽታት**
1. ህዝባዊ መደረታት
2. ናይ ተቓውሞ ወይ ናይ ደገፍ ደብዳቤታት
3. ብውድባትን ትካላትን ዝወሃብ ኣዋጃት
4. ብህዝቢ ዝፍረም መግለጽታት
5. ናይ ግዜ ኣዋጃት
6. ብጉጅለ ወይ ብእኩብ ዝግበር ጥርዓናት

**ብዝሰፍሐ መገዲ ዝግበር መግለጽታት**
7. ጭርሖታት፣ ካሪካቸርን ትእምርትታትን
8. ፖስተራት፣ ዝልጠፍ ወረቓቕትን ዝብተን መልእኽታትን
9. ፓምፈሌታት፣ ወረቓቕትን መጻሕፍትን
10. ጋዜጣታትን መጽሄታትን
11. ካሴታት፣ ሬድዮን ተለቪዥንን
12. Skywriting and earthwriting (ኣብ ሰማይ፡ ብትኪ ነፈርቲ፣ ኣብ መሬት ድማ፡ ንኣብነት ኣብ ልሙዕ ሸኻ፡ ዝጸሓፍ ፍሩይ ጽሑፍ)

**ብእኩብ ዝግበር ነገራት**
13. ልኡኻት ምስዳድ
14. ናይ ይምሰል ስልማት
15. ጉጅለኣዊ ጎስጓስ
16. ዕጽዋ መገዲ
17. ናይ ይምሰል ምርጫ

**ኣርማዊ ህዝባዊ ተግባራት**
18. ባንዴራታትን ሕብራዊ ኣርማታትን ምዝርጋሕ
19. ኣርማታት ምኽዳን
20. ጸሎትን ኣምልኾን
21. ኣርማዊ ኣቕሓታት ምስትላም
22. ዕርቃን ብምውጻእ ዝግበር ተቓውሞ
23. ናይ ገዛእ ርእስኻ ንብረት ምዕናው
24. ኣርማዊ መብራህታት
25. ስእልታት ምዝርጋሕ
26. ቅብኣ ከም ተቓውሞ
27. ሓደስቲ ምልክታትን ኣስማትን
28. ኣርማዊ ድምጽታት
29. ኣርማዊ ጠለባት
30. ዘይእሩም ወስታታት

**ኣብ ልዕሊ ውልቀ-ሰባት ዝግበር ጸቕጢ**
31. ንሰበ-ስልጣን "ምሽቓል"
32. ብሰበ-ስልጣን ምብጫው
33. ምትዕርራኽ
34. ምቁማት

**ድራማን ሙዚቃን**

35. ብጽሑፍን ብተዋስኦን ዝቐርብ ዋዛን ዘቐራን
36. ምርኢት ድራማን ሙዚቃን
37. ምዝማር

**ዓጀባ**

38. ምረሻ
39. ምርኢታዊ ሰልፊ
40. ሃይማኖታዊ ዓጀባ
41. ንግደት
42. ዓጀባ ብመኻይን

**ንምውታን ምኽባር**

43. ፖለቲካዊ ሓዘን
44. ናይ ይምሰል ስርዓተ-ቐብሪ
45. ወግዓዊ ስርዓተ-ቀብሪ
46. ኣብ ስርዓተ-ቐብሪ ዝወሃብ መግለጺ

**ህዝባዊ ባይቶታት**

47. ናይ ደገፍ ወይ ተቓውሞ ዋዕላታት
48. ናይ ተቓውሞ ኣኼባ
49. ምስጢራዊ ኣኼባታት ተቓውሞ
50. ዘይወግዓዊ ኣስተምህሮታት

**ምንስሓብን ነጸግታን**

51. ርሕኀጠ
52. ስቕታ
53. ዝወሃበካ ክብርታት ዘይምቕባል
54. ሕቖኻ ምሃብ

**ኣገባባት ማሕበራዊ ሕንገዳ**

**ንሰባት ምንጻል**

55. ማሕበራዊ ትሕስምቲ
56. እተለለየ ማሕበራዊ ትሕስምቲ
57. ላይሰስትራትያዊ ቀኈጥብነት
58. ውገዛ
59. ዕግት

**ኣንጻር ትካላት፣ ልምድታትን ማሕበራዊ ኣጋጣምታትን ዝግበር ሕንገዳ**

60. ስፖርታውን ማሕበራውን ንጥፈታት ምውንዛፍ
61. ማሕበራዊ ጉዳያት ምሕሳም
62. ኣድማ ተመሃሮ
63. ማሕበራዊ ዘይተማእዛዝነት
64. ካብ ማሕበራዊ ተቕዋማት ምንስሓብ

**ካብ ማሕበራዊ ስርዓት ምንስሓብ**

65. ዓዲ-ውዒል ምኳን

66. ፍጹም ውልቃዊ ሕንገዳ
67. ህድማ ሰራሕተኛታት
68. ዑቕባ
69. ብሓባር ምጥፋእ
70. ናይ ተቓውሞ ፍልሰት (ህጅራ)

**ኣገባባት ቁጠባዊ ሕንገዳ፡ (1) ቁጠባዊ ትሕስምቲ**

**ብዓደግቲ ዝፍጸም**
71. ትሕስምቲ ዓደግቲ
72. ንእተሓስሙ ዓቕሑ ዘይምዕዳግ
73. ቁጡብ ኣዳይዳ
74. ክራይ ዘይምኽፋል
75. ዘይምክራይ
76. ሃገር-ከደን ትሕስምቲ ዓደግቲ
77. ኣህጉራዊ ትሕስምቲ ዓደግቲ

**ብሸቃሎን ኣፍረይትን ዝፍጸም**
78. ትሕስምቲ ሸቃሎ
79. ትሕስምቲ ኣፍረይቲ

**ብማእለካይ ደርቢ ዝፍጸም**
80. ትሕስምቲ ኣከፋፈልትን ዓደልትን

**ብወነንትን ኣካየድቲ ስራሕን ዝፍጸም**
81. ትሕስምቲ ነጋዶ
82. ንብረት ዘይምሻጥ ወይ ዘይምክራይ
83. ምርጋጥ
84. ኢንዱስትራዊ ሓገዝ ምኽላእ
85. “ሓፈሻዊ ኣድማ” ነጋዶ

**ብወነንቲ ፋይናንስያዊ ምንጭታት ዝፍጸም**
86. ሕሳባት ባንክ ምስራዝ
87. ናይ ኣገልግሎት ክፍሊታት ዘይምኽፋል
88. ዕዳ ወይ ወለድ ዘይምኽፋል
89. ገንዘብን ለቓሕን ምኽላእ
90. ግብሪ ዘይምኽፋል
91. ገንዘብ መንግስቲ ዘይምኽፋል

**ብመንግስታት ዝፍጸም**
92. ዘቤታዊ እገዳ
93. ንነጋዶ ኣብ ጸሊም መዝገብ ምስፋር
94. እገዳ ኣህጉራውያን ነጋዶ
95. እገዳ ኣህጉራውያን ዓዳጎ
96. ኣህጉራዊ እገዳ ንግድ

**ኣገባባት ቁጠባዊ ሕንገዳ፡ (2) ኣድማ**

**ተምሳላዊ ኣድማ**
97. ናይ ተቓውሞ ኣድማ
98. ቅጽበታዊ ርሕንጠ (በርቃዊ ኣድማ)

**ሕርሻዊ ኣድማ**

99. ኣድማ ሓረስቶት
100. ኣድማ ሰራሕተኛታት ሕርሻ

**ኣድማ ብፍሉያት ጉጅለታት**

101. ኣድማ ሽቃሎ
102. ኣድማ እሱራት
103. ኣድማ ክኢላታት
104. ኣድማ ሰብ ሞያ

**ተራ ኢንዱስትራያዊ ኣድማ**

105. ኣድማ መሰረታት
106. ኢንዱስትራዊ ኣድማ
107. ተደናጋጺ ኣድማ

**ውሱን ኣድማ**

108. ዝርዝርራዊ ኣድማ
109. ደፋኢ ኣድማ
110. ገታኢ ኣድማ
111. ኣድማ ምጉታት ስራሕ
112. ሓሚመ-ጸሚመ
113. ኣድማ ብብዅራት
114. ውሱን ኣድማ
115. እተለለየ ኣድማ

**ብዝሐ-ኢንዱስትራዊ ኣድማ**

116. ኣሐፊሽካ ኣድማ
117. ሓፈሻዊ ኣድማ

**ውህድት ኣድማን ቁጠባዊ ዕጽዋን**

*118. ሃርታል* (ሓፈሻዊ ዕጽዋ)
119. ቁጠባዊ ዕጽዋ

**ኣገባባት ፖለቲካዊ ሕንገዳ**

**ነጸግታ መዚ**

120. ተማእዛዝነት ምኽላእ
121. ህዝባዊ ደገፍ ምኽላእ
122. ብመደረን ስነ-ጽሑፍን ተቓውሞ ምጉስጓስ

**ሕንገዳ ዜጋታት ኣንጻር መንግስቲ**

123. ትሕስምቲ ሓገግቲ ኣካላት
124. ትሕስምቲ ምርጫ
125. ትሕስምቲ መንግስታዊ መዝነትን ስራሕን
126. ትሕስምቲ መንግስታዊ ክፍልታት፣ ትካላትን ኣካላትን
127. ካብ መንግስታዊ ትምህርታዊ ትካላት ምንስሓብ
128. ትሕስምቲ ብመንግስቲ ዝድገፉ ትካላት
129. ምስ ፈጸምቲ ኣካላት ዘይምድግጋፍ
130. ምልክታትን ኣርማታትን ምልጋስ
131. ንዝተመመዙ ሰባት ዘይምቕባል

132. ንዘጸንሑ ትካላት ዘይምፍራስ

**ኣማራጽታት ንምእዛዛ ዜጋታት**

133. ዝሑልን ማእዳድን ምእዛዛ
134. ብንጹር ክሳብ ዘይተኣዘዝካ ዘይምምእዛዝ
135. ህዝባዊ ዘይተማእዛዝነት
136. ጕልቡብ ምእዛዛ
137. ኣኼባ ወይ ጉጅላውነት ንኽብተን ዝወሃብ መምርሒ ዘይምትግባር
138. ምርያዕ
139. ሕንገዳ ንዕስክርናን ጥርዝያን
140. ምሕባእ፣ ምህዳምን ናይ ሓሶት መንነት ምግላጽን
141. በርጌሳዊ ዘይተማእዛዝነት "ንዘይቅቡል" ሕግታት

**ብሰራሕተኛታት መንግስቲ ዝፍጸም**

142. እተለለየ ዘይምድግጋፍ ብሰራሕተኛታት መንግስቲ
143. መስመራት ሓበሬታን ትእዛዝን ምልኳኽ
144. ምዕንቃጽን ምጕታትን
145. ሓፈሻዊ ምምሕዳራዊ ሕንገዳ
146. ፍርዳዊ ሕንገዳ
147. ብፈጸምቲ ኣካላት ደይ-መደይ ኢ.ልካ ዝግበር ናይ ምጕታትን ሕንገዳን ተግባር
148. ናዕቢ

**ዘቤታዊ መንግስታዊ ተግባር**

149. ሓውሲ-ሕጋዊ ጕስያን ምድንጓይን
150. ሕንገዳ ብቐወምቲ መንግስታዊ ኣሃዱታት

**ኣህጉራዊ መንግስታዊ ተግባር**

151. ለውጢ ኣብ ዲፕሎማስያውን ካልእን ውክልናታት
152. ዲፕሎማስያዊ ኣጋጣምታት ምድንጓይን ምስራዝን
153. ዲፕሎማስያዊ ተፈላጥነት ምንስሓብ
154. ዲፕሎማስያዊ ርክብ ምብታኽ
155. ካብ ኣህጉራዊ ውድባት ምንስሓብ
156. ኣብ ኣህጉራዊ ውድባት ኣባልነት ምኽልካል
157. ካብ ኣህጉራዊ ውድባት ምግላፍ

**ኣገባባት ዘይጎነጻዊ ግብራዊ-ተበግሶ**

**ስነ-ኣእምሮኣዊ ግብራዊ-ተበግሶ**

158. ነብሰ-ምቅላዕ ንባእታት
159. ጾም

(ሀ) ጾም ሞራላዊ ጸቕጢ
(ለ) ናይ መግቢ ምሕሳም ኣድማ
(ሐ) ሳትያግራሃዊ ጾም

160. ምግልባጥ ፍርዲ
161. ዘይጎነጻዊ ምብስባስ

**ኣካላዊ ግብራዊ-ተበግሶ**

162. ምርያዕ
163. ዘዘው ምባል
164. ምውጣሕ
165. ምንፍሓኹ

166. ሆጭ ምባል
167. ምጽላት
168. ዘይኅነጻዊ ተርግእ
169. ዘይኅነጻዊ ተርግእ ብኣየር
170. ዘይኅነጻዊ ህጁም
171. ዘይኅነጻዊ ኵልፈት
172. ዘይኅነጻዊ ምጕታት
173. ዘይኅነጻዊ ኅበጣ

**ማሕበራዊ ግብራዊ-ተበግሶ**

174. ሓደስቲ ማሕበራዊ ኣገባባት ምምስራት
175. ኣብ መሳለጥያትት ጻዕቂ ስራሕ ምፍጣር
176. ምኽናብ
177. ምልፍላፍ
178. ተዋስኦ ደባይ ኵናት
179. ኣማራጺ ማሕበራዊ ትካላት
180. ኣማራጺ ስርዓተ-ርክብ

**ቁጠባዊ ግብራዊ-ተበግሶ**

181. ምግልባጥ ተቓውሞ
182. ኣብ ኣድማ ምጽናሕ
183. ዘይኅነጻዊ ኅበጣ መሬት
184. ብኽርደና ዘይምጽዓድ
185. ትምየና ብፖለቲካዊ ድርኺት
186. ኅሳዪ ዕድጊ
187. ንንብረት ምምንዛዕ
188. ምጕሓፍ፣ ብሕሱር ዋጋ ምሻጥ
189. መሚኻ ምድጋፍ
190. ኣማራጺ ዕዳጋታት
191. ኣማራጺ ስርዓተ-መጎዓዝያ
192. ኣማራጺ ቁጠባዊ ትካላት

**ፖለቲካዊ ግብራዊ-ተበግሶ**

193. ኣብ ምምሕዳራዊ ስርዓታት ጻዕቂ ስራሕ ምፍጣር
194. መንነት ምስጢራውያን ሰለይቲ ምቅላዕ
195. ክትእሰር ምድላይ
196. በርጌሳዊ ዘይተማእዛዝነት “ንዝሁም” ሕግታት
197. ብዘይምትሕብባር ምስራሕ
198. ድርብ ልኡላውነትን ተማዓዳዊ መንግስትን

# *ብዛዕባ ኤርትራዊ ምንቅስቃስ ንዲሞክራሲን ሰብኣዊ መሰላትን (ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ.)*

*ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ብዝቕመጡ ኤርትራውያን ዝተመስረተ ናጻ ዘይጎነጻዊ ሲቪካዊ ምንቅስቓስ እዩ። እዚ ምንቅስቓስ እዚ ኣብ ታሕሳስ 2003 ዝተወጠነ ኮይኑ፡ ኣብ መስከረም 15 2004 ድማ ብወግዒ ኣብ መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ተመዝጊቡ ዕላማታቱን ስራሓቱን ዘነጣጥፍ ዘሎ ምንቅስቓስ እዩ። ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ. ብዘይጎነጻዊ ኣገባብ ንመሰረታዊ ክብሩ፡ ናጽነቱን መሰላቱን ብብቕዓት ዝዕቅብን ዝከላኸልን፡ ንቑሕን ሓያልን ሕብረተሰብ ኣብ ኤርትራ ንምህናጽ ይጽዕት።*

*ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ. ኣብ ሓደ ሃገር፡ ውሑስን ቀጻልነት ዘለዎን ፍትሒ፡ ምዕባለን ዲሞክራሲን ዝረጋገጽ ዲሞክራስያዊ ስርዓተ-ምሕደራ ምስዝህሉ ይኸውን ኢሉ ይኣምን። ናይ ቀረባ ኣካዳምያዊ መጽናዕትታት ከምዘረጋገጽዎ ከኣ ባህሪ፡ ኣተሓሳስባን ልምድን ዜጋታት፡ ንዲሞክራስያዊ ስርዓተ-ምሕደራ ናይ ሓንቲ ሃገር ህያው፣ ውሑስን ጽኑዕን ካብ ዝገብሩ ኣገደስቲ ዓንድታት እዮም።*

*ዜጋታት ኣብ መዓልታዊ ንጥፈታቶም ናይ ሰብኣዊ መሰላትን ዲሞክራስያዊ መትከላትን ባህልን ኣተሓሳስባን ዝድግፉን ዘንጸባርቑን ንጥፈታት ብምክያድ፡ ኣብታ ሃገር መሰረታዊ ሰብኣዊ ክብርን ናጽነትን ከምዝኸበሩ ይገብሩ። ከምዚ ብምግባር ከኣ ኣብታ ሃገር ዲሞክራስያዊ ስርዓተ-ምሕደራ ክሃንጹ፡ ከሰስንዎን ከቖጽልዎን ይኽእሉ። ከምዚ ምስ ዘየተግብሩ ግን፡ ግዳያት ምግሃስ መሰረታዊ ሰብኣዊ ክብሮምን ናጽነቶምን ይኾኑ። ምልክን ዘይፍትሓውነትን ከኣ ብቐሊሉ ኣብታ ሃገር የስፋሕፍሕ። ስለዚ፡ ኣብ ማሕበራዊ፡ ቁጠባውን ፖለቲካውን ምዕባለታት ሓንቲ ሃገር፡ ዜጋታት እቲ ዝለዓለ ተራ ከምዘለዎም ንምርድኡ ኣየጸግምን።*

*ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ሓቂ ብምብጋስ፡ ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ. ኣብ ኤርትራ ውሑስን ቀጻልነት ዘለዎን ፍትሒ፡ ምዕባለን ዲሞክራስን ዝረጋገጽ፡ ዜጋታት ንኣምር ሰብኣዊ መሰላትን ዲሞክራሲያዊ መትከላትን ብዕምቆት ተረዲኦም ክሰርሕሉ ምስዝኽእሉ ይኸውን ኢሉ ይኣምን። ዜጋታት ነዞም ኣምራት ብዝተፈላለዩ ንጥፈታት፡ ባህርያት፡ ልምድታትን ኣተሓሰስባታትን ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ከትግብርዎም ይኽእሉ። ኣብ ንሓድሕድ ተጻዋርነት፡ ገዛእ ርእሰኻ ምግላጽ፡ ውሳነ ናይ ምሕላፍ ልምዲ፡ ስልጣን ናይ ምምቕራሕ ድሌት፡ ንጉዳያት ብኣትኩሮን ዕሙቕ ኢልካን ናይ ምዕዛብ ክእለት፡ ግላዊ ሓላፍነት ናይ ምስካም ልምዲ፡ መሪሕ ተራ ናይ ምጽዋት ድሌት፡ ሓሳብካ ናይ ምግላጽ ልምዲ፡ ማሕበራዊ ርክባት ናይ ምፍጣርን ማሕበራዊ ሓላፍነት ናይ ምውሳድን ባህልታት ገለ ካብቶም ንጥፈታት፡ ልምድታትን ባህርያትን እዮም። ዜጋታት ነዞም*

*ልምድታትን ባህልታትን ከማዕብልዎምን ክሰርሕሎምን ዝኽእሉ፡ እቲ ብፈጣሪ ዝተዋህቦም ናይ ምዝራብን ምምራጽን ናጽነታት፡ ብዘይ ገለ ጸቕጢ ክጥቀሙሎም ዘኽእሎም ሃዋሁ ምስዝህሉ እዩ።*

*እምበኣርከስ ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ፡ ዜጋታት ነዞም መሰረታውያን ናጽነታት ንኽጥቀሙሎምን ክሰርሑሎምን ጥጡሕ ባይታ ንምፍጣር ይጽዕት። ከም ቲ ኣብ ተልእኾ ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ ተጠቒሱ ዝርከብ ከኣ እቲ ዝፍጠር ባይታ ንኣምራት ሰብኣዊ መሰላትን ዲሞክራስያዊ መትከላትን ንምዕዛዝ ኮይኑ፡ ብመገዲ ህዝባዊ ምንቕቓሕ፡ ትምህርታዊ ጎስጓሳትን፡ ጥብቅናን የተግብሮ። እቲ ጻዕሪ ከኣ ነዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ባህርያት፡ ልምድታትን ኣረኣእያታትን ዘንጸባርቕን፡ ንመሰረታዊ ሰብኣዊ ክብሩን ናጽነቱን ዝዕቅብን ዝከላኸልን፡ ንዲሞክራስያዊ ስርዓተ-ምሕደራ ዘጽንዕን ዘውሕስን፡ ሓላፍነታውን ሕብረተሰብ ኣብ ኤርትራ ንምህናጽ እዩ።*

*ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ.፡ ኣብ መስርሕ ምህናጽ ንቑሕን ሓላፍነታውን ሕብረተሰብ ዘካይዶም ንጥፈታት ናብ ዘይተደልየ ሕንፍሽፍሽ፡ ፋሉልነት፡ ዘይቅዋማውነትን ምግሃስ ናይ ካልኦት ሰብኣዊ ክብርን መሰላትን ከይሸሙ ብልዑል ጻዕርን ተገዳስነትን ከይሰልከየ ይሰርሕ። ዝኾነ ይኹን ሃጓፋት ንኸይፍጠር ከኣ ኤ.ም.ዲ.ሰ.መ. ብኣዝዩ ውሕሉልን ዝተጸንዐን ትምህርታዊ ጎስጓሳዊ ስርሓት እንዳገበረ፡ ኩሉ ዜጋ ናብ ሰላም፡ ፍትሒ፡ ክብርን ብልጽግናን ንኽሰርሕን ክግስግስን የተባብዕ። እዚ መጽሓፍ እዚ ከኣ ነዚ ኩሉ ኣብ ግምት የእትዩ ብጻዕርን መጽናዕትን ናይ ኣባላት ምንቅስቓስን ካልኦት ብዙሓት ግድሳት ኤርትራውያን ዜጋታትን ዝተዳለወ ሰነድ እዩ።*

# ዛዛሚ ሓሳባት

ንምጭባጥ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ዝካየድ ህዝባዊ ዘይጎነጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ፍሉይ ዓቕሚ ሰብን ክእለትን ዘድልዮ ኮይኑ ክውሰድ ኣይግባእን። የግዳስ ኩሉ ኣባል ሕብረተሰብ ጾታ፣ ዕድመ፣ ሃይማኖትን ዓሌትን ብዘይፈሊ ብቐሊሉ ክርድኦን ክተግብሮን ዝኽእል ኣገባብ ቃልሲ ምዃኑ ክንርዳእ የድሊ። ብዕሙቕ ዝበለ ኣገባብ ክንርድኦ ዝግባእ ነጥቢ እንተሃልዩ፡ እቲ ናይ ዜጋታት መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ ስርዓተ-ምሕደራ፡ ብዘይ ናይ ህዝቢ ምእዙዝነትን ምትሕብባርን ንሓንቲ ካልኢት'ውን ትኹን ህያው ክኸውን ከምዘይክእል እዩ። እቲ ሕብረተሰብ ኣብ ሓደ ሓሳባትን ርዲኢትን ተጠርኒፉ ብዘይጎነጻዊ ኣገባብ ንምንጭታት ሓይልን ስልጣንን ናይቲ ስርዓተ-ምሕደራ ክንገትኦ እንተኽኢሉ፡ ኣካየድቲ እቲ ስርዓት ተቐሲቦም ናይ ህዝቢ ዊንታን ድሌትን ከማልኡ ይግደዱ። ብኸምዚ ኣገባብ ድማ ሰብኣዊ መሰል፣ ክብርን ናጽነትን ኣብ ሓጺር ግዜ ክረጋገጽ ይኽእል።

ልክዕ'ዩ ህዝቢ ኤርትራ ደላይ ሰላምን ኣኽባሪ ስርዓተ-ሕግን እኳ እንተኾነ፡ ማዕረ'ዚ ድማ ሰላም፣ ፍትሕን ዲሞክራሲን ንምጭባጥ ኣንጻር ምግሃስ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰልን ናጽነትን ዝቃለስ ተባዕ ህዝቢ ምዃኑ ኣብ ታሪኹ ዘመስከረ እዩ። ኣብዚ እዋን እዚ'ውን እንተኾነ፡ ብዘይጎነጻዊ ኣገባብ መሰረታዊ መሰሉን ናጽነቱን ንምርግጋጽ ነፍስ-ወከፍ ኤርትራዊ ቃልሱ ኣብ ምብርካት ይርከብ። ኣብ ራብዓይ ምዕራፍ ናይዚ ጽሑፍ ሰፊሩ ከምዘሎ፡ እቶም ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ ብህዝቢ ኤርትራ ክትግበሩ ዝጸንሑ ዘይጎነጻዊ ሕንጋደታትን ኣብያታትን ህያው ምስክር እዮም። ካብዚ መጽሓፍ ክርከብ ዝኽእል ፍልይ ዝበለ ሓሰባት እንተሃልዩ፡ ኣድላይነት ሓያልን ንጹር ስትራተጂ ዘሰነዮን ውዳበ ህዝቢ ኣገዳሲ ረቛሒ ንምዕዋትን ምውሓስን ናይ ዜጋታት ሰብኣዊ መሰልን ናጽነትን ምዃኑ ጥራይ እዩ።